ካብ ሪቕ - ሕፍንቲ

ፖለቲካዊ ተዘክሮታተይ ካብ
መፋርቕ '50ታት ክሳብ ፈለማ '80ታት

ተኪኤ በየነ

ሕትመት ሕድሪ
አስመራ 2009

ምዕራፍ 1

ኣድማ መንእሰያት

ኣብ መወዳእታ 50ታት ተመሃሮ ናይ ክረምቲ ዕረፍቲ ኣብ ዝነበርናሉ ግዜ ኣነን ኣዕሩኽተይን፡ ነቲ ዝነበረ ኩነታት ፖለቲካ ሃገርና ከም ኣርእስቲ ክንዝተየሉ ጀመርና'ሞ መዓልታዊ ዕላልና ንሱ ጥራይ ኮነ።

ሓሙሽተ ኢና ኔርና፡ ሻድሻይና ኣዚና እንፈትዎን ግዱስን ኰይኑ ንቐርቦ ዝነበርና ከኣ ትኩእ ይሕደነ ነይሩ። እቶም ሓሙሽተ ኣነ፡ ኣማኑኤል ተስፋጽዮን፡ ኣማኑኤል ገብረየሱስ፡ ነብያት ነጋሲን በርሀ ሃይለን ኢና። ኣነን ኣማኑኤል ተስፋጽዮንን ኣብ ቤት-ትምህርቲ ቀዳማዊ ሃይለስላሴ ዓሰርተ ሓደ ወዲእና ናብ ዓሰርተ ክልተ ዝሓለፍና ኢና። ኣማኑኤል ገብረየሱስ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ልዑል መኰንን ተመሃራይ ዓስራይ ክፍሊ ኢዩ፣ ነብያት ነጋሲ ኣብ ቤት-ማሕተም ወንጌላዊት ቤተ-ክርስትያን ሰራሕተኛ ኢዩ። በርሀ ሃይለ ግን ምሳና ኣብ ቤት-ትምህርቲ ቀዳማዊ ሃይለስላሴ ጀሚሩ፡ ብመነባብሮ ተጸጊሙ ገዲፉዎ። ኩልና ካብ መባእታ ጀሚርና ኣብ ገዛ ከኒሻ ብንእስነትና ንፋለጥ፡ ገሌና ከኣ ብሓባር ንመሃር ዝነበርና ኣዕሩኽ ኢና። ብፍላይ ኣነ፡ ነብያትን በርሀን ኣብ ወንጌላዊ ቤት-ትምህርቲ ንገለ ዓመታት ሓደርቲ ተመሃሮ ስለ ዝነበርና ከም ኣሕዋት ኢና ኔርና። ካብ ኩሉና ብዕድመ ዝንኣሰ ኣማኑኤል ገብረየሱስ ኢዩ። ይኹን'ምበር በሊሕን ውዑይን ስለ ዝነበረ ምሳና ጸንቢርናዮ። ኣማኑኤል ዳሕራይ ኣብ 60ታት ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ዩኒቨርስቲ፡ ካብቲ ደምበ ንኸይወጽእ ካብ ሓደ ፋካልቲ ናብ ሓደ ፋካልቲ እናቐየረ ሞኽ ዘበሎም ናዕበኛ ተመሃራይ ኢዩ ነይሩ። ቀጺሉ ምስቶም ነፋሪት ናብ ሰሜን ኣፍሪቃ ዝጨወዩ ኰይኑ፡ ብኡ ገይሩ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ተጸንቢሩ። ነዊሕ ከይጸንሐ ገዲፉዎም ከኣ፡ ንቃልስና ዘይድግፍ ናይ ገዛእ-ርእሱ እምነት ፖለቲካ ኣማዕቢሉ፡ ኣብ ኣህጉራውነት እየ ዝኣምን ኢሉ ናብ ስርዓት ደርግ ተጸንቢሩ። ቀጺሉ ናይ ስነ-ሓሳብ ሓላፊ ኰይኑ ምስ ዳዊት ወልደጊዮርጊስ ናብ ኣስመራ መጺኡ ክስርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ከም

እንደገና ንደርግ ራሕሪሑ ኣብ ኤውሮጳ ባሕትዩ ይነብር ኣሎ።

ኣነ ዓስራይ ክፍሊ ምስ ወዳእኩዋ ስለ ዝተመርዓኹ፡ ኣማኑኤል ተሰፋጽዮን፡ ነብያትን በርሀን ኣብ መርዓይ ዝዓርኹ ኢዮም። ብዘይካ እዚኦቶም መተዓብይተይ ጴጥሮስ ገብረገርጊስን፡ ተስፋይ መንግስቱን ግርማይ ኣፍወርቂን (ወዲ ቺፍ) ኣብ መርዓይ ዓሪኾም። ምስ ተመርዓኹ ትምህርተይ ቀጺለ። ብተወሳኺ፡ ኣነ፡ ኣማኑኤል ተሰፋጽዮንን ኣማኑኤል ገረሱስን ሰለስቴና፡ ወለድና ህሉዋት ኰይኖም ቅሩን መነባብሮ ነይሩና። ነብያት ነጋሲ ግን ክልቲኦም ወለዱ ብሕጻንነቱ ስለ ዝሞቱ፡ ኣብ መዕበያ ዘኻትም ደቦዚቶ ዓብዩ፡ ዳሕራይ ብገበርቲ ሰናይ ናባና ናብ ኣሕዳሪ ቤት-ትምህርቲ ምስ ገለ ብጾቱ መጸና። በርሀ ሃይለ ድማ ዘኽታም ኰይኑ፡ ካብ ሓደ እንዳ ሓወቡኡ ናብ ካልኣይ እንዳ ሓወቡኡ እናተወሰደ ይዓቢ ነይሩ። ደሓር ግን ኣብቲ ዝነበርናዮ ኣሕዳሪ ቤት-ትምህርቲ መጺኡ ብሰንከልክል ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ ወዲኡ። ኣዒንቱ ደቀቕቲ ስለ ዝነበራ ንስሙ "ማርኮ" (ደቂ ኣስመራ "ጨምጨም ኣዒንቲ" ንምባል ንጥቀመሉ) ትብል ሳጓ ተኪኣቶ፣ ብኣኣ ዝጽዋዕ ዝነበረ ኩሉ ዝፈትዎ መንእሰይ ኢዩ ነይሩ።

ኣብ ክረምቲ 1960 ዘተኰርናላ ዕላል፡ ኣብቲ ሽዑ ዝነበረ ህሉው ኩነታት ፖለቲካ ኤርትራ ንኤርትራውያን ከምኡ'ውን ኣንጻሩ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ዝብልን ዝነበረ ረጽሚ ኢዩ። መንግስቲ ሃይለስላሴ "መንግስቲ ኤርትራ" ዝብል ዝነበረ ትካላዊ ኣሰራርሓ፡ ማሕተምን ስምን ንምስራዝ፡ ብወኪሉ እንዳርጋቸው መሳይ ኣቢሉ፡ ብምፍርራሕን ምድላልን፡ ደገፍቲ ናብ ስልጣን ብምድያብ፡ ንተጻባእቲ ከኣ ብምእሳርን ካብ ስልጣን ብምብራርን ከይተሓለለ ይሰርሕ ነይሩ። ሽዑ ቁጠባና ተረሚሱ፡ ሽቕለት ኣልቦነት ኣብ ዝለዓለ ጫፉ በጺሑ፡ ተመሃሮ ከኣ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ በጺሖም፡ ብዘይካ ቁንጣሮ ናብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ-ኣበባ ዝሓለፉ እቶም ዝተረፉ ዝበዝሑ ስራሕ ተሳኢኑ ፈቖዶ እንዳ ሻሂ ዝውዕሉሉ ዝነበረ እዋን ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ንሕና ከም ኩሉ ግዱስ ዜጋ፡ እንታይ ንግበር ብምባል ንትኩእ ኣማኺርናዮ፡ ናብ ቤት-ጊዮርጊስ ሒዙና ከይዱ። ድሕሪ ብዙሕ ዕላል ከኣ ናይ ኩላትና ሓሳባት ተጸሚቑ ብኣላይነት ትኩእ ይሕደነ ኣብ መደምደምታ በጺሕና። ንሱ ከኣ ሓደ ዓቢ ሰላማዊ ሰልፊ ወዲብና ኣብ ከተማ ናይ ህዝቢ ምልዕዓላት ክንፈጥር ኢዩ።

ትኩእ ይሕደነ ብሓደ ወይ ክልተ ክፍሊ ልዕሌና ይኹን'ምበር ካብ መባእታ 1955 ካብ ወንጌላዊት ቤት-ትምህርቲ ጀሚርና ክሳብ ካልኣይ

ደረጃ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ቀዳማዊ ሃይለስላሴ ኢና እንፈልጦ። ንፈልጦ ጥራይ ዘይኰነ፡ ትኩእ ብሓይሉን ለውሃቱን ኣርሒቑ ዝጥምትን ዝመክርን፣ ካብ ሽዑ ጀሚሩ ብኹነታት ኤርትራ ዘስቆርቆር፡ ኣንጸርጺሩ ክተሃራረም ከሎ ንሕስያ ዘይብሉ፡ ቀላጽሙ ደናግሉን ደንደላ ዝመስል ተባዕ ስለ ዝነበረ ነምልኾ ኔርና።

እቲ ትኩእ ዝደገፎን ዝኣለዮን እማመ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ንኣተገባብራኡ ንመዓልታት ዘቲናሉ። ርክብና ፋሕ ኢልና በብሓደ ወይ በብኽልተ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ኣብ ቤት-ጊዮርጊስ እናተራኸብና ኢና ንሰርዖን ንምድቦን ኔርና። እቲ መደብ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ባሕቲ መስከረም 1959 ንጽብሒቱ ንግሆ ኸሰው፡ ክሳብ ሽዑ ግን እዞም ሓሙሽተ መሓዙት በብወገንና ንኣምኖም መሳቲና በብሓደ እናነገርና ክንዳሉ'ምም፡ ነፍሲ-ወከፍ ዝተነግረ ከኣ ነናቱ እሙናት እናነገረ እቲ ሰንሰለት ክሰፍሕ ተወሰነ። እቲ ጉዳይ ኣብ ጸጥታ በጺሑ ኽሽይንፈሽል ግን ኣዝዩ ጥንቃቐን ምስጢራውነትን ዝሓትት ምኽኑ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዝፈለጠ መንእሰይ ከግንዘቦ ትኩእ ተላብዩና።

ክሳብ ሽዑ እቶም ሓሙሽተ ናይ ስራሕ ምክፍፋል ብምግባር፡ ሓደ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ሕራይ ዝበለ መንእሰይ ክከም ዓቕሙ ካብ ዓሰርተ ሳንቲም ንላዕሊ ገንዘብ ከዋጽእ መደብና።

ቀዳማይ እቶም ዝንገሩ ሰባት ካብቲ ቀዳማይ ዝተነግረ ሰብ ብሰንሰለት ክንደይ ሰብ ፈሊጦም ኣለዉ ጸብጻብ ኣስማት ዘይኰነ፡ ቁጽሪ ጥራይ ክሕዙ ተገብረ።

ቀጺልና ብዛዕባ'ቲ መደብ ኣብ ከተማ ይስማዕ ኣሎ'ዶ ወይስ ብምስጢር ተታሒዙ ንምፍላጥ ገለ መንእሰያት ኣብ ፈቖዶ እንዳ ሻሂ ኣእዛኖም እናጸለዉ ዝሰምዑ ተመደቡ። እዚ ዝገበርና ከኣ እንተ ደኣ እቲ ጉዳይ ፈቖዶኡ ዝዕለሉ ሃልዩ፡ ሓለዋ ጸጥታ ክሰምዑዎ ናይ ግድን ስለ ዝኾነ ኸሽይንፈሽል ኢዩ ነይሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንጉዳይ ኤርትራ ዝምልከት ሰነዳትን ጽሑፋት ጋዜጣታትን፡ ብፍላይ ከኣ ባይቶ ኤርትራ ዘጽደቖ ቅዋምን ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጸደቐ ፈደራላዊ ድንክልን ዝኣከብናዮ ሰነዳት ጠራኒፉ ዝጥርዝን ዝሰርዕን ሰብ ፈለና። ንዓይ ዝበጽሓትኒ ዕማም፡ እቲ ዝተጠርነፈ ሰነዳት እናንበብኩ፡ ካብኡ ጭርሖታት ኣብ ወረቐት ምጽሓፍ ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ማርከር ዝብሃል ከም ናይ ሎሚ ምዕቡል መጽሓፊ ቀለም ኣይነበረን። ቀለም ገዚእካ ብመስኣሊ ብራሽ ወይ ብመወጽ፡ ኣብ ተረፍ መረፍ ወረቓቕቲ ቤት-ማሕተም ኢዩ

ዝጸሓፍ ነይሩ። ብተወሳኺ ብመጠኑ ስእሊ እፈቱ ስለ ዝነበርኩ፣ ካርታ ኤርትራ ከኣ ተዓሚትና ንስእላ ስለ ዝነበርና፣ ሓንቲ ዓባይ ካርታ ኤርትራ ስኢለ፣ "ኤርትራ ሃገርና ንሓዝነልኪ ኣለና" ዝብል ጭርሖ ጸሓፍኩላ። ከምኡ'ውን በዓል ኣቶ ወልድኣብ ወልደማርያም ምስ ብጾቶም ዘዳልዉዋ ዝነበሩ ጋዜጣ ደሃይ ኤርትራ ዳርጋ ኩለን ካብ ገዛውቲናን ፈቐዶኡን ኣኪብና፣ ነብያት ነጋሲ ኣብ ቤት-ማሕተሙ ተሪር ገበር ገይሩ ጠረዞ። ክልቲኤን ከም ሰነዳት ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ "ኣጂፕ" ክሳብ ደርግ ስልጣን ዝሕዝ ተዓቂበን ከም ዝነበራ ድማ ዳሕራይ ሓበሬታ ነይሩኒ። ብዝኾነ ከምዚ እናበልና ምሉእ ክረምቲ ብስቱር ሰራሕና።

ዕለት ሰላማዊ ሰልፊ ብኣቶጻጽራ ግእዝ ጽባሕ ባሕቲ መስከረም ክትከውን ኢያ ተመሪጻ። ምኽንያቱ ድማ ኣብ 1952 ቀዳማይ ምርጫ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ተገይሩ ነይሩ። ንሕና ዝነበረና እምነት፣ ነፍሲ-ወከፍ ባይቶ ንኣርባዕተ ዓመት ኣገልጊሉ፣ ካልእ ምርጫ ይግበር፣ ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ከኣ ከም እንደገና ይድገም። ብናይ ው.ሕ.ሃ. ድንክል መሰረት፣ ኤርትራ ካብ ዑቕባ መንግስቲ እንግሊዝ ወጺኣ፣ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቁረን ምስ ተበየነላ፣ ዕድመ ፌደረሽን ዓሰርተ ዓመት ጥራይ ኢዩ። ንሱ ምስ ኣኸለ ወግዓዊ ረፈረንዱም ተገይሩ፣ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነት ድዩ ዝመርጽ ወይስ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ባዕሉ ዕድሉ ክውስን ኣለዎ ዝብል'ዩ እምነትና። እቲ ከምኡ ዝብል እምነት ካበይ ኢና ኣምጺእናዮ ኣይፈልጥን። ጀኹን'ምበር መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኤርትራ ጠቕሊሉ ንምሕዋሳ፣ ኣቐዲሙ ትካላት፣ ቅርጺን ስምን መንግስቲ ኤርትራ እናሸራረፈ፣ ሰበ-ስልጣንን ህዝቢን እናፈራርሐ፣ ቁጠባ እናረመሰ፣ ዝሰምዑ ዝብሃሉ ሰባት እናደለለ፣ ሕሉፍ ሓሊፉ ናብ ባይቶ ዝምረጹ ኣባላት ፈራሓትን ተደለልቲን ባዕሉ እናምረጸ ናብ ሳልሳይ ምርጫ ባይቶ በጺሑና። ክልተ ነናይ ኣርባዕተ ዓመት ወዲእና ስለ ዝነበርና እቲ ሳልሳይ ባይቶ ዕድመኡ ንኽልተ ዓመት ጥራይ ኢዩ ኢልና ኢና ንኣምን ኔርና። እዚ ሳልሳይ ባይቶ'ዚ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ወሳኒ ተራ ዝጻወተሉ ብምዃኑ፣ እቶም ሸውኡ ዝተመርጹ መብዛሕትኦም ብጸቕጢ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተመርጹ ኢዮም።

ኣብቲ እዋን'ቲ ቢትወደድ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል፣ ናይ ሽዑ መራሕ መንግስቲ ኤርትራ፣ ኮሎኔል ተድላ ዑቕቢት ከኣ ናይ ሽዑ ፖሊስን ሰራዊትን ኮምሽነር፣ ተሓለቕቲ ንጉስ ሃይለስላሴ ኰይኖም ዝተጻወቱዎ ተራ ቀሊል ኣይነበረን።

ብዝኾነ እቲ ሳልሳይ ምርጫ ባይቶ ተፈጺሙ፣ ባይቶ ኣብ ቀዳማይ ስሩዕ ዋዕላኡ፣ መራሕ መንግስቲ ዝመርጸሉ ድሕሪ ቅዱስ ዮሃንስ ዘላ መዓልቲ ኢያ ነይራ። ስለዚ፣ ንሕና እቲ ዝወደብናዮ ዓቢ ሰላማዊ ሰልፊ ንግሆ ሰዓት ትሽዓተ ኣብ ኣፍደገ ህንጻ ባይቶ ኤርትራ ንምዕግርጋር ኢዩ እቲ ዕላማ። እታ መዓልቲ ከኣ በዚ ምኽንያት'ዚ ኢያ ተመሪጻ።

ነዚ መደብ'ዚ ክንውድብ ብስቱር ዓዴና ንሰላማዊ ሰልፊ ዓሰርተ መዓልቲ ኣቢሉ ምስ ተረፎ፣ ስለምንታይ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ኣስመራ ጥራይ ዝብል ሕቶ ሓደ ካባና ኣልዒሉ። "ሓቂ'ዩ ስለዚ ንዘትየላ" ብምባል ንትኩእ ኣማኺርና እንተ ወሓደ ኣብተን ዝዓበያ ከተማታት መንደፈራ፣ ዓዲ-ቐይሕ፣ ባጽዕ፣ ከረንን ኣቑርደትን በታ ዝመደብናያ መዓልቲን ሰዓትን፣ ኣብኣተን ከኣ ሰላማዊ ሰልፊ ክግበር ወሰንና። ነተን ከተማታት ዝውክል ወዲ ዓዲ ብኸመይ ንረክብ ዝብል ሕቶ ግን ሓርበተና። ናይ መንደፈራ መን ምዃኑ ዘይዝክሮ ተረኺቡ፣ ናይ ከረን'ውን ከም ዝመስለኒ ብመገዲ ትኩእ ድዩ ወይስ ብመገዲ ተኸላይ እድሓኖም ተሓቢሩዎ ዝመጸ ይመስለኒ፣ ሓደ ሰብ ረኺብና። እቲ ሰብ'ቲ ክርስያ ዘይክእል ጠብላሕታ'ዩ ገዲፉለይ። ቀጸራ ተገይሩሉ ኣስመራ መጺኡ ኣብ ቤት-ሻሂ እንዳ ጸጋይ ካሕሳይ ተራኺና። ጸጋይ ሓንቲ ስትርቲ ክፍሊ ነይራቶ። ሓሙሽቴና ከኣ ነዚ ካብ ከረን ዝመጸ ኮፍ ኢልና ተላሊናዮ። ሀዳእ፣ ድምጹ ሕርፍፍ ዝበለ፣ ኣብ ክልተ መዓንጉርቱ ንእሽቱ ከክልተ ግርናብ ዓይኒ ዝመስላ ጥባሕ ዘሎዎ፣ ዋላ እታ ተኸዲንዋ ዝነበረ ሓጺን መላጉም ዝነበራ ሰማያዊት ጃባ ፈጺመ ኣይርስዓን።

መደብና ዘርዚርና ክንነግሮ ከለና ጽን ኢሉ ሰሚዑና። ብድሕሪኡ ሕስብ ኣቢሉ ገለ ገለ ሕቶታት ሓቲቱ ምስ መለስናሉ፤

"በሉ! ሓሳባትኩም ተረዲኡኒ ኣሎ፣ ደኹን'ምበር መደብኩም ቀጻልነት ዘለዎ ኣይመስለንን። ሰላማዊ ሰልፊ ጌርኩም ንህዝቢ ኣለዓዒልኩም ብድሕሪኡ ክትእሰሩ ኢኹም። ብግቡእ ንዘላቒ ምንቅስቓስ ዝተወደበ ስለ ዘይኮነ ከኣ ብድሕሬኹም ዘንቀሳቕሶ የብሉን። ሕጂ ግን ቅድሚ ሓደ ነገር ምጥቃስይ፣ እቲ ዝነግረኩም ከኣ ኣዝዩ ምስጢራዊ ጉዳይ ስለ ዝኾነ፣ ጽባሕ ንግሆ ገለ ካጣትኩም ነቲ ምስጢር ከይተንፍሱዎ ክትምሕሉለይ እደሊ ኣለኹ፣" ብምባል ሓንቲ ንእሽቶ መጽሓፍ ካብ ጁባኡ ኣውጽአ።

“እዚኣ ቁርዓን ኢያ። ንሸኻትኩም ከአ እኹላት ሰባት ብመጠኑ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝወዳእኩም ስለ ዝኾንኩም፡ ቁርዓን ካብ ናይ ክርስትና መጽሓፍ ቅዱስ ዝፍለ ከም ዘይኰነ ትፈልጡ ኢኹም። ኣብ መንፈኹም ኣብ ምስልምና ሃይማኖት እትኣምኑ እንተ'ለኹም ከአ ዝበለጸ። ብዝኾነ ብቁርዓን ምምሓልን ብመጽሓፍ ወንጌል ምምሓልን ፍልልይ ስለ ዘይብሉ፡ ኢድኩም ኣብ ልዕሊኣ ኣምቢርኩም ምሓሉ፡” ኢሉና።

ኩልና ዘይተጸበናዮ ድቦላ ኲይኑና ሰንቢድና፡ ኣዒንትና ኣፍጢጥና ጠሚትናዮ። ንሓድሕድና ተጠማሚትና ቃል ከነውጽእ ግን ኣይከኣልናን። ብዘይ ዘረባ ሓሙሽቴና ኣእዳውና ኣብታ ሒዙዋ ዝነበረ ቁርዓን ኣቐሚጥና፡ “ግዲ የብልካን” ዝስምዕ ኣራእስና ጥራይ ነቕንቕናሉ። ነታ ቁርዓን ኣብ ጠረጴዛ ኣቐሚጡ ኩልና ናብአ ከም እንጥምትን ከም እንሰምዖን ከም ዝደለየ ገይሩ ከአ፤

“በሉ ንሕና ከረንን ኣቑርዳትን ምሳኹም ሰላማዊ ሰልፊ ኣይንገብርን ኢና። ምኽንያቱ ሓደ ኣዝዩ ዓቢ ነገር ተወጢኑ ስለ ዘሎ፡ ምሳኹም እንተ ተሳቲፍና፡ እቲ ጉዳይ ክፈሸለና ይኽእል'ዩ። እቲ ጉዳይ እንታይ ምዃኑ ሕጂ ክነግረኩም ኣይክእልን እየ። መዓልቱ ግን ቀረባ ኢዩ፡ ግዜኡ ምስ ኣኸለ ከአ ንሸኻትኩም ይኹን ካልኦት ኤርትራውያን ካብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና ክትሳተፉዎ ምዃንኩም ሕጂ ኣረጋግጸልኩም። ስለዚ ወጢንኩሞ ዘለኹም መደብ ኣይተቛርጽዎ፡ መጕሃሃሪ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ክትእሰሩ ምዃንኩም ባዕላትኩም'ውን ትፈልጡ ኢኹም፡ ግን ኣይትፍርሑ። ስለዚ ከብጽሓልኩም ዝተለኣኽኩዎ መልእኽቲ እዚ ኢዩ፡” ኢሉ ደምደመ።

እቲ ጉዳይ መሊሱ ከቢዱና፡ እንታይ ኢዩ ዝብል ዘሎ፡ እንታይ ኢዩ እቲ ተወጢኑ ዘሎ ፈጺሙ ክርድኣና ኣይከኣለን። ብዝኾነ ንዕኡ ኣመስጊንናዮ ሽው-ሽው ኣውቶቡስ ተሰቒሉ ንከረን ከም ዝምለስ ተፋንዩና ተሸርበ። እቲ ሰብ'ቲ ዑመር ሓጂ እድሪስ ይብሃል።

እቲ ዝወጠኑዎ መደብ ንምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ድዩ ነይሩ ወይስ ምንቅስቓስ ሓራካ፡ ዓመታት ምስ ሓለፈ ዳሕራይ ኣብ ትንተና ኣቲና'ምበር ሽዑኡ ኣይገምገምናዮን።

ምስ ኣፋናናዮ ግን ኣብ መንጎና ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ኢዩ ዝኸውን ብምባል ርሱን ክትዕ ኣካይድና። ከምኡ ኢዩ ዝኸውን ክንብል ዘየድፈረና ግን፡ ብዝነበረ ደረጃ ኣእምሮና፡ ጠበንጃን ጥይትን ካበይ ክመጽእ፡ እቲ በረኻ ዝኸይድ መንእሰይ ኣበይን ብኸመይ ክነብር መን

ክቕልቦ… ዝብል ኢዩ። ንትኩእ ምስ ነገርናዮ ከአ ዝገደደ፡ ፍሽኽ ኢሉ ገዲፉና ከደ።

ስራሕና ጽቡቕ እናቐጸልና ሳልስቲ ቅድሚ'ታ መዓልቲ፡ ትኩእ ዘለዎ ኣብ ቤት-ጊዮርጊስ ዕቱብ ኣኼባ ገርና። እቲ ናይ ሽዱሽተና ኣኼባ ነዊሕ ወሲዱ።

ዛዕባና ከአ መበገሲ ቆጸራ ኣበይን ሰዓት ክንደይን፡ ኣብ ከተማ በየን ጐደናታት ሓሊፍና ኣብ ህንጻ ባይቶ ንብጻሕ፡ ሰዓት ክንደይ ክንብገስ ክንደይ ግዜኸ ክወስደልና ኢዩ ዝብል ነበረ።

ትኩእ ሽሑ ሕቶታትናን ክትዓትናን መልሲ ነይሩዎ። ንፉዕ ኣላዪ፡ ተዛራቢ ዘእምን፡ ነምልኸ ከአ ስለ ዝነበርና ጽቡቕ ዛዚምና። እቲ መደብ ከአ ብሓጺሩ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ ነይሩ።

ሓንቲ ደብዳቤ ናብ ኩሎም ኣብ ኣስመራ ዝነበሩ ቆንስላት ክትጽሓፍ። ኩልና ርእይቶ ሂብናላ ምስ ጸፈፈት ከአ፡ ናብ ሽዱሽቲኦም ዲፕሎማሰኛታት ንግሆ ባሕቲ መስከረም ክትበጽሕ ወሰንና።

ኩሉ ጽሑፋት ጭርሖታትና፡ ዓንቀጻት ድንክል ው.ሕ.ሃ. ዝጠቅስ ፈደራላዊ ሕግታት ኤርትራ ተጋሂሱ ስለ ዘሎ፡ ይመለስ ዝብል'ዩ ነይሩ። እዚ ስለ ዝኾነ እቲ መደብ፡ ኣብ ጕዕዞ ሰላማዊ ሰልፊ ክልቲኤን ባንዴራ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓባር ከንምበልብለን ወሰንና። እዚ ዝገበርና ከአ ባንዴራ ኢትዮጵያ ዝረኣየ ወተሃደር ከይተቓወመና ናብ ሽቶና ክንበጽሕ የኽእለና ኢዩ ዝብል ገምጋም ስለ ዝነበረ ኢዩ።

ቀጺልና ነቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዝኸውን ዝበልናዮ መምርሒ ብኸምዚ ዝስዕብ ዘርዘርናዮ፤

- ኣብቲ እንካይዶ ሰላማዊ ሰልፊ ክሳብ ኣብ ህንጻ ባይቶ እንበጽሕ ናዕቢ ከይንገብር።

- መበገሲና ካብ ቀጽሪ ቤተ-ክርስትያን እንዳ ማርያም ክኸውን።

- ኩሉ ጽሑፋትን ታቤላታትን ተጠርኒፉ ሓዲሩ፡ ንግሆ ሰዓት ሓሙሽተ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ እንዳ ማርያም ተሓቢኡ ክርፍድ።

- ኩሉ ተሳታፋይ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ንግሆ ሰዓት ሸውዓተ ኣብ ኣፍደገ ቀጽሪ እንዳማርያም ክርከብ።

- ኣብ እንዳ ማርያም ተበጊስና ብቐጥታ ክሳብ ማእከል ዕዳጋ ድንሽን ሽጕርቲን መሪሽካ፡ ንጸጋም ብቕጽበት ተዓጺፍካ ብመንገ እንዳ

ዳኛን ዕዳጋ ዳጉሳን ብድሕሪ ሴዳው አቢልካ አብ ማእከል ኮምብሽታቶ ቀልጢፍካ ምእታው፡ ንቲ ዓቢ ጉደና ሒዝካ ከኣ ብቐጥታ ኣብ ሀንጻ ባይቶ ኤርትራ ምብጻሕ።

- ዝኾነ ደኹን ብረት ድማ ከይንሕዝ።

በዚ ተሰማሚዕና ነናትና ዕማም ክንገብር ካብ ቤት-ጊዮርጊስ ተመሊስና።

ካብቶም መጀመርታ ዝተነግሩ ኣዝዮም ግዱሳት፡ ኣብ ምውዳብ መንእሰያት ጥራይ ዝተዋፈሩ ካልኦት ነይሮምና። ካብኣቶም ሓደ ኪሮስ ያቆብ ክሳብ ዝሰዋእ "ጻጸ" ዝጽዋዕ፡ ሃይለ ስዩም ደሓር ናብ ኣመሪካ ዝኸደ፡ መምህር ምሕረትኣብ ሰሎሞን ኣብ ቤት-ትምህርቲ ካድር ምስ ረኸብኩዎ ኣብ ሰላሕታ ወራር ዝተሰወአ፡ ተኽላይ ኣድሓኖም ወዲ ከረን፡ ሳህለ ገና ኣስመራ ዘሎ፡ ጋይም ኣብታ ንሰርሓላ ቤት-ማሕተም ተሓጋጊዚ ነብያት ነጋሲ ወዘተ ነይሮም።

እቶም ሽዱሽተ ኣብ ኣኼባ ዝነበርና ብቐጻሊ ንበይንና ክንራኸብ ከሎና፡ እቶም ዝተረፉ በዓል ኪሮስ ጻጸ ግን ማዕሬና ዝንቀሳቐሱን ዝሰርሑን ግዱሳትን ህንጡያትን ነበሩ።

ናይቶም ኣርባዕተ ብጾተይ ዝተፈላለየ ዕማም ኣዝዩ ኣድካሚን ኮለል ዝበዝሖን ነይሩ። ናተይ ግን ኩፍ ኢልካ ዝስራሕ ዕማም ጽሑፋትን ታቤላታትን ምጥርናፍ ኢዩ ዝነበረ። ዝተዋህበኒ ዕማም ንምትግባር ከኣ፡ ንዕዳጋ ከይደ ሽዱሽተ ክሻ፡ ታቤላ ዝጥቅዓሉ ካርቶናት ዓዲገ፡ ንኹሉ ጭርሖታትን ታቤላታትን ኣብ ክሻታት ብእግረይ እናተኸተኽኩ መሊኤዮ። ንኽልተ ሰብ ዓረብያ ሓሙሽተ ቅርሺ ክሀቦም ተወዓዒለዮም ስለ ዝነበርኩ ከኣ ናይታ ዕለት ንግሆ ገዛይ መጺኣምኒ። ሰዓት ሽዱሽተ ኸሸውን ከሎ ኣነን ክልተ ሰብ ዓረብያን ተመራሪሕና ቀጽሪ እንዳ ማርያም ኣቶና። ኣብኡ ኣራጊፈ ነቶም ሰብ ዓረብያ ምስ ኣፋነኹዎም፡ ነተን ሽዱሽተ ኣካይሽ ኣብ መንጎ እቲ ዕሙር ቆጽለ-መጽሊ ዓዊል ሓቢኤዮ ክሳብ ሰዓት ሸውዓተ ዝኣክል ኣብ ርእሲ'ቲ ኣካይሽ ኮፍ በልኩ።

ዝዓበየ ናይ ተቓውሞ ስቕታ

ሰዓት ሸውዓተ ምስ ኣኸለ ዝመጸኒ ክርኢ ኢለ ኣብ ኣፍደገ እቲ ቀጽሪ ቅልቅል እንተ በልኩ፡ ብየማነ-ጸጋም ፋሕ ኢሎም ትኩእ ዘለዎም ሓሙሽቲኦም ቀሪቦምኒ። ዝገበርኩዎ እናነገርኩዎም ከሸኹ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ደቒቕ ዘይኣክል ማእለያ ዘይብሉ መንእሰይ ናብቲ ጎልጎል ክወርር ምስ ርኣናዮ ደንጺዩና። ኣብ ህይወተይ ከምኡ ዝኣመሰለ ስምዒት ተሰሚዑኒ ኣይፈልጥን። ብግምተይ ሓደ ክልተ ሽሕ ዝኸውን ህዝቢ ተኣኪቡ ክብቅዕ፡ ድምጺ ዋዕ-ዋዕ ዘይስምዓሉ ሃዋህው ክትዕዘብ ኣዝዩ ዘገርም ኢዩ ነይሩ።

ሽዑ ብቕጽበት ሽዱሽተና ንኪሮስ፡ ምሕረትኣብ፡ ሃይለ ስዩም፡ ተኽላይን ካልኦትን ጸዊዕና ናብተን ኣካይሽ ኬድና ንቲትና ኣብ ማእከል እቲ ጎልጎል ፈቲሕናየን። ጽሑፋትን ታቤላታትን እናውጻእና ዓዓቲርና ክንዕድል ከሎና ንኽልቲኤን ባንዴራታት'ውን ሂብናዮም። እቲ ባንዴራታት ከካብ ገዛውትና ዝኣከብናዮ ኢዩ ነይሩ። መንእሰያት ነታ ቅድሚኡ ዓመት ዝወረደት ባንዴራ ኤርትራ ምስ ረኣዩ ክሕዙዋ ተቐዳደሙ፡ ነታ ባንዴራ ኢትዮጵያ ግን ኣሸንኪይ ክሕዙዋ ምስ ረኣዩዋ ደሞም ፈልሖም። "በጃኹም ብመደብ ኢዩ ተገይሩ ንኽልቲኤን ሓዙወን፡" እንተ በልና መን ክሰምዓና። ነተን ዝቐረብናየን ባንዴራታት ኢትዮጵያ ቀዳዲዶም ኣብቲ ጎልጎል ደርብዮመን። ክንገብሮ ንኽእል ነገር ስለ ዘይነበረና ግዜ ከየጥፋእና ነቲ ህዝቢ መሪሕናዮ ጕዕዞና ጀመርና። የማነ ጸጋም ዝርኣየና ህዝቢ የጣቕዕ፡ ንዑ ተሓወሱና እናበልና ወረቐት ማኒፈስት እናደርበና ንዕዳጋ ትኽ ኢልና ኣምራሕና። ሰብ ድኳን ወጺኦም ምስ ረኣዩና ዓጽዮም ዝሕወሱና ውሑዳት ኣይነበሩን። ኣብ መገዲ ዝጸንሑና መንእሰይ እሞ ምሳና ተሓዊሱ ሆ! በለ።

ናብታ ዝሓሰብናያ ዕዳጋ ድንሽ ምስ በጻሕና ንጸጋም ናብ ቤት-ክርስትያን ኪዳነ ምህረት ገጽና ክንጥወ ዝግባእና፡ እቲ ረሲኡ ዝነበረ ህዝቢ ንቐጽል ኢሉ እናጨደረ ናብ ማይ ኣባሻውል ገጹ ቀጸለ። በጃኹም ግዜ የሎን መገዲና ኣሕጺርና ናብ ህንጻ ባይቶ ኢዩ ዕላማና፡ ሓይሊ ፖሊስ እንተ መጺኡ እቲ ዕግርግር ኣብዚ ኸሸውን'ዩ፡ በጃኹም እንተ በልና ኣይሰምዑናን። ሕጂ'ውን ምቁጽጻሩ ስለ ዝሰኣንና ንማይ ኣባሻውል ኣምሪሕና ንጸጋም ተጠዊና፡ እንደገና ንጸጋም ኣብ ቤት-ጽሕፈት ዳኛ ዕዳጋ እኸሊ ምስ በጻሕና፡ ኣፍራስ ዝተወጥሑ ሓይሊ ፖሊስ ወተሃደራት ኣርከቡና። እናተደፋፋእና ዳርጋ ብምሉኡ ሰልፈኛ

ቤት-ጽሕፈት ሴዳው በጽሐ። ቅድሚ ሴዳው ምብጻሕና ኣብ ጐድነይ ዝነበረ ኣማኑኤል ገረሱስ ዱብ ኢሉ ክወድቕ ረኺቡዎ። በዓል ፈረስ ወተሃደር ነዊሕ ዱላ ገይሩ ኢዩ ርእሱ ዘቢጡዎ። ባንዴራይ ኣብ ትሽቲይ ገይረ ቁሩብ ንድሕሪት ተመሊሰ ኣብ እንዳ እኽሊ ድኳን ኣብጺሐዮ ብጉያ ኣብቲ ዕግርግር ተመለስኩ።

ብየማነ-ጸጋም እናኣለምና ክልተ ሚእቲ ዝኾውን ሰልፈኛታት ገለ ቁሩብ ባንዴራን ታቢላን ዝሓዝና ኣብ ኣፍደገ ህንጻ ባይቶ በጻሕና።

ኣብኡ ሓደ ዘገርም ነገር ጸኒሑና። ካብ ካተድራል ጀሚርካ ብየማነ ጸጋሙ ክሳብ ቴለኮምኒከሽን፡ ህዝቢ መርገጽ እግሪ ዘይትረኽበሉ ጠጠው ኢሉ ናብ ህንጻ ባይቶ የማዕዱ። ብኡኡ እናተደፋፋእና ናብቲ ኣፍደገ'ቲ ህንጻ ክንበጽሕ ክንደሊ፡ እቲ ኣብኡ ዝጸንሓና ህዝቢ ዋላ ኣብ ንሓድሕዱ ዘየዕልል ፍጹም ጸጥታ ዝዓሰሎ ጸኒሑና። ንዓና ምስ ረአየ ገጹ ዝበርህ ማእለያ ኣይነበሮን፡ ዘረባ ግን የለን። ከምቲ ስቕታ'ቲ – ናይ ተቓውሞ ስቕታ– ክሳብ ሕጂ ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን። ናብ ህንጻ ባይቶ ጥራይ ኢዩ ዝጥምት። ወተሃደራት ፖሊስ ሲቪል ዝተኸድኑ ከይተረፉ ኣብ መንጎ እቲ ህዝቢ ነይሮም። ገለ ናዕቢ ከይለዓል ንሓለዋ ዝተላእኩ ምዃኖም ኩሉ ዝርድኦ ኢዩ። ፍርቂ መዓልቲ ምስ ሓለፈ ድማ ባይቶ ስራሑ ዛዚሙ ክወጽእ ከሎ ቢትወደድ ኣስፋሃ ዳግማይ ከም ዝተመርጸ ምስ ተወርየ፡ ህዝቢ ኣእዳዉ ንድሕሪት ጠውዩ ነናብ ገዛኡ ተመልሰ። ሽዑ'ውን ብዘይ ድምጺን ዘረባን። እዚ ምስ ረኣና እቲ ምሳና ሆ! ክብል ዝተጸበናዮ ህዝቢ፡ "መዓስ ደኣ'ዩ ፍሕት-ሕት ዝብል? ካን ኣሺሉዎ ትም?" በልና።

ንኮሎኔል ተድላ ዳሓራይ እቲ ባይቶ ምስ ተዛዘመ ኣብ ኣፍደገ ባር ኣልባ ረኺብናዮ። ሓደ ካብ መንእሰያት ወረቓቕቲ ማኒፌስቶ ሂቡዎ፡ ንሱ ከኣ ተቐቢሉ ርእሱ ነቕኒቑ ትም ኢሉ። እቶም ኣብኡ ዝነበሩ መንእሰያት፡ ኮሎኔል ተድላ ነቲ ወረቓቕቲ ሃዊኡ ክቕበል ምስ ረኣዩዎ "ቢባ ተድላ - ቢባ ተድላ" ኢሎም ምስ ጨደሩ በትሩ ካብ ትሽቱሑ ስሒቡ ሰጕጕዎም።

እዚ ኩሉ ክንገብር ከለና ትኩእ ንበይኑ ኣብ ከተማ ዳርጋ ደድሕሪና ፍንትት ኢሉ ይዕዘብ ነይሩ። ንትኩእ ክዝክሮ ከለኹ ከኣ ክሳብ ሕጂ ይገርመኒ። ኣብቲ ሽዑ ግዜ ከምዚ ዝኣመሰለ ንቕሓት ካበይ ኢዩ ኣምጺኡዎ እብል። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ቀዳማዊ ሃይለስላሴ መምህር ዝነበረ ሓደ ጆንሶን ዝብሃል ጸሊም ኣመሪካዊ ዓርኩ ነይሩዎ።

ሓደ ሓደ እዋን'ውን ምስኡ ይቕመጥ ነይሩ። ምናልባት ብዛዕባ ፖለቲካ ምስኡ የዕልሉ ነይሮም'ዶ ይኾኑ እብል። ትኩእ ግን ናይ ባዕሉ ብልሒ ነይሩዎ። ከም መንእሰይ ኣይነኣሰን። ወትሩ ቁምነገር ምስ ኣዕለለ ኢዩ። ብዝኾነ ንትኩእ ብዙሕ ኢና ንበቖ ኔርና። ምኽንያቱ ትኩእ እንተ ተኣሲሩ ኣይከውጽኡዎን ኢዮም። ንሕና እንተ ተኣሲርና ግን ተመሃሮ ኢሎም ክንሕፉና ኢዮም ዝብል ኣተሓሳስባ ነይሩና። ስለዚ ካብ እንዳ ማርያም ምሉቕ ኢሉ ከም ዝኸይድ ኢዩ ኲይኑ። ምስቲ ኣብ ኣፍደገ ህንጻ ባይቶ ዝነበረ ህዝቢ ግን ጸኒሑና። ሓንሳብ'ኳ ኣብ ጥቓ ሴዳው ክልተ እግረኛታት ፖሊስ ንሓደ መንእሰይ ብኽሳዱ ሒዞም ከጋፍዕዎ ምስ ረኣየ፡ ኣበይ ከም ዝጸንሐ ነቶም ክልተ ወተሃደራት፡ ብኽልቲኡ ክሳውዶም ሒዙ ርእሲ ንርእሲ ከጋጭዎም ርእየዮ። ካብኡ ሃዲሙ ናብቲ ህዝቢ ተሓዊሱ። ኣብ ትኩእ ዝነበረ ሓይሊ መዘናን መግለጺን ኣይነበሮን።

ትኩእ ይሕደጎ

እተን ኣብ ኩሎም ቆንስላት ዝትላእካ ደብዳበታት ከም ዝበጽሓኦም ኣረጋጊጽና። ዕላማእን ድማ መታን ንዓለም ክነግሩልና ተባሂሉ ኢዩ። ጸውሎስ ስብሀቱ ዝብሃል ዓርክና ኢዩ ኣብጺሑወን። ጸውሎስ ብሽግለታ ስለ ዘላትካ ንሸኻ ኢኻ ተብጽሖን ኢልናዮ ባህ እናበሎ ተቐቢሉዎ፡ ብሽግለታ ስለ ዝነበረቶ ግን ኣይኮነን ነቲ ዕማም ተዋሂቡዎ። ኣቦኡ ካብቶም ኤርትራ ንኤርትራውያን ዝብሉ'ኳ እንተ ነበሩ፡ በዓል ስልጣን ስለ ዝነበሩ እንተ ተኣሲሩ ብቐሊሉ ክወጽእ ይኽእል'ዩ ኢልና ስለ ዝገምገምና ኢዩ። ንግሆ ሰዓት ሽዱሽተ ተንሲኡ

ከአ ኹሉም ኣብጺሑሎም። ዳሓራይ ግን ንሱ'ውን ዕጫኡ በጺሓቶ ኣብ መፋርቕ 70ታት፡ ንሱን ንሰብኣይ ሓብቱ ግርማይ በርሀ ዝብሃል መሳርሕተይን፡ ኣብ ማይ ጭሆት ተሓሪደም ጸኒሖም።

እቶም ሽዑ ዝነበሩ ቆንስላት ሕጂ እንተ ዘኪረዮም፡ ናይ ኣመሪካ፡ እንግሊዝ፡ ጣልያን፡ ፈረንሳ፡ በልጁም፡ ሱዳንን ኢዮም ነይሮም። እቲ ዘገርም ካብ ኩሎም ናይ እንግሊዝ ጥራይ ብመኪናኡ ገይሩ ኣብ ማእከል ከተማ ክሳብ ኣባሻውል ዘይሩ ኹሉ ርእዩዎ። ብኡ ንብኡ ከአ ቢቢሲ ከም ኣንጻሲ ዜና ፈንያቶ። ቢቢሲ ከም ዝጠቐሰቶ ዝፈለጥና ድሕሪ ሰዓት ሽዱሽተ ምሸት ከተማ ክንዘውር ከለና፡ ባዕሉ ኮሎኔል ተድላ ኢዩ ብተዛዋዋሪ ነጊሩና። ምኽንያቱ፡ እቲ ናይ መንእሰያት በብጉጅለ ዋዕ-ዋዕ ምባል ክሳብ ምሸት ስለ ዝቐጸለ፡ ሓደ ጉጅለ ንኮሎኔል ተድላ ርእዮም ቀሪቦም ከዛርቡዎ፡ ኣነን ኣማኑኤል ተስፋጽዮንን ከአ ቀሪብና ንሰምዕ ኔርና። ሽዑ ኮሎኔል ተድላ “እኒ ዝገርመኒ ሓደ ነገር ኣሎ። ንሸኻ ኣታ ኅበዝ ሕጂ፡ ኣብኻን ኣዴኻን ኣብ ገዛኹም እንተ ተባኢሶም፡ ንደገ ወጺእካ ኹሉም ዝረኽብካዮም ሰባት፡ ወለድኻ ከም እተባእሱ ምንገርካሎም'ዶ?” ኢሉ ሓተተ። መልሲ ኣይነግረሎምን ዝብል ምስ ረኸበ፡ “እሞ ደኣ እንታይ ኰንኩም እቲ ኣብ መንገና ዘሎ ባእሲ ንቢቢሲ ብተዘዋዋሪ ትነግሩዋ?” ምስ በለ ብመጠኑ ከም ዝተዓወትና ቆጺርናዮ። ሓደ ካባና ሽዑኡ፡ “እሞ ኣደና ማዓርና ኣብ ቅድሚ ዓይንና ንግሆ-ንግሆ ክትቅጥቀጥ እናረአና ትም ክንብል ድዩ ደልዩና?” ምስ በለ ኩልና ስሒቕና።

ባይቶ ምስ ተዛዘመ ኩሉ መንእሰይን ዝዕዘብ ዝነበረ ህዝቢን፡ ቢትወደድ ኣስፍሃ እንደገና ከም ዝተመርጸ ሰሚዑ። ንሕና መንእሰያት በቲ ሽዑኡ ዝነበረና ደረጃ ፖለቲካዊ ኣፍልጦ፡ ስምዒታውያንን ሓሳባውያንን ጥራይ ኢና ኔርና'ምበር፡ ዋላ እቲ ሽዑኡ ዝውረ ዝነበረ፡ ሎሚ ኣቶ ዑመር ኣኪቶ ወይ እከለ ኢዩ ዝምረጽ ተባሂሉ ስለ ዝተዓለለ፡ ከምኡ ትጽቢት ክንገብር መርኣያ ናይ የዋህነትና ኢዩ። ብተወሳኺ ሕጂ ክትንትኖ ከለኹ፡ ዋላ እቲ ኣብኡ ተኣኪቡ ዝነበረ ጕሁይ ህዝቢ እንተኾነ'ውን፡ እንታይ ትጽቢት ስለ ዝነበሮ ኢዩ ውጽኢት ምርጫ ክሰምዕ ኣብ ጸሓይ ተዓኒቶ ዝወዓለ ኢለ እግረም።

ከባቢ ሰዓት ሓደ ኣቢሉ፡ ሓሙሽተና ኣብ ቤት-ሻሂ ጸጋይ ካሕሳይ ተራኺብና። መደብና ክንቅጽሎ ስለ ዝኾነ ኹሉ መንእሰይ ሰዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ሜዳ ባቡር ምድሪ ክንእከብ፡ ኹሉ መንእሰይ ከአ ከም ዝሕበር ጌርና ሓቢርና ንገዛና ኣምሪሕና።

ኩሉ'ቲ ተሳታፊ መንእሰይ ነዚ ሰላማዊ ሰልፊ መን ኢዩ ኣበጊሱዎ፡ በዓል መን'ዮም ወደብቲ፡ ካበይ ኢዩ ነቒሉ ዝፈልጠ ነገር ኣይነበሮን። ከም በዓል ኪሮስ ጳጳ፡ መምህር ምሕረትኣብ ሰሎሙን፡ ሃይለ ስዩም፡ ተኽላይ ኣድሓኖምን ካልኦት ውሑዳትን ጥራይ ኢዮም ዝፈልጡና ነይሮም። ኣስማትና ክይነግሩ ከአ ምሑላት ነበሩ።

በዓል ጸጋይ ካሕሳይ ኣባላት ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኢዮም። ኣለይቲ ማሕበር ብዓል ዘሚካኤል ዑቕባሚካኤል ጸጋይ ካሕሳይ፡ ንጡፋት ከአ ብዓል ጣሀር ወዲ ኢማም ሙሳ፡ በርሀ ዓ ንድኪኤል፡ ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ደሃይ ኤርትራ ዝነበረ ሳልሕ ማሕሙድ፡ ተስፋዝጊ ስሙ ሰራሕ ጫማ – ቤት-ማእሰርቲ ዳርጋ ካልኣይ ገዛኡ ዝነበረ– ኣያታትና ኢዮም። ብፖለቲካዊ መርገጺኦም ከአ ኢና እነፍቅሮም ዝነበርና። ስለዚ ጸጋይ ናይ እንዳ ቢሳዳ ናይ ሕርሻ ትካል እምባትካላ ብሎተርያ ሰዒሩ ወሲዱ፡ ንዓኣ ሸይጡ ኣብ ከባቢ ባራት ባቢሎን ሓንቲ እንዳ ሻሂ ከፊቱ ነይሩ። እታ እንዳ ሻሂ ገዛና ኢያ ነይራ። ኩሉ ከም ናትና ኣረአእያ ዘሎዎ መንእሰይ ከአ ኢዩ ዝኣትዋ። ስለዚ ጸጋይ ካሕሳይ ኮፍ ኢሉ'ኳ ምሳና እንተ ዘይዘተየ ይፈትወና ነይሩ።

ቅድሚ እቲ ንሕና ዝገበርናዮ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ከምኡ ዝኣመሰለ ኣብ ቅርዓት ወጺእካ ታቤላታት፡ ባንዴራታትን ጭርሖታትን ሒዝካ ፖለቲካዊ ጠለባት ዘቕርብ ዳርጋ ኣይተገብረን። ኣብ ጥሪ 1956-7 ሓደ ብተመሃሮ ቀዳማዊ ሃይለስላሴ ዝተበገሰ ናዕቢ ነይሩ። ክሳብ ገለ ተመሃሮ ንቤት-ማእሰርቲ ዓዲ-ኻላ ምውሳድ'ውን ኣስዒቡ። ትኩእ ይሕደጎ'ውን ካብቶም ኣበገስቲ ኰይኑ ተኣሲሩ ነይሩ። ሳልሕ ማሕሙድን ካልኣዩ ጋዜጠኛ ኤልያስ ተኽሉን'ውን ሽዑኡ ምስ በዓል ትኩእ ዓዲ ኻላ ተኣሲሮም ነይሮም።

እቲ ናይ ተመሃሮ ቀዳማዊ ሃይለስላሴ ኣድማ ዳርጋ ኣብ ቀጽሪ እቲ ቤት-ትምህርቲ ኢዩ ተበጊሱን ተዛዚሙን። ኣብ መንእሰያት ጽልዋ ኣየሕደረን ማለት ግን ኣይኮነን። ኣብ ኩሉ ኣብያተ-ትምህርቲ ልሒሙስ፡ ነዞም ዓዲ-ኻላ ዘለዉ እንተ ዘይፈቲሕኩሞም ኣይንመሃርን ኢልና ዓቢ ዕግርግርን ምስ ኣፍራስ ፖሊስ ምጉያይን ነይሩዎ። ብንጹር ጽሑፍ ሒዝካ ኣብ ከተማ ብሰልፊ ምውጻእ ግን ኣይነበረን። እቲ ጠንቂ ንግሆ-ንግሆ ባንዴራ ኢትዮጵያ ክትሰቀል ኣብ ቀጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ሃገራዊ መዝሙር ኢትዮጵያ ይዝመር ነይሩ። ሓደ ንግሆ ግን ኣብ ቤት-ትምህርቲ ቀዳማዊ ሃይለስላሴ ኩሉ ተመሃራይ

ከይዝምር አስቀጠ። ዘምሩ! እንተ ተባህለ አስቅጥ! ምስ በዝሒ ሓደ ጠዓመ ገብረዮሃንስ ዝብሃል ተመሃራይ፡ "ባንዴራና ስለ ዘይኰነት አይንዝምርን ኢና፡" በለ። እዚን ካልእን ተወሲኹዎ ድማ ኢዩ ጠንቂ ኣድማን ዕግርግርን ምስባር መሻሽቲ ቤት-ትምህርትን ኰይኑ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ዓዲ-ኳላ ዝኸዱ።

ካልኣይቲ ዕግርግር ቅድሚ እታ ናትና ኣብ ግንቦት 1958 ኣቢሉ፡ ብናይ ኤርትራ ማሕበር ሰራሕተኛታት፡ ሓለፍቲ በዓል ዘሚካኤል ዑቕባሚካኤል፡ ተስፋዝጊ፡ ጸጋይ ካሕሳይን ሓያላት ተንቀሳቐስቲ ከኣ በዓል በርሀ ዓንድኪኤል ዝተገብረ ዓቢ ኣድማ ነይሩ። እቲ ኣድማ ኣዝዩ ዓቢ፡ ዳርጋ ንኹሉ ቁጠባ ዘልመሰ ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ በዓል ማጆር ጎይትኦም ንዝኣደሙ ሰራሕተኛታት ብጥይት ኣትዮሞም፡ ኣእጋሮም ዝሰንከሉ ከም ዝነበሩ እዝክር።

እቲ ብኣና ዝተገብረ ሰላማዊ ሰልፊ ግን ዕላማኡ ፌደራላዊ መሰላት ሃገር ይመለስ ዝብል ፍልይ ዝበለ ኢዩ ነይሩ። ግዜኡ ከኣ ናይ ክረምቲ ዕረፍቲ ተመሃሮ ተወዲኡ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝኽፈተሉ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ኣድማ ኣብ ኩሉ ልሒሙ ንስርዓት ኢትዮጵያ ዓቢ ኣሻቕሎት ንምፍጣር ኢዩ ነይሩ።

ስለዚ ናይ ቅድሚ ቀትሪ ዕግርግር ተወዲኡ ብድሕሪኡ ኣብ ሜዳ ኵዕሶ እግሪ ምድሪ ባቡር ናይ ኩሉ መንእሰይ ኣኼባ ዝተገብረ፡ ርእይቶታት ሰሚዕካ ነቲ ሰላማዊ ሰልፊ ንምቕጻሉ ዝዓለመ ኢዩ ነይሩ። ኣብቲ ሜዳ ማእለያ ዘይብሉ መንእሰይ ተኣኪቡ እንታይ ንግበር ዝብል ዘተ ከየልዓልና ወተሃደራት መጺኦምና። ድሕሪ ሒደት ደቃይቕ ከኣ ኮሎኔል ተድላ ባዕሉ መጺኡ። ንሕና ኣብቲ ትሪቡና ኣብ ላዕሊ ኮፍ ኢልና፡ ኮሎኔል ተድላ ምስ ወተሃደራቱ ከኣ ኣብ ታሕቲ ኣብ ሜዳ።

"እንታይ ኢኹም ደሊኹም?" በለ ኮሎኔል ተድላ። ኩሉ እቲ መንእሰይ ጫው ጫው ኢሉ፡ ብዙሕ ድምጺ ከኣ ናጽነት ኢና ደሊና ይብል። ሸው ኮሎኔል ተድላ፤

"ንሸፍትኩም ኣብ ላዕሊ ንሕና ከኣ ኣብ ታሕቲ ክንረዳዳእ ኣይንኽእልን ኢና፡ ንዑ ውረዱ ኣብዚ ጎልጎል እሞ ሃዲእና ክንዘራረብ፡" በለ።

"ኣይንወርድን ንሰምዓኩም ኣለና፡ ንሸፍትኩም ከኣ ትሰምዑና ኣለኹም፡" ዝብል መልሲ ተዋህበ።

"በጃኻትኩም፡ ንሸፍትኩም ደቅና ኢኹም፡ ንሕና ወለዲ ንዓቢ ስምዑና፡" ምስ በለ፡ እንታይ ከይገብሩና ንውረድ ዝብል ድምጺ በዚሑ ወሪድና። ኮሎኔል ተድላ ኣዝዩ ክኢላ ናይ ጸጥታ ወተሃደር ኢዩ ነይሩ። ምስ ወረድና ወተሃደራት ኣኽቢቦምና ኮሎኔል ተድላ ግምጥል ኢሉ ከፈራርሕን ክህድድን ጀሚሩ። ኣብ መሬት ኮፍ በሉ ተባሂልና ከኣ ኮፍ በልና።

ድሕሪ እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ምስ ትኩእ ተራኺብና "ካብ ሕጂ ንንዮ ክግበር ዝከኣል ስለ ዘየለ ገዛኹም ኪዱ፡ እቲ ዋዕ ዋዕ ነቲ ህዝቢ ግደፉሉ፡ ማእሰርቲ ስለ ዘይተርፍ ከኣ ዘሎኩም ወረቓቕቲ ሕብኡዎ፡" ኢሉና ኢዩ ከይዱ ነይሩ። ንሕና ግን ምህንጣይ ስለ ዝነበረናን ነቶም ከም በዓል ኪሮስ ጻጸ ዝኣመሰሉ ኣዕሩኽና ምጥላም ኰይኑ ስለ ዝቐጸርናዮን ፈራሓት ከኣ ከይንበሃልን ኢና ኬድና።

ኮሎኔል ተድላ ታህዲዱ ብምቕጻል፡ ዝያዳ ከርዕደና ንገለ ዝተዛርቡ ካባና ኣትንሲኡ ኣብ ቅድሚና ክቕጥቅጥ ጀመረ። ጽንሕ ኢሉ ከኣ ነዚ ዕግርግር'ዚ ከይፈለጥኩም ዝተሓወስኩሞ ተንስኡ ምስ በለ ገለ-ገለ ዝፈርሑ ውሑዳት ተንሲኦም። ሓደ ካብቶም ዝተንስኡ፡ ምስ ነብያት ኣብ ቤት-ማሕተም ዝሰርሕ ጋይም ኢዩ። እቶም ንጋይም ብተደጋጋሚ ምሳና ዝርእዩዎ ዝነበሩ ክትንስእ ምስ ረአዩዎ ሰንቢዶም፡ ንሕና'ውን ዝበኣሰ ሰንቢድና። "እዚ ድኣ ካብቶም መራሕቲ እንድዩ፡" ኢሎም ሕሹኽሹኽ ክብሉ ዝሰምዐ በርጌስ ዝለበሰ ፖሊስ ቀብ ኣቢሉዋ። እቶም ዝተንሳእኩም ንዑ በዚ ኢሎም ኣልዮም፡ ነቶም ዝተረፍና ብታህዲድን ምፍርራሕን ፋሕ ኣቢሎምና። ኣብታ ደቒቕ እቲኣ ከኣ ንሸዓእ ምሸት ከም እንእሰር ኣረጋገጽና።

ብድሕሪኡ ሓሙሽተና ተረዳዲእና ኣብ ገዝና መጺኦም ክወስዱና ስለ ዝኾኑ ክንዓሎ ኣለና ብምባል ተፈላለና። ኣነን ኣማኑኤልን ተሰፋጽዮንን፡ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ከይንዝገፍ ንቀምቀም ኢልና ከተማ ኬድና ጸጕሪ ርእስና ዳርጋ ልጻይ ጌርናዮ ምሸት ሰዓት ሸውዓተ ክኸውን ከሎ ተተሓሒዝና ንገዛና ኬድና።

ገጽ-ንገጽ ምስ ኮሎኔል ተድላ

ገምጋምና ግጉይ ኣይነበረን። ከም ዝተጸበናዮ ኣነ ገዛ ክኣቱ፡ ምንእሰይ ሓወይ ሚካኤል ኣብ ኣፍደገ ተቐቢሉኒ።

ንበይነይ ገይሩ ከአ "ኣብዚ ናይ ትግሊ ኣድማ ኣለኻ ዲኻ? ንዓኻ ደልዮም ፖሊስ መጺኣምና ጸኒሖም ንሸኻ መሲሉዎም ንዓይ ወሲዶምኒ ነይሮም፡ ደሓር ግን ገዲፎምኒ፡" በለኒ።

"እወ ኣለኹ ግን ደሓን ኣጆኻ፡ እዚ ናብ ቤት-ማእሰርቲ ዘእቱ ምቅምቃም ጸጕሪ እንዶ ርኣዮ፡" ምስ በልኩዎ ርእሰይ ከርእዮ እናሰሓቕኩ፡ ፈኹሲዎ ንሱ'ውን ፍሽኽ ኢሉኒ፡ ግን ሰጊኡ።

ግዛ ምስ ኣቶኹ ኣቦይ ኩፍ ኢሉ፡ መርዓተይ ፈዚዛ፡ ኣደይን ኣሕዋተይን ድማ ኣዝዮም ሰንቢዶም። ኣቦይ ዋዕ-ዋዕ ዘይፈቱ ሰብ ኢዩ ነይሩ፡ ምስ ረኣየኒ ኢሂ ደአ ሸፍታ! ኢሉኒ። ፍሽኽ ኢለ ኩፍ ክብልን ሲብል ዝለበሱ ኣርባዕተ ከመጹን ሓንቲ። መጀር ይግዛው በሪኺ ምስ ካልኣዩ ተንንተ ይስሃቅ ኣብራሃ ክይኺሕኩሑ ደፊኦም ኣብቲ ኣቦይ ዝነበሮ ሳሎን እትው ምስ በሉ፡ ኣነ ብድድ ኢለ ኣብታ ኣፍደገ ዓጊተዮም። መጀር ይግዛው ተኪኤ ዲኻ ኢሉኒ፡ እወ ኣነ'የ እናበልኩዎም የማን-ጸጋም ክጥምቱ ከለዉ ክፍትሹ ከም ዝደለዩ ተረዲኡኒ። መደቀስየይ ኣብ ካልእ'ዩ ኢለዮም ተመራሪሐና ኣቦይ ስዒቡና ናብ መደቀስየይ ክፍሊ ኣቶና።

መጀር ይግዛው ኣዝዩ ውዑይ፡ ብምፍርራሕ ኣዒንቱ ኣፍጢጡ ዓይኒ-ዓይነኻ እናጠመተ ክዛረብ ከሎ፡ ናይ ሓቂ ወተሃደር ኢኻ ትብሎ። ክልቲኦም ነታ መደቀስየይ በናቑሮም፡ ሕጡብ ኣብ ርእሲ ሕጡብ ኣመሳቒለ ጣዊሉ ኣንጺፈ መጽሓፍቲ ዝድርድረላ ዝነበርኩ እንዳ መጽሓፍትየይ ኣፍረሰም፡ ነቲ መጽሓፍቲ በብሓደ ክፍትሹ ከለዉ፡ ቅዋምን ፈደራላዊ ቅጥዒን ረኺቦም፡ ናይ መን ምዃኑ ሓቲቶምኒ ናይ ኣቦይ ኢዩ ኢለዮም። ኣብ እንዳ ኩሉ ዝርከብ ጽሑፍ ብምዃኑ እየ ናይ ኣቦይ ኢለዮም። ኣብ ሳንድሮቨር ጽዒኖም ከአ ወሰዱኒ።

ኣብ ኣጂፕ ኣርባዕቲኦም ኣዕሩኽተይ ጸኒሖምኒ። ኣብኡ ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ሓዲርና ንጽባሒቱ በብሓደ መርመራ ክካይዱልና ጀመሩ። ሰሙን ምስ ጸናሕና፡ ንሓሙሽተና ናብ ካዘርማ ሞሶሊኒ ወሲዶምና። ካብ ካዘርማ ሞሶሊኒ ንኣጂፕ እናመላለሱና ከአ ንክልተ ሰሙን መርመራን መግረፍትን ኣካይዶምልና። ዝያዳ ኩልና ዝተቐጥቀጠ ግን ነብያት ነጋሲ ከም ቀዳማይ ክሱስ፡ በርሀ ሃይለ ካልኣይ ክሱስ ኢዮም ነይሮም። ነብያት ኣብታ ቤት-ማሕተም ስለ ዝዓዩ፡ ኩሉ እንሰርሖ ኣብኡ ስለ ዝዕየ፡ ከም ሓላፊ መራሒ ተቖጺሩ በርሀ ድማ ስራሕ የብሉ ትምህርቲ ኣይመሃረ፡ ካብ ነብያት ስለ ዘይፍለ ብዙሕ ተገሪፎም። እቲ መግረፍቲ ሓጺን መቑሕ ኣብ ኩለን ኣጻብዕትኻ

ኣእትዮም ኣትሪሮም ከም ዝዕጾ ክጠውዩዎ ከለዉ፡ ዙረት ደም ስለ ዝዕገት ቃንዛኡ መሰታ የብሉን። ከምኡ'ውን ፊያስኮ ማይ ብገመድ ኣብ ፍረ-ነፍሸኻ ይኣስሩልካ'ሞ ደው በል ይብሉኻ ኣብ ረሳሕ ማይ ርእሸኻ ኣጥሊቖም ሃለዋትካ ከም እተጥፍእ ይገብሩኻ። ናይ በትሪ ማህረምቲ'ሞ ዘርከበ ኢዩ ዙጥ ኣቢሉካ ዝሓልፍ።

ነብያት ነጋሲ

እቲ ኩሉ መርመራ፡ መን'ዩ ልኢኹኩም ኢዩ ሕመረቱ። ስም ሰባት እናጸውዑ እከለን-እከለን ኢዮም ሓለፍትኹም ኢሎም ኢዮም ዝጸቕጡ። ናይ ኩልና መልሲ ዝነበረ ግን ዋላ ሓደ ዝለኣኸና ከም ዘይነበረ ኢዩ ነይሩ።

ሓደ ንግሆ ተንንተ ተስፋሚካኤል ገብረመድህን መንእሰይ ኣባሎም፡ ንዓይን ንኣማኑኤል ተስፋጽዮንን ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ቃል ክወስደልና ተሓቢሩዎ፡ ተራይ በጺሑኒ ሓደ ሰርጌንቲ ሒዙኒ ኣትየ። ኣብ ቅድሚ'ቲ ሰርጌንቲ ቁሩብ ህድድ ኣቢሉኒ፡ ነቲ ሰርጌንቲ ንደገ ኣውጺኡዎ። ኣማኑኤል ተስፋጽዮን ቅድመይ ዝሃባ ቃል ጽሕፍቲ ኣብ ቅድመይ ቅርብ ኣቢሉለይ ከአ ንደገ ወጺኡ። መታን ኣነ ካብ ኣማኑኤል ዝተፈልየ ቃል ከይህብ'ሞ ኣብ ሽግር ከይወድቕ ሓልዩ፡ ነታ ናይ ኣማኑኤል ቃል ኣቐዲመ ከንብባ ይህበኒ ከም ዘሎ ተረዲኣዮ። ቀልጢፈ ኣንቢበያ ኣብታ ዝነበረታ ከቐምጣን ንሱ ክኣቱን ሓንቲ። ክልቴና ተጠማሚትና ቃል ግን ኣየውጻእናን። ኣነ ከአ ናተይ ቃል ሂበዮ።

ብድሕሪኡ ንተስፋሚካኤል መዓስ ኮን እረኽቦ እናበልኩ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ኣእምሮይ ገይረዮ ከሎኹ፡ ኣብ 1976 ተስፋሚካኤል ናይ ኮሎኔል መዕርግ ለቢሱ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ጎፍ-ንጎፍ ኣብ መገዲ ተራኺብና። ተሓጒስ ምዉቕ ሰላምታ ሂበዮ ከብቅዕ ግን ተስፋሚካኤል ዝሑል ሰላምታ ሂቡኒ። ሓቁ ድማ ኢዩ፡ ኣነ ደኣ ተሃንጥየ እምበር ከለልየኒ ፈጺሙ ኣይክእልን ኢዩ። ብከምኡ ድማ ተፈላለና። ብድሕሪኡ ግን ኣብ መስመር ሓፋሽ ውድባትና ከም ዘሎ ተገንዚበ ኣዝየ ተሓጒሰ።

ንመርመራታት ካብ ካዘርማ ሞሶሊኒ ናብ ኣጂፕ ከመላልሱና ከለዉ፡ ሓደ መዓልቲ ንጸጋይ ካሕሳይ፡ ሳልሕ ማሕሙድን ተስፋዝጊን ጣሀር ኢማም ሙሳን ካብ ጥቓና ዝነበረት ሽላ ክወጹ ርኢናዮም ሰምቢድና። ለካ ንሳቶም'ውን ዘይፈለጥና'ምበር ተኣሲሮም ኢዮም ቀንዮም። ሽዑ ሕልፍ ክብሉ ከለዉ ኣጆኹም ኢሎምና። ንዓኣቶም ምስ ረኣና ትኩእ'ውን ተኣሲሩ ከይከውን ፈሪሕና። ደሓር ግን ከም ዘይተኣሰረ ኣረጋጊጽና። ኩልና እዚ ኩሉ ክንግረፍን ብተደጋጋሚ ቃል ክንህብ ከለናን፡ ስም ትኩእ ይሕደነ ኻይንሰሚ ተረዳዲእና ኔርና። ንሽዑኡ ኣውጺእናዮ፡ ዳሕራይ ግን ቤት-ማእሰርቲ ዳርጋ ገዛኡ ኢዩ ኰይኑ ነይሩ።

ሓደ ንግሆ ናይ መወዳእታ ቃል ካባይን ካብ ኣማኑኤል ተስፋጽዮንን ደልዮም ከም እንደገና ናብ ኣጂፕ ወሲዶምና። ሰዓት ትሽዓተ ኣቢሉ ደኺውን፡ ጸሓይ መራር ኢያ ነይራ። ለይቲ'ውን ከይደቀስና ሓዲርና ጠሚና ስለ ዝነበርና፡ ኣብ ኣፍደገ ቤት-ጽሕፈት ኮሎኔል ተድላ ንመጀር ይግዛው ክንጽበ ኮፍ ክንብል ሓቲትና። ክልቴና ተረሓሒቕና ኮፍ ኢልና፡ በርጌስ ዝተኸድኑ ክልተ ወተሃደራት ሓለዋ ኣብ ጠጥቓና ጠጠው ኢሎም ነይሮም። ኮሎኔል ተድላ ብመኪናኡ ኣብቲ ቅርዓት ኣጂፕ ኣትዩ፡ ካብ መኪናኡ ወሪዱ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ክኣቱ ቀስ ኢሉ ክስጉም ጀመረ። ብምሉኡ ኣብቲ ጎልጎል ዝነበረ ሰብ፡ ገሊኡ ፋይላት ሒዙ፡ ገሊኡ ኮፍ ኢሉ ዘዕልል፡ ዋላ ቡንን ሻሂን ብሽሓኒ ሒዙ ዝኸይድ ኣሰላፊ፡ ብምሉኡ ኣብ ዘዘለዎ ሰጥ ኢሉ'ዩ ልዳት ቤት-ጽሕፈቱ ክሳብ ዝሰግራ የሕልፎ። እዚ ኣገባብ'ዚ ኣብቲ ቀጽሪ ልሙድ ኢዩ። ኣነ ደኺመ ስለ ዝነበርኩ እዚ ኩሉ ክኸውን ከሎ ፈጺመ ኣየስተብሃልኩን። እቲ ኣብ ልዕለይ ጠጠው ኢሉ ዝነበረ ወተሃደር ዋላ ብእግሩ ትንክፍ ኣቢሉ ተንስእ ኣይበለንን። ኩሉ ጠጠው ኢሉ ኣነ ንበይነይ ኣራጢጠ፡ ኮሎኔል ተድላ ኣብ ልዕለይ ደው ክሳብ ዝብል ፈጺሙ ኣይተረድኣንን። በትሪ ኮሎኔል ብሓይሊ ኣብ መንኩበይ

ምስ ዓለበት ግን ተበራቢረ። እቶም ምስ ኣማኑኤልን ምሳይን ዝነበሩ ወተሃደራት ብቕጽበት በእዳወይ ሒዞምሉ በታ በትሩ ገይሩ ሰፋሕፋሕ ክሳብ ዝብል መላዒሱኒ፡ ድምጺ ከይሃብኩ ተዘርጊሐ። እዚ ክኸውን ከሎ እቲ ኩሉ ኣብ ተጠንቀቕ ጠጠው ኢሉ ዘሎ ሰብ ይዕዘብ ነይሩ። ምስ ጸገበለይ ገና ከይተሳእኩ በታ በትሩ ገይሩ ኣብ ኣፍልበይ ጠዊቑ ስመይ ሓቲቱኒ። ኮሎኔል ተድላ እዚ ኩሉ መርመራታት ክካየደልና ብኣካል ኣይረኸበናን ነይሩ። ኣብታ ደቒቕ እቲኣ ግን ኣነ ተኪኤ በየነ ምዃነይ ፈሊጡ። "ኣጮኻ ብፖለቲካ ካብ ስራሕ ተሰጕጉ፡ ኣብ ስራሕ ክምለስ ይልምን፡ ንሸኻ ከኣ ብፖለቲካ ትዕንድር! ደሓን ክንርእኣ ኢና፡" ኢሉ ፈኪሩለይ ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ኣትዩ። ሽዑኡ ቀስ ኢለ እናተቖንዘኹ ክትንስእ ነቲ ምሳይ ዝነበረ ወተሃደር እንታይ ኰንካ ዘይነገርካኒ ኢለዮ፡ ንሱ'ውን መሊሱ ገንጨርጨር ኢሉለይ ኣጽቀጠ። ኣብታ እዋን'ቲኣ ከኣ ኢዩ ተነንተ ተስፋሚካኤል ነታ ኣማኑኤል ዝሃባ ቃል ከንብባ ዝቐረበለይ።

* * *

መስከረም 1960 ዕረፍቲ ክረምቲ ተወዲኡ ትምህርቲ ዝጀመረሉ እዋን'ዩ ነይሩ። መብዝሕትኦም መንእሰያት ተመሃሮ ከኣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ተረኺቦም ዝዝትዩሉ ዕድል ስለ ዝተረኸበ፡ ካብ ዝተኣሰርናላ ዕለት ጀሚሮም በብኹርናዕ ተኣኻኺቦም ናብ ኣጂፕን ካዘርማ ሞሶሊኒን እናመጹ ወይ ፍትሑዎም ወይ ከኣ ንዓና'ውን እሰሩና ምባል ዳርጋ መዓልታዊ ተርእዮ ኰነ። እናሓረዩ ንገለ ይኣስሩ ንዝተረፉ ከኣ ብወተሃደራት የባርሩዎም ነይሮም።

ሓደ መዓልቲ ኮሎኔል ተድላ ናብ ቤት-ጽሕፈት ካዘርማ ሞሶሊኒ መጺኡ። ኣብቲ እዋን'ቲ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ኣጂፕ ሲ.ኣይ.ዲ. (ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ጸጥታ) ካዘርማ ሞሶሊኒ ከኣ ጨንፈር ሲ.ኣይ.ቢ. ተባሂለን ኢየን ዝጽውዓ ነይረን። ሲ.ኣይ.ቢ. ኣብ ትሕቲ ኮሎኔል መንግስቱ ክፍላይ ኢያ ትመሓደር ነይራ። ኮሎኔል ተድላ ምስ መሳርሕቱ ኮሎኔል ዘርእማርያም ኣዛዚ፡ ኮሎኔል መንግስቱ ሃብተዝጊ ናይ ኣብያተ-ማእሰርቲ ሓላፊ፡ ገለ ሻምበላትን ሒዙ ናብ ካዘርማ ሞሶሊኒ (ሲ.ኣይ.ቢ.) መጺኡ ኣብ መንበር ኮሎኔል መንግስቱ ክፍላይ ኮፍ ኢሉ ነቶም እሱራት ጸውዑዎም በለ። ኮሎኔል ተድላ ኮፍ ኢሉ ሰለስቲኦም ኮሎኔላት መሳርሕቱ ከኣ የማነ-ጸጋሙ ጠጠው ኢሎም፡ ቅድም ንሕና እቶም ሓሙሽተ ኣቲና ብሓደ ኩርናዕ ጠጠው ኣቢሎምና። ብድሕሪኡ እቶም ወይ ፍትሑዎም ወይ ከኣ እሰሩና

ዝብሉ ዝነበሩ በብሓደ ናብ ቅድሚ ኮሎኔል ተድላ እናቐረቡ ይሕተቱ፡ ይጽረፉ፡ ይህደዱ፡ ይስጎጉ ንሕና ከኣ ንዕዘብ። ኮሎኔል ተድላ ንዝቐረበ ሰብ ኣቐዲሙ ወዲ መን ኢኻ ትብል ሕቶ ኢዩ ዘቕርበሉ። ናይ ኣጦካ ፖለቲካዊ መርገጺ ኣንጻር መንግስቲ ምዃኑ እንተ ፈሊጡ'ሞ ጠፊእካ ኢኻ። ካልኣይቲ እትስዕብ ሕቶ "ነዚኦም ትፈልጦም ዲኻ?" ትብል'ያ። ንዓና ነቶም ሓሙሽተ ማለቱ'ዩ። መብዛሕትኦም ኣይንፈልጦምን ኢና ኢዮም ዝብሉ።

ንገለ ዕስራ ዝኾኑ መንእሰያት፡ "ኣጦካ እዚን እዚን እናገበረ፡ ንሸኻ ከኣ ከምዚ ትገብር?" ይብሎም፣ ሓንሳብ ሓንሳብ ከኣ "ኣጦካ ክሸየም ደልዩ ፈቐዶ ሰበ-ስልጣን ጥልዕ-ጉንብስ ይብል፡ ንሸኻ ከኣ ከምዚ ክትገብር! ናይ መን ኣደኹም መንግስቲ ኢኹም ደሊኹም?" ብምባል እናተጻረፈን እናሃደደን ቀጸለ። ቀጺሉ ሓደ ካባና ዕብይ ዝብል መንእሰይ ቀረቡ። እቲ መንእሰይ ወዲ ዓኺይ ብምንባሩ ነቦኡ ክፈልጦ ኣይከኣለን። "እንታይ ኴንካ ኣብዚ ሰልፊ ኣዕገርጊርካ?" በሎ። እቲ ወዲ ብንጹር ዘይኮነ ኣዘራርባ፡ "ሰልፊ ስለምንታይ ከም ዝተገብረ'ኳ ኣይፈለጥኩን፡ ግን መንእሰያት ዝገበሩዎ ክገብር ደልየ እየ ተሳቲፈ፡" ምስ በሎ፡ ካብ መንበሩ ተንሲኡ ክጥሕር! "ንሸኻ ጠላዕ ሰብኣይሲ ዝፈልጦ የብለይን፡ ክገብሩ ርእየ እየ ገይረ ክትብለኒ?" ብምባል መዓት ጸርፊ ኣዝነበሉ። ደሓር ጸኒሑ ኻልኣይ ግዜ ስሙ ሓቲቱዎ ሓደ ነገር ትዝ ኢሉዎ፤

"ንሸኻ እንተ ዘይተጋገየ ኣብ ፖሊስ ስራሕ ክትቁጸር ኣመልኪትካ'ዶ ኔርካ?" ኢሉ ሓተቶ፡ እቲ ወዲ ከይመለሰሉ ከሎ፡ "ወረ ሓደ ካብኻትኩም ድጋፍ ዝገበረሉ ኣሎ... ንሸኻ ዲኻ'ታ!" ይብሎ ንኮሎኔል መንግስቱ ክፍላይ። ኮሎኔል መንግስቱ ክፍላይ ክምልስ ኢሉ፡ "እወ ጎይታይ ኣነስ..." ኢሉ ምስ ጀመረ፡ (ኩሎም ጎይታይ ኢዮም ዝብሉዎ ነይሮም) "ስቕ በል! ዓንጃል!" ኢሉ ስቕ ኣበሎ። ኣብ ልዕሊ ሓደ መሰታኡን መሳርሕቱን ኮሎኔል፡ ከምዚ ዓይነት ዘለፋን ብድዐን ሰሚዕና ኣእዛንና ክንኣምን ኣይከኣልናን። ኩሎም እቶም ኮሎኔላት እንኮላይ መንግስቱ ክፍላይ ከኣ ኣብ ማይ ዝኣተዋ ኣናጹ መሲሎም ደኒኖም ኣጽቀጡ።

ብድሕሪኡ ተንሲኡ ደርጓዕጓዕ እናበለ ወጺኡ፡ እቶም ኮሎኔላትን ሻምበላትን ከኣ ተኸቲሎሞ ገዲፎምና ወጺኦም፡ ንዓና ከኣ ናብ ሸላና መሊሶምና። ሓሙሽተና ምሉእ ለይቲ ብዛዕባ'ቲ ዝተዓዘብናዮ ክነዕልል ሓደርና። እዚ ተድላ ዝብሉዎ ሰብ፡ ናይ ምዝካር ክእለቱ፡ ዓቕሙ፡ ሓይሉን ድፍረቱን ውትህድርና ኣብ ደሙ ኢዩ ኣትዩ ኢልና

ገሪሙና። ኣብ ምሉእ ኤርትራ ዝነበረ ነቑጣታት ፖሊስ፡ ብመሸንጐግ ኢዩ መጓልታዊ ዝቆጻጸሮ። ወተሃደራቱን መኰንናቱን ኣብ ቅድሚኡ ጠጠው ክብሉ ይርዕዱ፡ ልምሉም ዘረባ ዝብሃል ኣይፈልጥን'ዩ፡ ወትሩ ብሓያል ጽምጺ ኢዩ ዝዛረብ፡ ዝእዝዝ። ትእዛዙ ዘይፈጸመ ወተሃደር ኣብኣ ትደዮ ኢዩ ዝብሃል ነይሩ።

መርመራታትና ወዲእና፡ ሕጂስ ተመሃሮ ኢዮም እሞ ኣፈራሪሕና ትምህርቶም ይቒጻሉ ክብሉ እዮም ኢልና እናተጸበና፡ ሳልስቲ ጸኒሑም ንሓሙሽተና ንኣጂፕ ወሲዶምና። ሽዑ ግን ብቐጥታ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ኮሎኔል ተድላ ኢዮም ኣእትዮምና።

ቤት-ጽሕፈት ኮሎኔል ተድላ ንመጀመርታ ግዜ ሽዑ ኢና ርኢናዮ። ኮሎኔል ኣብ ሳሎን ከፍ ኣቢሉና፡ ነቲ ዘእተወና ወተሃደር ሰጕጕ ቀቢዑ ኣውጺኡ ምሳና ከፍ በለ። እንታይ ክብለና ኢዩ ኢልና እናሓሰብና ከለና፡ "ስምዑ! ሕጂ ብናጻ ክነዕልል ኢና። ዘድልየኩም ሕተቱኒ ክምልሰልኩም፡ ኣነ ከኣ ክሓተኩም እየ ከይፈራሕኩም ትምልሱለይ። ንዓይ ሕጂ ከም ኮሎኔል ዘይኮንኩ ከም ተራ ሰብ ቁጸሩኒ፡ ክንካታዕ ከኣ ኢና፡" በለ። ሕራይ ኢልና ተጠማሚትና ስቕ በልና። ሽዑ ኮሎኔል፡ ኣነ እምበኣር ክጅምረልኩም ኢሉ፡ ስለምንታይ ንናጽነት ኤርትራ ከም እንድግፍ ሓተተና። ቅድም ፈሪሕና ደሓር ግን ቀስ እናበለ እቲ ፍርሒ ወጺኡልና።

"ኤርትራውያን ብዝኾኑ ምኽንያት ምስ ኢትዮጵያውያን ዘራኽብ የብልናን። ዘራኽበና ንሳቶም እንጀራ ይበልዑ ንሕና ከኣ እንጀራ ንበልዕ። እዚ ከኣ ሓደ ኢና ዘብል ምኽንያት ኣይኮነን፡" ይብል ሓደ፣ "ኤርትራ ውላድ ኢትዮጵያ ኣይኮነትን። ኣሽንኳይ'ዶ ውላዳ ክትከውን ዝምድና'ውን የብላን" ይብል ካልእ፣ "ኤርትራ ብቑጠባ ርእሳ ኣይትኽእልን ኢያ ትብሉና፡ ግን ክልተ ወደባት፡ ባሕሪን ጨውን ሒዛ እንታይ ከይትኽእል'ውን?" ዝብል ካልእ ወዘተ። በቲ ሽዑ ዝነበረና ደረጃ ንቕሓት ዝከኣለና ተዛረብና።

እዚ ኩሉ ክንብል ከለና ሃዲኡ ይሰምዓና ነይሩ።

ንሱ ከኣ ብግዲኡ፡ "እዚ ጥራይ ኢዩ ምኽንያታትኩም? ንሱ ጥራይ መዓስ ኰይኑ ንሓንቲ ሃገር ሃገር ዘብላ። ኢትዮጵያ ካብ ኤርትራ ዝያዳ ትዓቢ፡ ዝያዳ ትህብትም። ንጉስ ሃይለስላሴ ምሉእ ዓለም ዝፈትዎምን ዘኽብሮምን መራሒ ስለ ዝኾኑ፡ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ እንተ ሓበረት ጥራይ ኢያ ተኽሎርዕን ትማሙቐን። ዝያዳ ኩሉ ግን ንሕና ኤርትራውያን ኣሰላማይ-ክስታናይ፡ ሰረወታይ፡ ኣከለጉዛታይ፡

ሓማሴናይ እናበልና… ኣብ ንሓድሕድና ዘይንቃዶ፡ ከመይ ጌርና ናይ በይንና መንግስቲ ክንተክል ንኽእል ኢልኩም ትሓስቡ?” በለ።

ሓደ ካባና ትቕብል ኣቢሉ፡ “እዚ ኣስላማይ-ክስታናይ፡ ሰረወታይ ሓማሴናይ፡ ኣከለጉዛታይ ዝብሃል ኣተሓሳስባ ፈጺሙ ኣባና ኣብ መንእሰያት የለን፡ ኣጭኹም ኣብ ዓበይቲ ጥራይ ኢዩ ዘሎ፡” በሎ።

“ኣሎ'ምበር፡ ከመይ ዘየሎ። ንኣብነት ሰንበት-ሰንበት ጸወታ ኩዕሶ እግሪ እንትልዩ፡ ብፍላይ ከኣ ጋንታ ሓማሴን፡ ኣከለጉዛይን ሰራየን እንተ ተጻዊተን፡ ንጻኸትኩም ሰንበትኩም ኢያ፡ ንዓና ግን ሰንበትና ኢይኮነትን። ምኽንያቱ እቲ ኩዕሶ ዝስሕቦን ዘይስሕቦን ኩሉ ብዓይኒ ኣውራጃ'ምበር ብዓይኒ ስፖርት ስለ ዘይጥምቶ፡ ዕግርግር ኢዩ ሳዕቤኑ፡” በለ።

“ንሕና ብኸምኡ ኣይንጥምቶን ኢና፡ መብዛሕትኡ ኩዕሶ ዝዕዘብ'ውን ብዓይኒ ስፖርት ኢዩ ዝርእዮ። ንኣብነት ኣብ ጋንታ ሓማሴን ዝጻወቱ ኩሎም ደቂ ሓማሴን ጥራይ ድዮም? ከምኡ'ውን ኣብ ጋንታታት ሰራየን ኣከለጉዛይን ዝጻወቱ ካብ ዝተፈላለያ ኣውራጃን ሃይማኖትን ዝተሓናፈጹ'ዶ ኣይኮኑን? ስለዚ እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ኣጭትኩም ኣብዞም ዓበይቲ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብቶም ኣብ ስልጣን ዘለኹም ዘሎ ኰይኑ ኢዩ ዝስምዓና፡” ምስ በለ ሓደ ካባና፡ ንመጀመርያ ግዜ ሕርቃን ኣርእዩ።

“ትጋገዩ ኣለኹም፡ ፈቐዶ ከተማ ኬድኩም ፈትሹ። ኣብ መርዓ፡ ዓለይ ናብቲ ኣውራጃ'ቲ ኣይህባን'የ ዝብሉ ክንደይ ኢዮም፡ ዋላ ዕርክነት እንተ ርኢኹም ብኸምኡ ብኣውራጃነት ኢዩ ዝኸይድ፡” ኢሉ ከእምነና ፈተነ።

ሓደ ካባና ሸውኡ፡ “ኮሎነል፡ ኣነ ጽብቕቲ ኣብነት ክህበኩም። እዞም ኣብዚኣ ምሳኹም ዘለና ሓሙሽተና፡ ነፍሲ-ወከፍና ብስምን ስም ኣቦናን ጥራይ ኢና እንፋለጥ። ናይ ነፍሲ-ወከፍ ኣቦሓጎ ምናልባት ክንምሕል ከሎና ስጋ እከለ ስለ እንብል ንፈልጦ ኸውን። ስም ዓድና ግን ፈጺምና ሓሲብናሉ'ውን ኣይንፈልጥን። ዋላ ሕጂ ሕተቱና ንፈልጦ የብልናን። እዚ ሕጂ ንሕና መንእሰያት ኣውራጃዊ ስምዒት ከም ዘይብልና ዘረድእ ይመስለኒ። ንሸኻትኩም እዞም ዓበይቲ ኣቦታትና ግን፡ ዋላ ክትላለዩ ከለኹም ስምን ስም ኣቦን፡ ኣቦሓጎን፡ መን ወዲ መን ካበየናይ ዓሌት፡ ዓዲ፡ ኣውራጃ ወዘተ እናሓተትኩም ኢኹም እትላለዩ። ስለዚ እቲ ጸገም ኣጭኹም ኣብዞም ዓበይቲ'ምበር ኣባና የለን፡” ምስ በለ፡ ካብ መንበሩ ተንሲኡ ግንባሩ ብመንዲል ክደርዝ ጀሚሩ። ንሕና ከኣ ብራቕ - ብራቕ እናተበሃሃልና ብሕሹኽታ ንወዳደስ ናብ ካልእ ገጹ ክርኢ ከሎ ከኣ ኣፍና ሓቲምና ንስሕቕ። ደሓር

ጽንሕ ኢሉ፡ “እስኪ ናይ ብሓቂ ንገሩኒ፡ ኤርትራ ንእሽቶ ሃገር ሒደት ህዝባ፡ እዞም ዘሎዉና ወተሃደራት ሓይሊ በረኻ ወሲኽካ ካብ ዓሰርተ ሽሕ ዘይበዝሑ ኢዮም። ስለዚ ኣብ ዓሰርተ ሽሕ ወተሃደር፡ ንኣብነት ኣነ ናይ ጀነራል መዓርግ ክህልወኒ ይኽእል'ዶ መስለኩም?” ኢሉ ሓተተ።

እቲ ሕቶ ኣይተረድኣናን፡ መልሲ'ውን ኣይሃብናሉን። ገሌና እዚ ሰብኣይ እሞ ጀነራል ኢዩ ክኸውን ዝምነ ዘሎ ኢልና ሓሰብና። መን ግን ከምኡ ክብሎ! ንሱ'ውን እታ ሕቶ ኣድላዪት ከም ዘይነበረት ዝተረድኣቶ መሰለና። ምኽንያቱ ብቕጽበት ካብቲ ኣብ መስኮት ጠጠው ኢሉዎ ዝነበረ ናባና ቀሪቡ ኣርእስቲ ብምቕያር፤ “ጃንሆይ ህይወተይ ዘሕልፈሎም ኩርዒዳን ሕያዋይን ንጉስ ኢዮም፡” በለ።

ሓደ ትቕብል ኣቢሉ ከኣ “ንሕና'ውን ንኽብሮም ኢና፣ ምኽንያቱ ንሶም ኣብ ዘስርሑዎ ቤት-ትምህርቲ ንመሃር፡ ንሶም ኣብ ዘስርሑዎ ቤተ-ክርስትያንን መስጊድን ንሳለም፡ ንሶም ኣብ ዘስርሑዎ ሆስፒታል ንሕከም። ንሶም ምስ ው.ሕ.ሃ. ተሰማሚያም ዝሃቡና ፌደረሽን ግን ንሸኻትኩም ተፍርሱዎ ኣለኹም፡” ምስ በለ ክጥሕረና ደለየ።

“መን ኣደኹም ኢዩ ከምኡ በሉ ኢሉ ዝለኣኸኩም። እቶም ዝለኣኹኹም እፈልጦም እየ። እቲ ዘገርም ግን፡ ወዲ ድኻ ዘይረኸበ ዕድል፡ ደቆም ደቂ ሃብታማት ብገንዘብ ጃንሆይ ኣብ ሃገራት ኣመሪካን እንግሊዝን እናተማሃሩ፡ ኣቦታቶም ከኣ ሓደ እግሮም ኣብዚ ሓደ እግሮም ከኣ ኣብቲ ኣሎ። ብዝኾነ ክንረእእ ኢና መዓልቶም ኣላቶም። ወተሃደር! ንዓ ውሰዶም፡” ኢሉ ሰጒጉና።

ኣርቲኮሎ ዴቺ

ካዘርማ ሞሶሊኒ ምስ በጻሕና፡ ኮሎነል መንግስቱ ክፍላይ ካብ ቤት-ጽሕፈቱ ወሪዱ ንወተሃደራቱ መምርሒ ሂቡዎም ክምለስ ርኢናዮ። ለካ እቲ ውሳኔ ክንእሰር ኢዩ። ሓንቲ ናይ ቤት-ማእሰርቲ ናይ ድጓና መኪና ኣብቲ ቀጽሪ ትጽበየና ስለ ዝነበረት፡ በብኽልተ ኣእዳውና ብመቐሕ ኣሲሮም ሰቐሉና። ካብ ትምህርትና ብኸርና ንዓዲ-ኺላ ክንከይድ ምኺንና ርጉጽ ጌርናዮ ብጓሂ ጣዕ በልና። እዚ ሰብኣይ'ምበር ኣዛሪቡ ተጻዊቱልና ኢልና ኣራእስና ኣድኒንና እታ መኪና ተበገሰት። ከባቢ ሰዓት ሓሙሽተ ድሕሪ ቀትሪ ኣቢሉ፡

ድሮ በዓል መስቀል 1960 ኢዩ ነይሩ። እታ መኪና ኣብ ክንዲ ንመገዲ ብሎኮ ጎዳይፍ እተቕንዕ፡ ንየማን ናብ ካቴድራል ገጻ ምስ ተጠውየት፡ ናብ ካርቸሪ መገዲ ዕዳጋ ዓርቢ ክወስዱና ምዃኖም ተረዲኡና። እታ መኪና ቅልዕቲ ኢያ ነይራ፡ እቶም እሱራት ምዃንና ዝፈለጡ የማነ-ጸጋም ከምብሸታቶ ዝነበሩ ጣቕዒት ምስ ደርጉሑዎ ሞራልና ተመሊሱ። ነቲ መቑሕ ከነርእዮም ከኣ ኩልና ንላዕሊ ዊጥ ኣቢልናዮ እናተጣቕዓልና ቀጽሪ ካርቸሪ ኣቶና። ንበይንና ጥራይ ግን ኣይኰንናን። ከሳብ ሽዑ ዘይርኣናዮም ኣዕሩኽናን ገለ ከኣ ዘይንፈልጦምን ሓዊሶም ከባቢ 15 ኣቢልና ኔርና። ካብቶም ኣብኡ ተኣሲሮም ዝቖነዩ፤ ኪሮስ ጻጸ፡ ሃይለ ስዩም፡ ኣማኑኤል ሃይለ ቃሉ፡ መስዋእቲ ገብረህይወት፡ መምህር ምሕረትኣብ ሰለሙን፡ ወዘተ መማህርትናን ኣዕሩኽናን ኢዮም። ዘይንፈልጦም ዝነበርና ኣብቲ ሰልፊ ግን ዝተሳተፉ ካልኦት፡ ሓደ ዓብደላ ዝብሃል ካብ ቤት-ማእሰርቲ ምስ ወጸእና ዳሐራይ ሓሚሙ ዝሞተ፡ ካልኣይ ማሕሙድ፡ ሳልሳይ መምህር ተስፋይ ዝብሃል፡ ርእሶም ዓዲ ገዕዳድ፡ ግርማይ ዝብሃል፡ ተስፋይ ተኽለ፡ ዑንቋይ ዝብሃል ደፋር ተዋዛያይ ወዘተ ነይሮምም። ዝረሳዕኩዎም ሓደ ክልተ ከኣ ኣይሰኣኑን።

ኣብታ ቀጽሪ እትው ምስ በልና ካብ መኪና ወሪድና፡ መቑሕ ተፈቲሑልና ናብ ቤት-ጽሕፈት ካርሸሪ ኣቕረቡና። እቲ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት በብሓደ ስምና ጸዊዑ ምስ ወድአ፡ "ካብ ሎሚ መዓልቲ ንሽኻትኩም ብኣርቲኮሎ ዴቺ (ዓንቀጽ 10) ሕጊ መንግስቲ ኤርትራ ንሰለስተ ወርሒ እሱራት ኢኹም፡ ውሰዱዎም፡" በሎም። ካብ መዓስ ደኣ ሕጊ መንግስቲ ኤርትራ ይሰርሕ፡ ተጋግዩ ደኣ ከይከውን ኢልና ብዓውታ ሰሓቕና።

ሓላፊ ቤት-ማእሰርቲ ወዲ ደስታ ዝብሉዎ ሻምበል ኢዩ ነይሩ። ወዲ ደስታን ሓደ ብስም ኣቡሽንብ ዝጽዋዕ ወዲ ባርካ ሰርጌንቲን፡ ካልኦት ወተሃደራት ናይቲ ቤት-ማእሰርትን ሒዞምና፡ የማነ-ጸጋሙ ዓበይቲ ባራካታት ሓሊፍና ኣብ ውሽጢ እቲ ደምበ ናይ ገዛእ ርእሳ መፍትሕ ዘሎዋ ዛሬባ ኣብ ሓንቲ ንእስ ዝበለት ባራካ ኣእተዉና። ሓንቲ ኮበርታ፡ ኒከሊ ሽሓኒን ኒከሊ ኩባያን ዓዲሎምና ከኣ እቲ ተነጺፉ ዝጸንሓና ስሌን ሻሻ መደቀሲና ምዃኑ ሓበሩና።

እታ መደቀሲትና ባራካ መንበሪትናን ዓለምናን ኰይና፡ ንዓና እኹልቲ'ያ ነይራ። ኣብ ውሽጣ ናይ ገዛእ ርእሳ ዓይኒ-ምድሪ ዘላታ፡ ናይ ማይ ሻምብቆ ካብታ ዓይኒ-ምድሪ ሓንቲ ስድሪ በሪኻ ብኢድካ

ወይ በታ ኩባያ'ምበር፡ ኣካላትካ ክትሕጸበላ ዘይትምችእ ጨቓቕ ኢያ ትብል። ዝተዋህበና መምርሒ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ ነይሩ፤

- ንግሆ ሰዓት ዓሰርተ ካብታ ገዛ ኣብታ ናታ ዛሬባ ንሓንቲ ሰዓት፡ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ከኣ ሰዓት ኣርባዕተ ንሓንቲ ሰዓት ጸሓይ ክንጽሎን ክንንቀሳቐስን ከም ዝፍቀደልና፣

- ካብታ ዛሬባ ንሕክምና እንተ ዘይኰይኑ ፈጺምና ክንወጽእ ከም ዘይፍቀደልና፣

- እታ መደቀሲትና ንባዕላ ካብ ጽልዋ ጸሓይ ምስ ኣቶና ዕስራን ክልተን ሰዓታት ናይ ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ ብደገ ብዓቢ መፍትሕ ከም እትሽጐር፣

- ፍርቂ መዓልቲን ሰዓት ሓሙሽተ ድሕሪ ቀትሪን ናይ ምሳሕን ድራርን ሰዓታት ምዃኑ፣

- ካብታ ዕጽውቲ ዛሬባና ናብታ ገዛ ክንኣቱን ክንወጽእን ኣርባዕተ ግዜ ኣብ መዓልቲ ነፍስ-ወከፍና ተፍትሽ ከም ዝግበረልና፣

- ኣሸንኳይ'ዶ መጽሓፍ፡ ኣብ ዓይኒ-ምድሪ እንጥቀመሉ ወረቐት ዝብሃል ክንሕዝ ከም ዘይግብኣና፣

- ምስ ዝኾነ ደቡን እሱር ርክብ ዝብሃል ከም ዘይህልወና፣

- ምስ ስድራ-ቤት ርክብ ከም ዘይህሉን መግብን ክዳንን ከም ዘይኣትወልና፣

- ክዳን እሱራት ከም ዘይውሃበና ኣካላትና ከም ዘይንሕጸብ...

ሽዑ ዝኣቶናሉ ምሸት፡ ቀትሪ'ውን ስለ ዘይተመሳሕና፡ ኣዚና ጠመና። ሰዓት ድራር ሓሊፉ ከሎ ድማ ድራር ኣምጺኦምልና። ማዕጾ ከፊቶም ክልተ እሱራት ብመድሎ ኣብ መንኩቦም ፍርቂ ፍስቶ ድስቲ ተሰኪሞም፡ ኣቡሽንብ ሒዙዎም መጺኦም። ድራርኩም ኢዩ ኢሎም ከኣ ብዓቢ ጭልፋ ኣብ ሸሸሓኒና ኣቐሚጠምልና። እቲ ድራርና ኣብ ድስቲ ከሎ ርኢናዮ ብኡ-ብኡ ገሌና ክምልሶና ደልዩ፡ ምኽንያቱ ናፍታ ኢዩ ዝመስል። ኣብ ሽሓኒ ምስ ረኣናዮ ከኣ ዝገደደ። ዓጽዮምና ምስ ከዱ እቲ ጸብሒ እንጌራ ዘይብሉ፡ ሓምሊ ቁስጣ ከይተቐርደደን ከይተሓጽበን ኣብኡ ከሎ ብንዩሑ ምስ ጥረ ባልደንጓ ዝበሰለ ኢዩ። ገለ ዕድል ዝገበረ ካብ ዓሰርተ ፍረ ዘይበዝሓ ብሱላት ባልደንጓ ይረክብ። መብዛሕትና ነታ ሓምሊ ብንዋሓ ጥራይ ኮፍ ኢላ ዝነበረት ጕሒፍና፡ ነተን ባልደንጓ ሓጺብና በሊዕና ተደሪርና። እቶም ባልደንጓ ዘይረኸቡ ከኣ ነቲ ቆስጣ ጕሒፎም ከክልተ-ሰሰለስተ

ባልደንን ኣዋጺእና ሂብናዮም ንዕኦን በሊያም ሓደሩ። እዚ በሊዕና ሰለስተ ኣዋርሕ ብኸመይ ክሓልፍ ኢዩ ክእ ኣተሓሳሰበና።

ኣማኑኤል ወዲ ሃይለ ቃሉ ኣዝዩ ተዋዛያይ ኢዩ ነይሩ። ሽሓኒኡ ፈቲሑ ኣብ ክንዲ ሓምሊ ቁስጣ፡ ሓንቲ ነዋሕ ዕብይ ዝበለት ጨርቂ ረኺቡ ኣንጠልጢሉዋ።

"እዋይ! ተዓዲለ! ናይ እግሪ ሹራብ ረኺበ! ሎሚ ሹራብ፡ ጽባሕ ክእ ካናቴራ እንተ ረኺበ ክዳን ተኸዲነ እየ ንገዛይ ዝኣቱ፡" ምስ በለና ብስሓቕ ተፋሒስና። ነቲ ዝነበረና ሕርቃንን ኩራን በዛ ዋዛዚኣ ዓጠም ኣቢሉ ስለ ዝሰበራ ክእ ሽዑ-ንሽዑ ኣብ ዲቕ ዝበለ ጓይላ ኣተና። "ዓደየ ዓዲ ጀጋኑ፡" ክንብል ወጊሑና።

ንጽባሒቱ ንግሆ ናይ ምጽላው ጸሓይ ሰዓትና ኣኺሉ ኣብታ ንእሽቶ ዛሬባና፡ ገለ ኮፍ ኢልና ክዕልል፡ ገለና ክእ ምውሳዋስ ክኸውንና ነታ ዛሬባና ክንኮላ ከሎና፡ 33 እሱራት ኣብ ኣእጋርም ክንዲ ቅልጽም ሰብ ዝምርጓዱ ሰንሰለት መቑሕ ዘሎዎም፡ ዋዕ-ዋዕ እናበሉ ሰንሰለት ኣእጋሮም ሓጨው-ጨው እናበለ መጺኦምና። ብድሕሪት ዛሬባና ዝነበረት እፍደገ ተኸፊታትሎም ኢዮም መጺኦም። ንዓኣቶም ምስ ረአና ተዓኒድና። በታ ዛሬባና ሰንጢቖም ሓሊፎም ኣብ ካልእ ጸሓይ ዝጽለዉላ ቦታ ኢዮም ዝወስዱዎም ነይሮም። ገለ ካብኣቶም ጸጉሪ ርእሶም ዛዕዚሩ ጀብጀብ፡ ገሊኦም ጎታናት፡ ገሊኦም ጨሓማትን ልጹያትን ኰይኖም፡ ብዝተፈላለየ ገበን፡ ቸንቶ ኳትሮ (ዓንቀጽ 104) ሕጊ መንግስቲ ኤርትራ ንሞት ዝተበየነሎም ኢዮም። ደኹንምበር መብዛሕትኦም ተስፋ ክይቆረጹ ይግባይ ዝበሉ ከም ዝነበሩ ፈሊጥና። እዞም ሰብ መቑሕ፡ ክሓልፉና ከለዉ ገለ ካብኣቶም፡ "ኢጆኹም እናብስ፡ ቤት-ማእሰርቲ ናይ ሰብኡትዩ" ስለ ዝበሉና፡ ስለምንታይ ከም ዝተኣሰርና ዛጊት ፈሊጦም ከም ዝሓደሩ ተገንዚብና። ሓደ ካብኣቶም ንሓደ ጣልያን ቀቲሉ ተባሂሉ ንሞት ዝተፈርደ፡ ተኽልዝጊ ዘርአ (ኣሽዓል) ኢዩ። ብቕድሜና ክሓልፉ ከለዉ፡ እናተጨራረቑ እናተደጓደጉ ዋዕ-ዋዕ ይብሉ ስለ ዝነበሩ፡ ኩነታቶም ተዓዚብና ምስ ናትና ኣዛሚድናዮ፡ ሞራልና ክእ ክብ በለ።

ከምኡ'ውን በዓል ሳልሕ ማሕሙድ ኩሎም ብዓንቀጽ ኣርቲኮሎ ዴቺ ተኣሲሮም፡ ብላታ ዑመር ቃዲ ክእ ከምኡ ንበይኖም ኣብ ፍልይቲ ሽላ ከም ዘለዉ ድሕሪ ሳልስቲ ፈሊጥና።

ናብራ ቤት-ማእሰርቲ ፍሉይ ኢዩ፣ ናትና ናይ ኣርቲኮሎ ዴቺ እሱራት ክእ ዝያዳ ዝተፈልየ። ምኽንያቱ ኣብ ኩሉ ኣብያተ-ማእሰርቲ

ኤርትራ፡ ብቤት-ፍርዲ ዝተበየነሉ እሱር፡ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ምስ ኣተወ፡ ብቕጽበት ርእሱ ይላጸ፡ ክዳን እሱራት ይኽደን፡ ሳሙና ሓንሳብ ኣብ ወርሒ ትወሃቦ፡ ኣካላቱ እንተ ወሓደ ኣብ ሰሙን ሓንሳብ ይሕጸብ፡ ነፍሲ-ወከፍ ቀዳም ከእ መግቢ ካብ ስድራ ይመጸሉን ይረኽብን። እዛ ምስ ስድራ ምርኻብ "ኮሎክዮ" ኢያ ትብሃል፡ ብቋንቋ ጣልያን (ኰል ኣክዮ) ዓይኒ ንዓይኒ ማለት ኢያ። ናትና ግን ብወግዓዊ ቤት-ፍርዲ ስለ ዘይሓለፍና እዚ ኩሉ መሰላት ኣይነበረናን። መግቢ ደኹን ክዳን ካብ ስድራ ኣይንረክብን፡ ኣይንሕጸብን፡ ምስ ስድራና'ውን ኣይንራኸብን። ስለዚ ምስታ ክትእሰር ከለኻ ተኸዲንካያ ዝመጻእካ፡ ብርስሓትን ቁማልን ዓቲኽካ ክትነብር ኢዩ ፍርድኻ። እቲ ዝዓበየ መቕጻዕቲ ዝቖጽሩዎ ክእ ንሱ ኢዩ።

ኣመጻጽኣ ኣርቲኮሎ ዴቺ፡ ስርዓት ሃይለስላሴ ንዝነበሩ ናይ ፖለቲካ ሰልፍታትን ጋዜጣታትን ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታትን ኣጊዱ ንኹሎም ተቓለስቲ መስተንፈሲ ምስ ከልኦም፡ ብገለ ዘይሕለሉ ተቓለስቲ፡ ሓደ "ጉጅለ ፈደራላውያን" ዝስመ ማሕበር ቆይሙ። ካብቶም ፍሉጣት ኣንቀሳቓሲቱ ክእ በርሀ ዓንድኪኤል፡ ሓሰን ዓ ብደልቃድር፡ ተስፋዝጊ ካፍል፡ ዘሚኪኤል ዑቕባንኪኤል፡ ተስፋይ ረዳእን ካልኦትን ነይሮም። ቅድሚኡ ግን ኣብ 1951-52 ሽፋቱ ስለ ዝበዝሑ፡ ደገዝማት ተድላ ባይሩ መራሒ መንግስቲ ኰይኑ ኣብ ስልጣን ምስ ደየበ፡ ንሽፋቱ ንምዕጋስ ነዛ ዲሓራይ ብዓንቀጽ 10 እትፍለጥ መቕጽዒት ክትወሃቦ ኣሚሙ ነይሩ። ስለ ዘይተፈቕደትሉ ከእ ንገለ ዓመታት ተወንዚፉ ጸኒሓ። ዲሓራይ ግን ካብ 1955-56 ኣትሒዙ ኣንጻር መንግስቲ ተቓውሞን ሰላማዊ ሰልፊ ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ስለ ዝበዝሐ፡ ተቓወምቲ ንምርዓድ፡ ንመራሒ መንግስቲ ቢትወደድ ኣስፍሃን ኮሎኔል ተድላ ዑቕቢትን ጥራይ ከም ድላዮም ክኣስሩ ኣርቲኮሎ ዴቺ ተፈቒዳትሎም። ንእብነት ኮሎኔል ተድላ ብተቐዋምነት እንተ ጠርጢሩካ ጥራይ፡ ዋላ ካብ መገዲ ሒዝኩም እሰሩዎ ብምባል ብመሰረት ኣርቲኮሎ ዴቺ ንሰለስተ ወርሒ ክኣስረካ ይኽእል። መራሒ መንግስቲ ቢትወደድ ኣስፍሃ'ውን ከምኡ። እታ ማእሰርቲ ንሰለስተ ወርሒ ጥራይ ኢያ ትብል፡ ደኹንምበር እንተ ደልዮም፡ ካብ ማእሰርቲ ከይወጻእካ ከለኻ ኣብታ እፍደገ ኣብጺሖም ተደጊምካ ኣለኻ ኢሎም ኣብኡ ክንብሩኻ ስልጣን ኣሎዎም። ስለዚ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ክፍታሕ እየ ኢልካ ክትተኣማመን ኣይትኽእልን ኢኻ።

ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ኣብ ሳልስቲና ብቑማል ተወሪርና። ዝበዝሕ

ግዜና ቁማል እናቐመልና ሰሓቕን ዕላልን'ዩ። ክፍ ኢልካ ምውዓል ዕላልን ሰሓቕን ግን ዶብ ስለ ዘሎዎ ክትሰልኪ ናይ ግድን ኢዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ኣብ መደቀሲናን ኣብታ ጸሓይ እንጽለወላ ዛሬባናን ብእምኒ ሓናጺጽና ካብቲ መግብና ዓበይቲን ንኣሽቱን ባልደንጓ ጌርና ዳማ ንጻወት፣ ውድድር ነካይድ፣ ዝሰዓረ ባልደንጓ ይሽለም። ጸወታ ዳማ ንኪርስ ጻጸ ዝወዳደሮ ኣይነበረን። በዚ'ውን ደኺምና ረብሪብና። ብድሕሪኡ ሓደ ተኸለ ዝብሃል ኣላይ ሕሙማት መንእሰይ ብምስጢር መጽሓፍቲ ሓቢኡ ከምጽኣልና ለሚንናዮ። ተኸለ ደጋፊ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኣዱሊስ ድሒሩ ከኣ ኣባል ሓራካ ኢዩ ነይሩ። መብዛሕትእም ተጸወትቲን ደገፍቲን ጋንታ ኣዱሊስ ከኣ ካሕሳይ ወዲ ልቢ ዝመራሒኦም ሃገራውያን፣ በዓል ትኩእ ይሕደጎ፣ ክልተ ደቂ ማርያኖ፣ በርሀን ጊላን ወረደ "ቀጣ" ካልኦትን ዘለዎም፣ ኣባላት ኩዕሶ እግሪ ጋንታ ኣዱሊስ እዮም። ስለዚ ተኸለ ከይፈርሐ ሓቢኡ ሓንቲ መጽሓፍ ኣምጺኡልና። ንሳ ምስ መለስናሉ ከኣ ካልእ እናምጽአ መዘና ዘይብሉ ሓገዝ ገይሩልና።

ብላታ ዑመር ቃዲ'ውን መጽሓፍ ይፈትዉ ስለ ዝነበሩ ሓቢኦም የእትዉሎም እሞ ንሰም'ውን ኣንቢቦም ይሰዱልና ነይሮም።

ዝመጸትና መጽሓፍ ኩልና ብግዕሪ ኢና ነንብባ። ኣቐዲምና ዝርዝር ኣስማት ንሰርዕ። ደሓር ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ሓንቲ ሰዓት ኣንቢቡ ነቲ ድሕሪኡ ዘሎ የረክብ፣ ንሱ ከኣ ነቲ ድሕሪኡ ዘሎ የመሓላልፈሉ። እታ መጽሓፍ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ብቐጻሊ ትንበብ። ሰዓት ስለ ዘይብልና ከኣ ብናይ ካቴድራለ ደወል እናቖጸርና ደቒቕ ኣይንጋገን ኔርና። ለይቲ ሰዓት ሰለስተ ናይ ንግሆ ዝበጽሖ ኣሎ፣ ነቒኺቕካ ተተንስእ የንብብ፣ ድቃስ ዝመረጸ ከኣ ትሓልፎ። ኩልና ግን ኣይንህከን ኔርና። መብራህቲ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓት ስለ ዘይትጥፋእ ከኣ ይጠቕመና ነይሩ። ከምዚ እናገበርና ገለ ዓሰርተ ኻብውን ኣብ ሓጺር ግዜ ኣንቢብና ነታ መጽሓፍ ንመልሳ ካልእ ከኣ ትመጸና። ከም ዘይርከብ ከኣ ንሓብእ። መጽሓፍ ጥራይ ኣይኮነንን ግን ንሓብእ፣ ኣብ ዓይኒ ምድሪ እንጥቀመሉ ጭርምራም ወረቐት'ውን ንሓብእ ኔርና።

ህይወት ቤት-ማእሰርቲ ከምዚ እናኾነ ከሎ፣ ሓደ-ሓደ እዋን ወረ ክንረክብ ኢልና ሓሚምና ንብል እሞ፣ ኣብቲ ኣብ ውሽጢ ቤት-ማእሰርቲ ዘሎ ክሊኒክ ኬድና ሰባት ከነዛርብ ሃሰስ ንብል። ብኽንደይ ጥርዓን ሓደ ወይ ክልተ ካብቶም ዝሓተትና ይወስዱና። ንሕና ብዓንቀጽ 10 ዝተኣሰርና ምስ ሰብ ስለ ዘይንራኸብ ግን ወተሃደር

ኣሰንዩና ኢዩ ዝኸይድ። ሓሚመ ኢልካ ምኽንያት ፈጢርካ ኣብ ክሊኒክ ምድቃስ'ውን ንሃርፎ ኢና። ምኽንያቱ ኣብ ጽቡቕ ዓራት ምድቃስን ጥዑይ መግቢ ምብላዕን ስለ እንምነዮ። ግን መን ክረክቦ። ብደገ ዝጸዓሩሉ እሱር ናይ ማእሰርቲ ግዜኡ ብምሉኡ፣ ኣብቲ ክሊኒክ ክሕልፎ ይኽእል'ዩ። ካባና ነዚ ዕድል'ዚ ዝረኸበ ኣማኑኤል ገሬሱስ ጥራይ ኢዩ። ኾኢልተ ወርሒ ኣብ ሆስፒታል ክድቅስ ተፈቒዱሉ፣ ነዊሕ ከይጸንሐ ድማ ካብ ማእሰርቲ ተለቒቑ።

ኣብቲ መዓልቲ ሰላማዊ ሰልፊ ብረት ዝብሃል ከይንሕዝ ተበሃሂልና ከነብቅዕ፣ ኣነን ኣማኑኤል ገሬሱስን ተሓቢእና ንማላእ ተበሃሂልና ንሱ ናይ ኣቦኡ ኣብ ቀረባ ረኺቡዋ ተማሊኡዋ፣ ምስ ሽጉጡ ኢዩ ተታሒዙ ነይሩ። ኣነ ግን ብመፍትሕ ተቖሊፉ ክረኽባ ስለ ዘይከኣልኩ ሽጉጥ ሒዘ ኣይወጻእኩን።

ድሕሪ ክልተ ወርሒ ኣቢሉ ገለ ካባና ክፍትሑ ጀሚሮም፣ ንሕና ከኣ ተስፋ ጌርና። እታ ቀዳመይቲ ሰለስተ ወርሒ እንተ ተወዲኣ ክንፍታሕ ምዃንና ግን ኣረጋጊጽና። ካብቶም ሓሙሽተና ድማ ብዘይካ ኣማኑኤል ገሬሱስ ዝወጸ ኣይነበረን። መነባብሮ እዚና ጸሊእናዮ፣ ዓሪቕና፣ ረሲሕና፣ ዘኒፍና። ማይ ክንሕጸብ ከዳንን መግቢን ካብ ስድራና ይምጽኣልና ኢልና ተደጋጋሚ ጠሪዕና ኣይኮነልናን። እቲ ዝዓበየ ጸዕሪ ዝካየድ ዝነበረ ግን ብደገ ብስድራና ኢዩ ነይሩ። ኩሎም ተድላ ንስድራና ኣቕቢጹዎም፣ ኣቦታት ደኺሞም ኣደታት ኣጂፕ እናኸዳ ኡይ እንተ በላ ዝሰምዐን ስኢንን።

ካብ ኩሉ ቁማል ክዳንን ርእስን በርቲዑና ክንላጸ ለሚንና ሕራይ ኢሎምና። ኣነ ሰለስተ ወርሒ ዳርጋ ኣኺሉ ኢዩ ኣይላጸን ኢለ ስለ ዘቕበጽኩ ኣብ ሓንቲ ጸልማት ሸላ ንሰለስተ መዓልቲ ተኣሲረ ወጺአ። ሽዑኡ'ውን ኣይላጸን ኢለ ኣብየ።

ኣርቲኮሎ ዴቺ ደጊሱ

ወርሒ ታሕሳስ ቅድሚ ምውድኡ፣ ሰለስተ ወርሒ እትኣኸለላ መዓልቲ ከም ነፍሲ-ጾር ንቐጽረን ስለ ዝነበርና፣ ብድሮኣ እዚና ተሓጒስና ጓይላ ገበርና። ምስ ወግሐ ቁርሲ ቆሪስና ክንወጽእ ተሃዊኽና ኣርፊድና። ሰዓት ትሽዓተ ምስ ሓለፈ ናብ ቤት-ጽሕፈት ተጸዊዕና ኬድና። እታ ቤት-ጽሕፈት ኣብ ጥቓ እቲ ዓቢ ኣፍደገ

ኢያ። እቲ ጸሓፊ ኣብ ኣፍደገ ቤት-ጽሕፈቱ ፋይላትና ሒዙ ውጽእ ኢሉ፡ በብሓደ ኣስማትና ድሕሪ ምጽዋዕ፡ "ንሸኻትኩም ንካልኣይ ሰለስተ ወርሒ ተደጊምኩም ኢኹም፡" ብምባል ናብ ቦታና ክንምለስ ኣዘዘ። ዘይተጸበናዮ ስሚዕና ከአ ከም እንደገና ሰንቢድናን ጒሂናን። ብዘይ ዘረባ ርእስና ኣድኒንና ንቦታና ክንምለስ፡ ጸሓይ ክጽሎ ወጺኡ ዝነበረ ማእለያ ዘይብሉ እሱር ብምሉኡ ብሓዘን ናባና ገጹ ይጥምት ነይሩ። ኣብታ ክፍልና ምስ በጻሕና፡ ሓላዊና ኣቦይ ዑስማን'ውን ፈሊጦም ጸኒሖም'ኳ እንተ ነበሩ ምሳና ሓዚኖም። "ኣጆኹም እዞም ደቀይ፡ ሰለስተ ወርሒ እኮ ሰለስተ መዓልቲ ኢየን፡ ቀልጢፈን ኢየን ዝዕዘራ፡" ብምባል ከጸናንዑና ፈተኑ። ይኹን'ምበር ኩልና ኣብ ስድራናን ኣዕሩኽትናን ዘሎና ናፍቖት መሊሱ ገንፈለ። ኣነ'ሞ ናይ መርዓተይ ናፍቖት ብዓይነይ ክወጽእ ደልዩ ምኽኣሉ ሰኣንኩ።

ኣብ ሓሳባት ጥሒልና ከፍ ኢልና ጸሓይ ክንጽሎ ከሎና፡ ማዕጾ እሱራት ቸንቶ ኳትሮ (104) ተኸፊታ። ወተሃደር ኣሰንዩዎ ሓደ ጥራይ ሰንሰለቱ ሓጨውጨው እናበለ መጺኡ። ቈሊሕ እንተ በልና ወዲ ዘርአ ኢዩ። ኣብ ጥቓና ምስ በጽሐ ቀው ኢሉ ጠሚቱና ከም ዝጉሃና ተገንዘቡ።

"ኣትን ደቂ! እምበር'ዶ ኒሕ ኣሎክን! ከምቲ ዕፉንሲ ከም ሰብኣይ ይጭሕም፡ ከም ቈልዓ ከኣ ይሕዘል ዝብሃል ምስላ'ምበር ኳንክን። ናይ ሰብኡት ስራሕ ሰሪሕክን ተኣሲርክንሲ ሕጂ ካልኣይ ሰለስተ ወርሒ ተደጊምና ኢልክን ትኹርያ! ኣነ'ኳ እዚ ትርእይኦ ዘለኹን ሰንሰለት እግረይ ክወጸለይ ተሰፋ ኣሎኒ። ሻካሊ! (ወኻሩ)፡" ኢሉና ኢዱ ሰንድዩ ገዲፉና ከደ።

ሽዑ ንሓድሕድና ተጠማሚትና ሓቂ'ዩ! ሓቂ'ዩ! ኢልና ከም እንደገና ኣብ ዲቕ ዝበለ ጓይላ ኣተና። ወዲ ዘርአ ምእንቲ ከምኣ ክብለና ሕክምና ክኸይድ ከም ዝሓተተ ተረዲኡና። ሕክምና በጺሑ ክምለስ ከሎ፡ ጓይላ ተኺልና "ዓደየ ዓዲ ጀጋኑ" ክንብል ምስ ጸናሕናዮ ተሓጒሱ ክርትም ኢሉ እናሰሓቐ "ሕጂ ሰብኡት ኳንክን፡" ኢሉና ሓሊፉ። ኩልና ከኣ ናቱ ብይን እንተ ወሓደ ኣብ ሕልፈት ክትዝብለሉ ተመኒናሉ። ምኽንያቱ ብሓይሉን ብትብዓቱን ኣብ ኣሰመራ ንወዲ ዘርአ ዘይፈቱ መንእሰይ ኣይነበረን። ብድሕሪኡ ምርጫ ስለ ዘይብልና፡ ማእሰርቲ ናትና ኢልና ክንሕዞ ወሲንና መዓልቲ ምቑጻር ገዲፍናዮ። ስድራ-ቤትናን ፈተውትናን'ውን ከማና ናትና ኢሎም ክቕበልዎ ተሰፋ ገበርና።

እዚ ምስ ኮነ ኣነ ብቐጻምነት ርእሰይ ክላጸ ሓተትኩ። ሓንሳብ ኣቢኻ ኢኻ ተባሂለ ከአ ተኸላእኩ። ዝበልኩ እንተ በልኩ ዝሰምዓኒ ሰኣንኩ። መመሸጢ የለን፡ ሳሙና መሕጸቢ የለን፡ ጋዕጊዐ፡ ጨጕረ ቊማለይ ስንጭሮታት ርእሰይ ጸቢቡዎም፡ ንታሕቲ እናወረዱ ምስቶም ጸዓዱ ናይ ክዳን ቊማል ብብዒሎይ ብዒሎኻ ኵናት ክገጥሙ ክግህጹኒ ድቃስን ዕረፍትን ሰኣንኩ። ኣነ ከም ህዝበይ ትም ኢለ ክይላጸ፡ በታ ባዕለይ ዝገበርኩዋ፡ ናይ ርእሲ ቊማል ስለ ዝበዝሑኒ እየ'ምበር፡ ኩልና ሓኸፍ-ሓኸፍ ክንብል ኣብ ዓባቻት ኣማል ኢና ተለዊጥና ኔርና። ብፍላይ እቲ ተዋዛያይ ኣማኑኤል ሃይለ ኣዝዩ ሃካይ ስለ ዝነበረ፡ ንሕና ኣሳፊሕና ክንቆምል፡ ንሱ "እንታይ ዝገበሩ ፍጥረት ኢዮም፡ ካባና ክቕለቡ እንድዮም ተፈጢሮም። ኣነ ለዋህ ስለ ዝኾንኩ እየ'ምበር ከማኹም ምቚማል መዓስ ጠፊኡኒ፡ ንሸኻትኩም ግን እንቶም ጨካናት፡" እናበለ ኢዩ ዝጸርፈና። መዳቕስቲ ኪሮስ ጸጸ ኢዩ ነይሩ። ቅድሚ ምድቃስካ እንተ ዘይቆሚልካ ምሳይ ኣይትድቅስን ኢኻ ኢሉ ክኸልእ ከሎ'ሞ፡ ኣብ መንጎኦም ዝውላዕ ቆይቍ፡ ክሳብ ንነብዕ ክብዲና ብስሓቕ ኢና ንቕስል።

ኣደቓቕሳና ካብ መጀመርታ በብኽልተ ኢና ጌርናዮ። ምኽንያቱ እቲ ተንኮበት መንጸፍና ስለ ዘኹርኩሓና፡ ሓንቲ ኮበርታ ዓጺፍና መንጸፍ፡ ሓንቲ ከአ ዘርጊሕና ክልተ ሰብ ንኸደና ኔርና። ኣነን ኣማኑኤል ተሰፋጽዮንን ፍሉጣት ብመደብ እንቕምል፡ ዲሲፕሊን እንሕሉ መዳቕስቲ ኢና ኔርና። ኩሉ እሱር ተላጽዩ ንበይነይ ጸጕረይ ዛዕኾሩ ብቚማል ተበሊዐ ስለ ዝነበርኩ ግን፡ ሓደ መዓልቲ ኣማኑኤል ምሳይ ኣይትድቅስን ኢኻ ኢሉኒ። ብምርድዳእ ቆንስላትና ስሒብና ከአ ናይ ድቃስ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናና በቲኽና።

ኪሮስ ብምቁር ዕላሉ፡ ወዲ ሃይለ ቃሉ ብዘይነጽፍ ዋዛታቱ፡ መስዋእቲ ብፌጠራ ጽውጽዋያቱ፡ ተስፋይ ተኽለ ብመዝሙሩ፡ ርእሶም ብናይ ኣመሪካውያን እንግሊዝኛኡ ብናብራ ማእሰርቲ ኣይሰልከናን። እዚ ኩሉ ስለ ዘሎ ከአ ጭንቀትን ትካዘን ካባና ርሑቕ'ዩ ሰፊሩ።

* * *

ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1960 ሓደ መዓልቲ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ዘይንቡር ሸበድበድ ተራእየ። ጸሓይ ክይንጽሎ ተኸሊእና ኣብታ ሸፋና ወዓልና። ደርጓዕጓዕ ወተሃደራት ንሰምዕ። እንታይ ኢዩ ተረኺቡ ተጨኒቕና ሓዲርና፡ ውዒልና ምኽንያቱ ዝነገረና ስኢንና። ንምሸቱ ናይ ግድን ሕክምና ሓደ ሰብ ክንሰድድ እሞ እንተ ወሓደ ንተኽለ

ኣላይ ሕሙማት ክንውክሶ መደብና። ሓደ ካባና ሕሙም ዝነበረ፡ ተጸሊኡኒ ኢሉ ወሲዶሞ። ክሳብ ዝምለሰና ገለ ወረ ክንሰምዕ ነታ ፍርቂ ሰዓት ጠዊና ጠዋዊና ኣብ ፍርቂ ደቓቕ ክንመልሳ ኣይጸላእናን። እቲ ብጸይና ንተኽለ ብዕድል ስለ ዝረኸቦ ነጊሩዎ እታ ወረ ረኺብናያ።

ኣብ ኣዲስ-ኣበባ፡ ሓደ መንግስቱ ንዋይ ዝብሃል ናይ ንጉሳዊ ሓለዋ (ክብር ዘበኛ) ላዕለዋይ ኣዛዚ ጀነራል፡ ምስ ብጾቱ ዕልዋ ገይሩ ተባህለ። ሽዑኡ ዝተሰምዓና ሓጐስ ክገልጾ ኣይክእልን። ከምዛ መንግስቱ ንዋይ ምእንቲ ኤርትራ ኢሉ ዕልዋ ዝገበረ'ዋ፡ ንኤርትራውያን ናጽነትና ንሃቦም ዝብል፡ ጓይላ ውዒልና ሓዲርናዮ። ርግጽ ኢልና ክንትንትን ምስ ጀመርና ግን ናይ ኢትዮጵያ ዕልዋ ንኤርትራ'ዋ እንታይ ለውጢ ከምጽኣላ ኢዩ፡ ይኹን'ምበር ለውጢ ኩሉ ሳዕ ገለ ነገር ስለ ዘምጽእ፡ እንተ ተዓወተ ይሓይሽ ይኸውን ኢዩ በልና።

ንጽባሒቱ ተኽለ መድሃኒት ነቲ ሕሙም ከምጽእ ምኸኒት ፈጢሩ ብኣካል መጺኡና። እቲ ዕልዋ ከም ዝፈሸለ፡ ንጉስ ሃይለስላሴ ገይሹ ነይሩ፡ መገሽኡ ኣቋሪጹ ንኣዲስ-ኣበባ ከምለሰ ብኣስመራ ከም ዝሓለፈ፡ ኣብ ኣስመራ ዝነበረ ናይ ኣመሪካ መደበር ቃኘው ብዝገበረሉ ናይ ምዕቡል መራኸቢታት ደገፍ ተኣማሚኑ ናብ ሃገሩ ከም ዝተመልሰ፡ ቢትወደድ ኣስፍሃ ኮሎነል ተድላ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ከም ዝተቐበሉዎም ነገረና። ዘሕዝን ወረ ሰሚዕና ከኣ ኣብ ናብራ ቀደምና ተመለስና።

ሳልስቲ ብድሕሪኡ ንነብያት ነጋሲ ናብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ ኣጂፕ ትድለ ኣለኻ ኢሎም ወሲዶም። ሕጂ ከኣ እንታይ ኢዮም ደልዮምና ኢልና እናሓሰብና፡ ነብያት በጺሑ ድሕሪ ኣርባዕተ ሰዓት ኣቢሉ ተመሊሱና። ምኽንያት መጸዊዑኡ፡ ንሸፋትኩም ምስቲ ናይ መንግስቱ ንዋይ ዕልዋ ምትእስሳር ነይሩኩም ዝብል'ዩ። ነብያት ግን ኀሪሑ፡ ብዛዕባ'ቲ ዝበሉዎ ዕልዋ ፈጺምና ከም ዘይፈለጥናን ምስ ዝኾኑ ይኹን ፈተነ ምትእስሳር ከም ዘይብልናን ቃል ሂቡ ከም ዝተመልሰ ኣዕሊሉና።

ንጽባሒቱ ከም እንደገና ንዓይን ንመምህር ምሕረትኣብ ሰሎሞንን ኣብ ኣጂፕ ትድለዩ ኣሎኹም ኢሎም ብናይ እሱራት መኪና ወሲዶምና። ኣጂፕ ንግሆ ሰዓት ትሽዓተ ምስ በጻሕና፡ ገለ ንስራሕ ዝወሃብ ፈተና ስለ ዝነበረ፡ ናይ ፖሊስ ናይ ገበን ምጽራይ ምስክር ወረቐት ክወስዱ ካብ ሚእቲ ንላዕሊ ዝኾኑ መሳቱና ጸኒሖምና። ኣነን ምሕረትኣብን ክዓውንትና ጠቂሩን ተቐዲዱን፡ ፍሒራታት ክንመስል

ጥራይ እግርና፡ ብመቑሕ ተኣሲርና ምስ ረኣዩና ብስምባደ ኣማዕድዮም ብስቕታ ይጥምቱና። እቶም ንፈልጠም እሞ ከኣ ገጽና ክርእዩ ስለ ዝተሰከፉ ደኒኖም ይጥወዩ። እቲ ጉዳይ ተረሲዑ ኣብ ዋኒኖም ስለ ዝኣተዉ ከም ዝሓፈሩ ሽዑ ተረዲኡኒ። መምህር ምሕረትኣብ “እዘን በጅባጃት ትርእየን'ዶ ኣለኻ፡ ገጸን ይጠውያ! ፈራሐን እኳ'የን፡” ኢሉኒ።

“ፈራሓም ኣይኮኑን ምሕረትኣብ፡ ሓፊሮም ኢዮም፡” ኢለዮ። ድሕሪ ሓደ ሰዓት ኣቢሉ መጀር ይግዛው ኻኽልተና ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ኣእትዩና። ሽዑ መጀር ኻኽልቴና ኣብ ቅድሚኡ ጠጠው ኣቢሉ፤ “ንሸፋትኩም ኣብ ኣስመራ መራሕቲ ኣለዉኹም፡ ምስ ኣዲስ-ኣበባ ከኣ ርክብ ነይሩኩም፡” በለና።

“ንሕና ከኣ ኣብ ኣስመራ ሓለፍቲ የብልና፡ ምስ ኢትዮጵያ ከኣ ርክብ የብልና፡” ኢልና ምስ ኣቕበጽናዮ፡ ሽዑ-ሽዑ ኣብ እንዳ ሓደ ጠበቓ ዝሰርሕ፡ ኣብ ከተማ እንፈልጦ ኣማኑኤል ዝተባህለ ሰብ ኣቕሪቡልና። እቲ ወዲ ብዕድመ ካባና ዝዓቢ ኢዩ፡ ብምቕጥቃጥ ኩሉ ገጹ ሓቢጡ ረአናዮ።

“ቀልጥፍ! ተኪኤን ምሕረትኣብን እንታይ ኢዮም ኢሎምኻ! ቀልጥፍ ተዛረብ፡” በሎ መጀር ይግዛው።

“ተኪኤን ምሕረትኣብን ኣብ ኣስመራ ሓለፍቲ ኣሎዉና ኢሎምኒ፡” ይብል ደኒኑ ጉሪምርም እናበለ። ክልቴና ኣንታ ሓሳዊ እናበልና ብሓንሳብ ክንጥሕር፡ መጀር ሃዲዱ ሱቕ ኣበለና። ኣብ መወዳእታ ቃልና ብጽሑፍ ሂብና ናብ ዝነበርናዮ ክንምለስ ከለና ምሕረታኣብ ወዲ ዓዱ ምዃኑ ነጊሩኒ።

ዳሓራይ ከም ዝፈለጥናዮ ግን፡ እቲ ወዲ ካብ ኣጂፕ ናብ ካዘርማ ሞሶሊኒ ምስ መለሰም፡ ሓደ ከምኡ ብፖለቲካ ዝተኣስረ ዕብይ ዝበለ ሰብ፡ ኣበይ ኔርካ ኢሉ ሓቲቱዎ፡ ኩሉ'ቲ ኣብ ኣጂፕ ከይዱ ብዛዕባ ክልቴና ኢሎምኒ ኢሉ ዝሃቦ ቃል ነጊሩዎ። እቲ ሰብኣይ ነዚ ወዲ ጸሪፉ፡ “ብዓቢኻ ምቕጥቃጥ በዚሑኒ ኢልካስ ዘይበሉኻ ኢሎምኒ ኢልካ ሰባት ከተጥፍእ። በል ሕጂ ወተሃደር ኢልካ ጸውዕ'ሞ፡ ንመጀር ይግዛው ዘይሓበርኩዎም ኣገዳሲ ሓበሬታ ስለ ዘሎኒ ንኣጂፕ ወሰዱኒ በሎም። ኣብኡ ምስ በጻሕካ ከኣ ወረቐት ሃቡኒ ባዕለይ እየ ብዝርዝር ክጽሕፎ ዝደሊ ኢልካ፡ እቲ ሓቂ ጸሓፍ። እቲ ቀዳማይ ዝሃብኩዎ ቃል ምቕጥቃጥ በዚሑኒ'ምበር ሓሶት ኢዩ፡ ነዞም ክልተ ከኣ ኣሸንኪይ'ዶ ብዛዕባ ሓለፍቶም ከዕልሉኒ ርእየዮም እኳ ኣይፈልጦን እየ

ኢልካ ጽሑፍካ ዕጾ፡” ኢሉዎ። እቲ ከምኡ በል ኢሉ ዝመኸሮ፡ ምስ በዓል ጸጋይ ካሕሳይን ጣህር ኢማም ሙሳን ኣብ ሓደ ሽላ ተኣሲሩ ዝነበረ፡ ጋዜጠኛ ደሃይ ኤርትራ ሳልሕ ማሕሙድ ኢዩ።

ኣማኑኤል ከምታ ዝተመኽሮ ወተሃደር ጸዊዑ ምስ ነገሮም፡ ሓበሬታ ረኺብና ኢሎም ሃሪፎም ተጓዮም ንኣጂፕ ወሲዶሞ ከምኣ ገይሩ። ሽዑ መጀር ይግዛው ሓቲቱ፡ ምስ መን ተኣሲሩ ከም ዘሎ ምስ ፈለጠ ካብኣቶም ከፈልዩዎ ኣዚዙ። ንዑኡ'ውን ብኣርቲኮሎ ዴቺ ኣሲሮም ናባና መጺኡ፡ ምሳና ግን ኣይሓወሱዎን። ጻሕራይ ከም ዝሰማዕናዮ፡ መጀር ይግዛው ኩሉ ነገራት ገምጊሙ፡ ከምቲ ዝጠርጠሩዎ፡ ብድሕሬና ኰይናም ከምዚ ግበሩ ከምዚ ኣይትግበሩ ኢሎም ዝመኽሩናን ዝኣልዩናንን ሰባት ከም ዘይብልና ኣረጋጊጹ ኣሚኑ። ጀነራል ተድላ ግን ብኣንጻሩ ኣለይቲ ኣሎዎም ኢሉ እናኣመነ ኢዩ ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈልዩ።

ናብራ ቤት-ማእሰርቲ ቀጺሉ። መዓልቲ ምቑጻር ገዲፍና፡ ኣካላትና ክንሕጸብ ማይን ሳሙናን ክፍቀደልና፡ መግቢን ክዳንን ካብ ገዛውትና ክመጸልና፡ ኣነ ከኣ ክላጸ መዓልቲ መጸት ክልምን ተኸኽ ኢልና። እዚ እናኾነ ግን ካባና በብሓደ በብከልተ እናጸውዑ ይወጹ ነይሮም። ኣብ መወዳእታ ንሕና እቶም ኣርባዕተና፡ ኪሮስ ጻጸን ወዲ ሃይለ ቃሉን ገለ ሰለስተ ካልኦትን ሓቢሰካ ጥራይ ተረፍና። ከምዚ እናቐጸለ ብደገ ከኣ ስድራና መግቢን ክዳንን ክመጸልና ክይተሓለሉ ይጽዕሩ ነይሮም።

ሓደ ንግሆ ወተሃደር መጺኡ ትድለዩ ኣለኹም ኢሉ ንዓይን ንመምህር ተስፋይን ሒዙና ናብ ቤት-ጽሕፈት ካርቸሪ ወሲዱና። ኣብኡ ንሕክምና ናብ ዓቢ ሆስፒታል ኢተገ-መነን ክትከዱ ኢኹም ኢሎምና። ኣነ ብሰንኪ ኣሜባ ጃርድያ ብቐጻሊ ቅርጸትን ውጽኣትን ነይሩኒ። ኣብቲ ኣብ ውሽጢ ቤት-ማእሰርቲ ዘሎ ሕክምና ክሕክም ዕድል ዘይረኽብኩ፡ ከመይ ገይሮም ናብ ከተማ ናብ ዓቢ ሆስፒታል ተፈቒዱለይ ኢለ ሓሲበ። ደሓር ግን ስድራይ ብደገ ብዝገበሩዎ ጻዕሪ ምዃኑ ተረዲኡኒ። መምህር ተስፋይ ከኣ ኩልና እንፈልጦ ሕማም ምንፍርፋር ነይሩዎ።

ኣብቲ ቤት-ጽሕፈት ክልተ ወተሃደራት መጺኦም መቑሕ ኣብ ኢድና ኣእትዮምልና ንዑናይ ንበገስ በሉና። ኣነ ሽዑ ብእግሪ ክወስዱና ከም ዝመደቡ ምስ ፈለጥኩ፡ ኣይከይድን ኢለ ኣብየዮም። ነቲ ጸሓፊ ነጊሮሞ ንዑኡ'ውን ኣብየዮ። ነቲ ሻምበል ሓላፊ ቤት-

ማእሰርቲ ወዲ ደስታ ጸዊዖሞ ኣብኡ ቆይቑ ኰይኑ።

“ኣንታ ጽጋበኛ! ነዛ ዕድል እዚኣ ክትረክብ ክንደይ ተጻዒሩልካ ሕጂ ትኣቢ! በል ድሕሪ ሕጂ ሕክምና ዝብሃል፡ ዋላ ኣብዚ ውሽጢ ኣይክትርእያን ኢኻ፡ 'ኣብዩ' ዝብል ኣብ ፋይልካ ክጽሕፈልካ እየ፡” ኢሉ ሃዲዱኒ።

ኣነ ከኣ፡ “ስምዑ ሻምበል፡ ብመኪና ወሲድኩም ብመኪና ትመልሱና እንተ ኰንኩም ሕራይ ክኸይድ'የ፡ ካብኡ ተረፈ ኣነ ኣይሰረቕኩ ኣይሓሰኹ፡ ከም ገበነኛ መቑሕ ኣብ ኢደይ ገይረ ብማእከል ዕዳጋ ኣይከይድን እየ። ወይ ከኣ መቑሕ ዘይብልና ውሰዱና፡” ኢለዮ። ንሳቶም ኣብዮም፡ ኣነ ከኣ ኣብየ ናብ ብጾተይ ተመሊሰ። እዚ ኩሉ ክኸውን ከሎ መምህር ተስፋይ ኸኺድ ኢሉ ይልምኖ ነይሩ፡ ምስ ኣበኹ ግን ንበይኑ ብመቑሕ ኣሲሮም ኣብጺሖም መሊሶሞ።

ስድራይ ከም ዝኣበኹ ሰሚዖም ክጽለሉ ደልዮም። ብድሕሪኡ ሕክምና ዝብሃል ኣይርኣኹን።

ድሕሪ ሳልስቲ ከም እንደገና ተጸዊዐ። ካባና ሓደ እንተ ተጸዊዑ፡ ኣጆኻ ክትወጽእ ኢኻ ኢና ንብሃሃል። ተጸዊዐ ምስ ከድኩ ግን ክትላጸ ኢኻ ኢሎም ላጽዮም፡ ርእሰይ ማሕቆቓ ክትመስል ገይሮም መሊሶምኒ። ብጾተይ ምስ ርኣዩኒ ብሰሓቕን ብጭርቃንን ልበይ ኣጥፊኦምለይ። ተኸለ ኣላይ ሕሙማት (ተኸለ ኣዱሊስ ኢና ንብሎ ኔርና) ኣጋጣሚ ምስ ረኣየኒ፡ ስሒቑ “ቡርጃ” መሲልካ ኢሉኒ። ሽዑኡ ኩልና ቡርጃ እንታይ ምዃኑ ኣይተረድኣናን። ጻሕራይ ምስ ወጸእና ግን፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ከተማ ሓንቲ ማዘር ኢንድያ ትብል ውርይቲ ናይ ህንዲ ፊልም ትርእ ስለ ዝነበረት፡ ናታ ቀንዲ ናዕበኛ ጠባይ ቡርጃ ዝብሃል ነይሩዋ። ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ተኸለ “ቡርጃ” ክብለኒ ከሎ ዘይሰሓቑኒ፡ ጻሕራይ ካብ ማእሰርቲ ወጺእና ፊልም ማዘር ኢንዲያ ምስ ረኣናያ፡ ኣዕሩኽተይ ክስሕቁንን ክጨርቁለይን ሞኽ ኢለ። ከም ኣጋጣሚ ግን እታ ሳን ኣይጠበቐትንን።

ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት፡ መግቢን ክዳውንትን ናይ ገዛና ክመጸልና ተፈቒደልና። ሳሙናን ምሕጻብ ኣካላትና ስድራና ምርኣይ ግን ኣይተፈቕደን። ሽዑኡ ዝገበርናዮ ጓይላ ንበይኑ ኢዩ።

መግቢ ሓንሳብ ኣብ ሰሙን ቀዳም፡ እሱራት ምስ ስድራ ዝረኸቡላን መግቢ ዝቕበሉላን መዓልቲ “ኮሎክዮ” ኢያ። ንሕና ከኣ ንፈልጣ እዋን መግቢ ዝተቐበልናላ መዓልቲ ስምና እናጸውዑ ኣብታ ሸላና

ኣምጺኦምልና። ነቲ መግቢ ዘመሓድሩ ክልተ ሰብ መዚዝና፡ ዝግኒ ስጋ ብሓደ፡ ጸብሒ ደርሆ ብሓደ፡ ፍረታት ብሓደ ኣብ ተንኮበት ከም እኽሊ ኮሚሮም ኣኪቦሞ። ብድሕሪኡ ንምሳሕ ኮፍ ምስ በልና ንመጀመርታ ግዜ ድሕሪ ሓሙሽተ ወርሒ ጥዑም መግቢ በሊዕና።

እቲ ዝተኣከበ መግቢ ብዝከኣል መጠን ካብ ቀዳም ናብ ቀዳም ክብጽሓና ንጽዕር ኔርና። መቐመጢ ስለ ዘይንረኽበሉ ኣብ ተንኮበት ኢና ንሰጥሖ። ከባቢ ሓሙስ ኸሽውን ከሎ ወዲእና ዝጕሓፍ ጕሒፍና ንክልተ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ መግቢ እሱራት ንኣቱ።

ብተወሳኺ ሕጹብ ክዳውንቲ ውሽጢ፡ ስረን ጥቢቆን መጺኡልና ነቲ ምሳና ዝዓተኸ ክጕሓፍ ሰደድናዮ።

ብድሕሪኡ ነዊሕ ከይጸናሕና፡ እቶም ሒደት ተሪፍና ዝነበርና ንሽዱሽተ ወርሒ ክልተ ሰሙን ኣቢሉ ክተርፎ ከሎ ፈቲሖምና።

ካብ ካርቸሪ ብቐጥታ ንኣጂፕ ኢና ተወሲድና፡ ዝረኸብና ከኣ መጀር ይግዝው ኢዩ። ከፉንወና ከሎ፡ ታህዲድን ምፍርራሕን ዘሎዎ፡ ጥጡቕ ምክትታል ከም ዝገበረልናን ጸብጻብ መዓልታዊ ተግባራትና ኣብ ጠረጴዛኡ ከም ዝህሉን ሓቢሩ ናብ ገዛና ሰደደና።

ዘየቕስን ህይወት ድሕሪ ማእሰርቲ

ህይወት ድሕሪ ማእሰርቲ ፍልይ ዝበለ ኩይኑ ረኺብናዮ። ኣቐዲምና ዝገበርናዮ፡ ተኣኪብና ናብ ኣብያተ-ትምህርትና ምኻድ ኢዩ። እንግሊዛዊ ዳይረክተር ሚስተር ግሪን፡ "ንሸኻትኩም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ከይትምለሱ ተኸልኪልኩም ኢኹም። ዋላ እንተ ዝፍቀደልኩም'ውን፡ ዓመተ ትምህርቲ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ተወዲኡ ስለ ዘሎ፡ ናብ ዩኒቨርስቲ መእተዊ ፈተና ክትካፈሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም። መምርሒ ስለ ዝመጸኒ እናሓዘንኩ ክኸልእኩም እግደድ ኣለኹ፡" ኢሉና። ነቶም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ልዑል መኩነን ዝመሃሩ ዝነበሩ'ውን ከምኡ ስለ ዘጋጠሞም ኣስማትና ኣብ ኩሉ ሓሊፉ ከም ዝጸንሐ ተገንዚብና።

ኣብ ርእሲ'ዚ ገለ ካባና ስራሕ ንምንዳይ ፈቓዶ ኣብያተ-መንግስቲ ዝፈተሹ'ውን ተመሳሳሊ መልሲ ከም ዝረኸቡ ፈሊጥና።

ብድሕሪ'ዚ ብኹሉ ተስፋ ቆሪጽና ዙረትን ሓደ ሓደ እዋን ናብ ኣብያተ-ንባባ ብምኻድን ግዜና ከነሕልፎ ተገደድና። ኣብ ዝኸድናዮ

ግን ደድሕሬና ዝመጹ ናይ ጸጥታ ኣባላት ነይሮም። ካብ ቤት-ማእሰርቲ ምስ ወጻእና ተቐላጢፎም ኣማኑኤል ገሬሱስን መስዋእቲ ገብረህይወትን ናብ ኣዲስ-ኣበባ ከዱ። መሊሶም ብምክትታል ጸጥታ ዝረብረቡ ነብያትን በርሀን ብሉ-ብሉ ኣሰርም ሰዓቡ። ኣብኡ ሓጐስ ተስፋጽዮን ዝብሃል ግዱስ ኢያና ተቐቢሉ ኣብ ገዛኡ ኣቐሚጦ፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ከኣ ኻልቲኦም ኣብ "ትካል ማእከላይ ማዕከን መድሃኒት" ስራሕ ኣእትዩዎም።

ኣማኑኤል ተስፋጽዮን ሓደ መዓልቲ፡ ዋላ ቤት-ትምህርቲ ኣይኸድ፡ መጽሓፍቲ እናኣከብና ከይተሓለልና እንተ ጽዒርና ምስቶም ሽዑ ዓመት ናብ ዩኒቨርስቲ መእተዊ መርመራ ዝፍተኑ ክንፍተን ኽእል ኢና ኢሉ ደፋፊኡኒ። ሕራይ ተበሃሂልና ከኣ ኣብ ፈቓዶ ኣብያተ-መጽሓፍቲን ኣብ ገዛናን ኳንና ክንጽንዕ ጀመርና። ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ ኣማኑኤል ተፈቲኑ ናብ ህንጻ ኮለጅ ዘእቱ ነጥቢ ረኺቡ ንኣዲስ-ኣበባ ከደ። ኣነ ግን ነቲ መጽናዕቲ'ውን ብዙሕ ስለ ዘይደፋእኩሉ ኣይተፈተንኩን። ጸኒሐ ግን ተመሳሳሊ ፈተና ናይ ሎንደን ተፈቲነ ንዩኒቨርስቲ ዘሕልፍ ነጥብታት ረኺበ። ናብ ኣዲስ-ኣበባ ግን ኣይከድኩን።

ካብቶም ብቐጻሊ ንረኽበ ዝነበርና'ሞ ኣብ ኣስመራ ዝተረፍና፡ ኣነ፡ ኪሮስ ጻጸን ሃይለ ስዩምን ጥራይ ኢና። ኪሮስን ሃይለን ደቂ ገዛውቲ ስለ ዝነበሩ ብቐጻሊ ይራኸቡ ነይሮም። ኣነ ግን ኳይላን ሕልፍትን ኩይኑ ሓዳረይ ብዙሕ ኣይረኽቦምን ነይረ። ምስ ዑንቋይ ግን እንራኸበላ እንዳ ሚስ ስለ ዝነበረትና፡ ዋዛኡን ጭርቃኑን ክናፍቕ ከለኹ ኻኺድ ንስተ እብሉ።

ምክትታል ጸጥታ ፈጺሙ ኣይተፈልየናን። ብዝያዳ ከኣ ንምንቅስቓስ ሓራካ (ማሕበር ሸውዓተ) ኢዮም ዝከታተሉዋ ዝነበሩ።

ሓራካ ኣብ ሱዳን ተሰዲዶም ብዝነበሩ ኤርትራውያን ኣብ 1958 ኣብ ፖርት ሱዳን ኢዩ ተመስሪቱ። ኣብ ኤርትራ ከኣ ኣብ ጥቅምቲ 1960 ኣትዩ። ምንቅስቓስ ሓራካ ወይ "ማሕበር ሸውዓተ" ብዋህዮታት ኢዩ ተወዲቡ ነይሩ። ሓንቲ ዋህዮ ሸውዓተ ኣባላት ነይሮማ። እዞም ሸውዓተ ኣባላት፡ ሓደ ምስ ካልእ ዘራኽብን መራሒ ዋህዮን ይህልዋ። ክትራኸብ ከለኻ በብሓደ ፋሕ ኢልካ ኣብ በረኻ ትራኸብ እሞ፡ ቡቻ ትጻወት መሲልካ ኢኻ ተዕልል፡ ወይ ከኣ ኣብ ስቱር ገዛ። እተዕልሎ ዕላል እንታይ ይገበር ኢዩ። ብዙሕ ዝብላዕ ወይ ሞራልካ ሓፍ ዘብል ሓበሬታ ኣይትረክብን ኢኻ። በብዓቕምኻ ግን ገንዘብ ተዋጽእ። ንሕና እቶም ተኣሲርና ዝነበርና ትኩእ ኢዩ ወዲቡና። ትኩእ ክኢላ ስለ

ዝነበረ ዋላ ሓበሬታ ኣይሃሉዎ ሞራልካ ክብ ኣቢሉ ኢዩ ዘፋንወካ። ወትሩ ጸቒጥና ንሓተሉ ዝነበርና ሕቶ ከኣ እቲ ካብ ክረን ተወኪሉ ዝመጸና ዑመር ሓጂ እድሪስ ኣውኪኡልና ዝኸደ ጉዳይ ነበረ። ነዚ ናይ ሓሪካ ውድብ ድዩ ኣሚቲልና፡ ወይስ ንብረታዊ ቃልሲ? ብረታዊ ቃልሲ እንተኾይኑ ከመይ ክኸውን'ዩ ዝብል ኢዩ። ትኩእ ግን ትዕግስቲ ጥራይ ግቡሩ ኢዩ ዝብለና ነይሩ።

ጉዳይ ጸጥታ መሊሱ ጸንከረ። ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ኣብ መገዲ ካብ ሰለስተ ንላዕሊ መንእሰያት ከዕልሉ ከለዉ፡ በዚ መጸ ዘይበልካዮ ሲቪል ዝለበሰ ወተሃደር ቀርብ ኢሉ፡ "ፋሕ በሉ'ዝም ደቀይ" ኢሉካ ይኸይድ። ንቡር ናብራና ስለ ዝነበረ፡ መንእሰያት ኣብ ንሓድሕድና'ውን "ፋሕ በል" እናተበሃሃልና መጭረቒ ጌርናዮ ኔርና። ኩሉ ወተሃደር ኰይኑ ይስምዓካ፡ ኣብ ንሓድሕድካ ኣይትትኣማመንን፡ እንታይ ምስ መን ትዛረብ ተጠንቀቕካ ኢኻ እትኸይድ። ኣብ ጋንታ ኵዕሶ ኣዱሊስ ካብ ካፒተን ጋንታ ካሕሳይ ወዲ ልቢ ጀሚርካ ሓያሎ ኣባላት ሓራካ ስለ ዝነበሩ፡ ኣባላት ጸጥታ ካብ ከባቢ ክለብ ኣዱሊስ ኣይፍለዩን ነይሮም። ከምኡ'ውን ኣብ ፈቖዶ እንዳ ሻሂን መንእሰያት ብብዝሒ ኣብ ዝርከቡሉ ቦታን ብቐጻሊ ይዝብንዩ።

ዕጫይ እውን ካብቶም ካልኦት መንእሰያት ስለ ዘይፍለ፡ ሓደ መዓልቲ ቅድሚ ፍርቂ መዓልቲ ኣቢሉ ኣብ ሓንቲ፡ ኩሉ መንእሰያት ዝኣትዋ ጽቡቕ ሙዚቃታት እንሰምዓላ እንዳ ሻሂ ኣትየ። ኣነ'ውን ሳሕቲ እኸዳ ነይረ። እትው ኢለ ቦታ መሪጸ ኮፍ ምስ በልኩ እቲ ዋና መጺኡኒ።

"ስምዓኒ ዝሓወይ ኣነ ዝኾነ ዝኣዘዝካዮ ኣይህበካን እየ። ካብዛ እንዳ ሻሂየይ ውጽኣለይ፡" በለኒ። ነእዛነይ ምእማን ስኢነየን ደንጽዩኒ ጠመትኩዎ። ከምኡ መበሊኡ ኣይተረድኣንን።

"ከይከፈልኩ'ዶ ወጺአ እፈልጥ'የ፡ ስለምንታይ'ከ ኣይኣቱን? ኣቐዲምካ ክፈል እንተ በልካኒ'ውን ክኸፍለካ እኽእል'የ። እዚ ኩሉ ኣብዚ ዘሎ ሰብ ከምኡ ገይሩ እንተኾይኑ እንካ!" ኢለ ሽሩፍ ኣውጺአ ኣብ ጣውላ ወቒዐዮ።

"እንታ ሓወይ! እቲ ጉዳይ ናይ ምኽፋልን ዘይምኽፋልን ኣይኰነን። ንሸኻ ዓማዊለይ ተባርረለይ ኣለኻ፣ ድሕሪ ሕጂ ከኣ ክትመጸኒ ኣይደልየካን እየ፡" ኢሉ ክወጸሉ ደው ኢሉ እናተጸበየኒ፡ የማነ-ጸጋመይ እንተ ኣስተብሃልኩ፡ ኣነ ክኣቱ ከለኹ ብሰብ ዓቕላ ጸቢቡዋ ዝነበረት እንዳ ሻሂ፡ ኩሉ ሰብ ገዲፉዋ ወጺኡ ጻርጋ ጥራሕ ረኺቡዋ።

ብቕጽበት ሽውኡ ኢዩ ተረዲኡኒ። ርእሰይ እናንቕንቕኩ ወጺአ። እንተ ሓሰብኩሉ፡ ንድሕሪት ተመሊሰ'ውን እንተ ዘክርኩ፡ ኣነ ኣብ እንዳ ሻሂ ክኣቱ ከለኹ፡ ሓያሎ ሰባት ይወጹ፡ ኣብ ሰብ ዘለዋ ጠረጴዛ ኮፍ እንተ ኢለ ብፍላይ ከኣ፡ እቶም ሰባት ነታ ጠረጴዛ ገዲፎማ ይኸዱ ከም ዝነበሩ ዘኪረ። ለካ ንዓይ ፈሪሖም፡ ክልክመና ኢዩ ኢሎም ኢዮም ዝርሕቑኒ ነይሮም። እዚ ተርእዮ'ዚ ናተይ ኢለ ከስተብህለሉ ምስ ጀመርኩ'ሞ፡ ብዘይ ጥርጥር ከምኡ ከም ዝነበረ ኣረጋገጽ። ብዕቱብ ሓሲበ'ውን ብዘይርድኣኒ ዝነበረ ምኽንያት፡ ዝርሕቑኒ ዝነበሩ ክቕጽር ጀመርኩ። ደሓር እሞ፡ እቶም ተኣሲርና ዝነበርና ተራኺብና ኮነ ኢልና ሓቢርና እንዳ ሻሂ ንኣቱ፡ ኩሉ ሰብ ከኣ ገዲፉና ይወጽእ። ብፍላይ እንዳ እቲ ዘውጽኣኒ ሰብ ኰነ ኢልና ብተደጋጋሚ ንኸይድ፡ ክልተ ሰለስተ ብሓንሳብ ክንከውን ከለና ፈሪሑ ስለ ዘይዛረበና፡ ባህ ከይብሎ እናተመላለስና ሞኽ ኣቢልናዮ። ሙዚቃ ግበረልና እንተ በልናዮ ከኣ ንሱ'ውን ንህልኽ፡ ተበላሽያ እናበለ ይኣብየና ነይሩ።

መነባብሮ ህዝቢ ስለ ዝጸንከረ ህይወት መንእሰይ 50ታት-60ታት ዋላ ብድሕሪኡ'ውን ብሸቕለት ኣልቦነት፡ ፈቖዶ እንዳ ሻሂ፡ ገሉ-ገለ ከኣ እንዳ ስዋን እንዳ ሚስን ብምውዓል ቀጺሉ። ኢያ ዘሎዎ ውሑድ ከኣ፡ ንኢትዮጵያ ሸቕለት እንተ ረኸበ ይኸይድ ነይሩ። ገለ ድማ ኣብ መርከብ ተሓቢኡ ኣንፈቲ ኣብ ዘይፈልጦ፡ እንታይ ከም ዘጓንፎ ዘይፈልጥ፡ ዓቕሉ ዝጸበቦ ንወጻኢ ባሕሪ ሰጊሩ ዝኸይድ፣ ብዙሕ ድማ ናብ ሱዳን ዝሰግር ኢዩ ነይሩ። እቲ ዝበዝሐ ግን ኣብ ኤርትራ ኣብ ፈቖዶ ከተማታት ተዓኒዱ ኢዩ ዝውዕል ነይሩ። ካብ ሽውኡ ጀሚሩ ከኣ ኣብ ቤት ሳዕስዒት ማ.ተ.ኢ. ምሸት ምሸት፡ "ሽገይ ሃቡኒ ኣይተታልሉኒ... ሽገይ ሃቡኒ ኣይተጸብዩኒ..." ከምኡ'ውን "ኣጕዶ ነይራትኒ ኣጕዶ ናይ በይነየ... ኢዶም ኣይስኣኑ ወሲዶምለየ..." ክንብል ንሓድር ኔርና። ካብተን ንናጽነት ኤርትራ ዘንጸባርቓ ዝድረፋ ዝነበራ ህቡባት ደርፍታት ከኣ ኢየን።

ግጥሚ ምጽሓፍ እፈቱ ስለ ዝነበርኩ ሓደ መዓልቲ ሓንቲ ንእሽቶ ግጥሚ እጽሕፍ። ኣርእስታ "ሽገይ ሃቡኒ" ኢያ ትብል። ነታ ግጥሚ ኣብ ጁባይ ሒዘያ እዘውር፡ ሓደ ሓደ እዋን ከኣ ኣውጺአ እንብባ፣ ኣብ ጁባይ ጻርጋ ኣሪጋ። ሓደ መዓልቲ ምስ ዑንቋይ ተራኺብና ናብታ እንዳ ሜስ ዓሚልና ንኣቱ። ኣብኡ እናዕለልና ከለና ነታ ግጥሚ ሂበዮ የንብባ፡ ኣረሳሲዑኒ ከኣ ሒዙዋ ይኸይድ።

ብድሕሪኡ ሃበኒ እንተ በልኩዎ "ኣሪጋ እንድያ ነይራ ተቐዳዲዳ ደርቢየያ፡" ኢሉኒ ኣነ'ውን ምስ ቀበጽኩ ረሲዐያ።

ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ተወልደ ረዳ "ሽገይ ሃቡኒ" ትብል ሓዳስ ደርፊ ደሪፉ ህቡብነታ ሰማይ ይዓርግ። ኣብ ክለብ ማ.ት.ኣ. ለይቲ ለይቲ ተወልደ ረዳ ጊታሩ ተሓንጊጡ ካብ መድረኽ ክይወረደ "ሽገይ ሃቡኒ" ክብል ትወግሕ። ብዘይ ኣጋንኖ ካልእ ደርፊ ዘይብላ በታ ደርፊ ትወግሕ ነይራ።

ኣብ መጀመርታ እታ ናተይ ግጥሚ ድያ ወይ ካልእ ከረጋግጽ ተሃንጥየ ሰሚዐያ። እታ ደርፊ ገለ ናተይ ቃላት ነይረንኣ ኩላ ግን ኣይኮነትን። ኣዝያ ሓጺራ ኢያ ድማ ተደሪፋ። ብዝኾነ ንዑንቋይ ረኺበ እንታይ ኢዩ ገይሩ ክሓቶ ፈቲነ። ንሱን ዋዒኡን ሓንሳብ ነታ ግጥመይ ንዓርከይ ሂበዮ ነይረ ይብለኒ፡ ሓንሳብ ኪድ ባዕልኻ ትፈልጥ እዛ ተወልደ ዝደርፉ ዘሎ ናይ ካልእ ኢያ ይብለኒ፡ ሓንሳብ ተሓጕስ ግጥምኻ ተደሪፋ ይብለኒ ወዘተ። ኣነ ግን ሓቂ ይሓይሽ ናይ ተኪኤ ኢያ ክትብሃለለይ ተሃንጥየ ነይረ። ሓደ ካልእ ሰብ ኢዩ ገጢሙዋ ምስ ሰማዕኩ ግን ዋላ ናተይ ኣይትኹን፡ ተወልደ ረዳ ንሽገይ ብዘደንቕ ክእለት ጊታሩን ድምጹን፡ ኣስመራ ስለ ዘናወጸ ኣዝየ ተሓጒሰ ከም ህዝበይ ሽገይ ክብል የውግሓ ነይረ። ናተይ ግጥሚ ከም ዘይኰነት ድማ ኣረጋገጸ።

"ሽገይ"፡ "ኣጕዶ ነይራትኒ" ኣብ ኣፍ ህጻናት፡ መንእሰያትን ዓበይቲን ኣትየን ኣባላት ጸጥታ ምቁጽጻረን ክሳብ ዝስእኑ ኰይነን ንዓመታት ቀጸላ። ኣነ ድማ ናብ ኢትዮጵያ ክኸይድ ስድራይ ጸቕጢ ገበሩለይ። ምኽንያቱ ኣብ ዝወዓልኩ ውዒለ ኣብ ዝሓደርኩ ሓዲረ፡ ደድሕረይ እናመጹ ክሳብ ኣፍደገ ገዛይ ዘብጽሑኒ ኣባላት ጸጥታ ስለ ዝነበሩ፡ ስድራይ ፈሊጠም። ኣቦይ ከኣ ናብ ቀሺ ሰሽንሰን ዝብሃል ናይ ኣሕጻሪ ቤት-ትምህርቲ ወንጌላዊት ቤት-ትምህርቲ ሓላፊ ክይዱ ኣዘራሪቡዎ። ቀሺ ሰሽንሰን ኣብ ገዛና መጺኡ ኣዘራሪቡኒ ናብ ደብረዘይት ኢትዮጵያ ክኸይድ መኸረኒ። ኣብ ደብረዘይት ተመሳሳሊ ኣሕጻሪ ቤት-ትምህርቲ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ናታ ሓላፊ ኦስካር ኒደል ዝብሃል ኖርወጻዊ ብቴለፎን ኣዘራሪቡ ኢዩ ከም ዝቕበለኒ ወዲኣዎ። ሽዑ ኣነ ነቲ ቅሳነት ዘይህብ ናብራይ ጸሊኣዮ ስለ ዝነበርኩን ኢትዮጵያ ድማ ርእየዮ ስለ ዘይፈልጥን ዝሃቡኒ ምኽሪ ተቐቢለ ክኸይድ መሪጸ። እቲ መደብ 12 ክፍሊ ወዲኣ ናብ ዩኒቨርስቲ ንክኣቱ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ደብረዘይት ንሓንቲ ዓመት ጥራይ እየ ክመሃር።

ምዕራፍ 2

ጕዕዞ ንኢትዮጵያ – ካብ ምድሪ-ቤት ንውሻጠ

ንኢትዮጵያ ክኸይድ ሕራይ ዝበልኩሉ ምኽንያት ሓደ ብቐንዱ ጸጥታዊ ኩነታት ወትሩ ምዩቹ የብለኒ ስለ ዝነበረ ኢዩ። እቲ ኣዝዩ ዘገርም ስግንጢር ተርእዮ ከኣ እዚ ኢዩ። ኣንጻር ስርዓት ኢትዮጵያ ተሰሊፍካ ክትእሰርን ክትፍታሕን፡ ኣብ ኤርትራ ብኣባላት ጸጥታ ምዩቕ እናበልካ ክትነብርን ጸኒሕካ፡ ካብ ከምዚ ንክትድሕን ናብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ኬድካ ቅሰን ንዝብለካ መኸሪ ብምሉእ ልብኻ ትቕበሎ ትትግብሮ ድማ። ካብ ነብያትን በርሀን ጀሚርና ከኣ ኩልና ከምኡ ኢና ጌርና – ካብ ምድሪ-ቤት ናብ ውሻጠ ሃዲምና። ከምዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ብወገነይ ክትንትኖ ከለኹ፡ ብዘይካቶም ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ጥራይ ክድህቡ ዝተመዘዙ ኣባላት ጸጥታ ኢትዮጵያ፡ እቶም ዝተረፉ መሳርሕቶምን ብምሉኡ ህዝቢ ኢትዮጵያን ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራ ይፈልጡዎ ኣይነበሩን። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ መን ተኣሲሩ መን ኣዕገርጊሩ ተቓዊሙ... ከም ወረ ከም ዕላል'ውን ኣይለዓልን። ስለዚ ኣብ ኤርትራ ብማእሰርትን ምክትታልን ቅሳነት ዝሰኣነ ሃገራዊ፡ ካብ ምድሪ-ቤት ሃዲሙ ኣብ ውሻጠ ኢትዮጵያ ክነብር ጸገም ኣይነበሮን። ናይ በዓል ተድላ ዑቕቢት ናይ ኤርትራ ኣባላት ጸጥታ፡ ካብ ኣስመራ ናብ ኢትዮጵያ መጺኦም ዝደለዩዎም ተቓዋሚ ኣሲሮም ክወስዱ ኣይክእሉን ነይሮም ማለት ግን ኣይኮነን፡ የጋጥም ነይሩ ኢዩ።

ናብ ኢትዮጵያ ክኸይድ፡ ክዓውንተይ ኣብ ባልጃ ተጠርኒፉለይ ስድራይ ከፋንዉኒ ኣብ እንዳ ኣውቶቡስ ከድኩ። ሽዑ እዋን ንኢትዮጵያ ምኻድ ማለት ኣዝዩ ርሑቕ ምጥፋእ ምድሪ ስለ ዝቑጸር፡ ቤት-ሰብን ፈታዊን እናበኸየ ኢዩ ዘፋንወካ ነይሩ። ኣብ እንዳ ኣውቶቡስ ዕዳጋ ሓሙስ ምስ በጻሕና፡ እቲ ጎልጎል ብህዝቢ ዓቕሉ ጸቢቡዎ፡ መብዛሕትኡ ንዕረፍቲ ክረምቲ ዝመጸ ተመሃራይ ክፋኑ ኢዩ መጺኡ።

ኣውቶቡስ ምስ ነቕለት ኣብ ጥቓይ ዶክተር ንርኣዮ ተኸለሚካኤል

መደቀሲአን ንቡን ወትሩ ይጽውዓኒ ስለ ዝነበራ ኩሉ መምህርን ተመሃራይን ይገርሞ ነይሩ። ምኽንያቱ ኣብ እንዳ ኣዋልድ ኣቢሉ ተወዝ ኢሉ ዝቐርብ ተባዕታይ መምህር ይኹን ተመሃራይ ብሕጊ'ቲ ቤት-ትምህርቲ ክልኩል ስለ ዝነበረ።

ኩሉ ተመሃራይ ክዳውንቱ ባዕሉ ኢዩ ዝሓጽብ፡ ኣነ ግን ሕርይቲ፡ ፍረወይኒን ብርኽቲን ሓጺበን ኣስታሪረን ስለ ዝህባኒ ዋላ ሓንቲ መዓልቲ ባዕለይ ሓጺበ ኣይፈልጥን ነይረ። ብፍላይ ናይ ሕርይቲ ሓልዮት ግን መዘና ኣይነበሮን። ናተይ ግደ ኣወዳት ከይደፍሩወን ኣያን ጽላልን ምዃን ጥራይ ኢዩ፡ ተደፊረን ድማ ኣይፈልጣን።

ሓደ ካብቶም ኤርትራውያን ተመሃሮ፡ ኤርትራዊ ክነሱ ንኤርትራ ርእዩዋ ዘይፈልጥ፡ ትግርኛ ፈጺሙ ዘይመልኽ፡ ብኤርትራውነቱ ግን ወትሩ ዝፍክር፡ ኩሉ ተመሃራይ ብዋዛኡን ዋዒኡን ዝፈቱዎ ዝነበረ፡ ኣብ ሜዳ ምስ ረኸብኩዎ ዝደንጸወኒ ኣይንኣለም ማርቆስ ኢዩ። ኣብታ ቤት-ትምህርቲ ምስ ረኸብኩዎ፡ ብድሕሪኡ ኣብ ዓራግ እየ ርእየዮ። "ጆ" ትብል ሳጓ ሒዙ ኵዕሶ ሰኪዔት ክጻወት ምስ ጭሕሙን ሽበቱን ብድምጹ ኣለልየዮ። ንሱ ግን ፈጺሙ ክዝክረኒ ኣይከኣለን።

እቲ ቤት-ትምህርቲ ብማሕበራዊ መነባብሮኡን ትምህርቱን ኣዝየ ፈትየዮ። ናፍቖት መርዓተይ፡ ስድራይ፡ ፈተውተይን ኣስመራን ግን ዝገደፈለይ የብሉን። በዓል ምሕረትኣብን ሳሙኤልን ካልኦት ኣሕዋትን ኣሓትን ግን ኣየጸመዉንን።

ዘየጸመዉኒ ካልኦት'ውን ነይሮም፡ ዓርቢ ምሸት ወይ ቀዳም ኣብ ሓይሊ ኣየርን ኣብ ካልእን ዝሰርሑ ዝነበሩ፡ ብፍላይ ዘርእዝጊ ኣብርሀን ተኸስተ ሃይለን ኤርትራውያን ኣዕሩኽ፣ ካብ ኣዲስ-ኣበባ በርሀ ማርኮ፡ ነብያትን ኣማኑኤል ተስፋጽዮንን ክአ ይበጽሑኒ ነይሮም።

ወረ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ – ኣይትብዓት ኣይፍርሒ

ኣብ ከባቢ ሕዳር 1961 ኣማኑኤል ተስፋጽዮን፡ ነብያት ነጋሲን በርሀ ማርኮን ካብ ኣዲስ ኣበበ ክበጽሑኒ መጺኦም። እንዳ ሻሂ ኬድና ኮፍ ኢልና ዕላል ጀመርና።

"ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ባርካ ብረታዊ ቃልሲ ከም ዝተጀመረ ከነበስረካ ኢና መጺእና፡" በሉኒ። እዚ ሰሚዐ ኣይትብዓት ኣይፍርሒ

ኣብ ዓንዲ ጨው ተቐይረ ትም በልኩ።

"ኣብ ባርካ! ኣበይ ባርካ ወደይ! ኣነ ንባዕለይ ብዘይካ ደቀምሓረ፡ ከረን፡ መንደፈራን ባጽዕን መሬት ኤርትራ ኣይፈልጠንዩ። ባርካ ክአ ኣዝዩ ርሑቕ ሰብ ዘይብሉ ጸምጸም በረኻ ኮይኑ ኢዩ ዝሰምዓኒ። ኣብ ባርካ ደኣ መን ክሕግዞም? በዓል መን ኢዮም'ከ ጀሚሮሞ? እንታይ ሒዞም? ብረትን ቀለብን ካበይ ክረኽቡ?" ብልበይን ብኣፈይን ወልደፍደፍ በልኩ።

"ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እትብሃል ውድብ ኢያ ጀሚራቶ፡ ኣብ ባርካ ወፊሩ ዘሎ ግን እድሪስ ዓዋተ ዝብሃል ኢዩ።"

"ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እትብሃል ውድብ ናይ መዓስ ኢያ? ሓራካ ድያ? እድሪስ ዓዋተ እንታዋይ ኢዩ? ትኩእ ይሕደነ ምስኦም ኣሎ'ዶ?" ሕቶታት ኣዝነብኩሎም።

"ኣይትተሃወኽ እባ! እንድዒ ኣይፈለጥናን፡ ቀስ ኢልና ክንሰምዖ ኢና፡" በሉኒ። ኹሉ ሕቶታተይ መልሲ ኣይነበሮምን። ዝነበሮም ሓበሬታ ግን፡ ብረታዊ ቃልሲ ብውሑዳት ደቂ ባርካ ከም ዝጀመረ፡ ርክቦም ክአ ምስ ኣብ ሱዳንን ካይሮን ዘለዉ ኤርትራውያን ከም ዝኾነ ጥራይ ኢዩ። ኩሉ ተሓዋዊሱኒ። ዑመር ሓጂ እድሪስ ኣብ እንዳ ጸጋይ ካሕሳይ እንዳ ሻሂ ዝበለና ዘኪርና ነዊሕ ዘተና።

ኣብ መወዳእታ ኣነ፡ "እዚ ወረ ዋላ ኣይማእምእንን፡ ትኩእ እንተ ዘይተሓዊሱዎ ክአ ኣነ ንባርካ ገጸይ ኣይከይድን እየ፡" ምስ በልኩ ንሳቶም'ውን ሓቕካ ኢኻ ብምባል ተሰማምዑ። ተወሳኺ ጭቡጥ ሓበሬታ እንተ ረኺቦም መጺኦም ክነግሩኒ ወይ ባዕለይ ክመጾም ተረዳዲእና። ኣውቶቡስ ተሰቒሎም ክኸዱ ከለዉ ግን፡ ቀስ ኢልና ንርእዮ እንቋዕ ጥራይ ጀመረ ተበሃሂልና ኣፋነኹዎም።

ብድሕሪኦም ንበይነይ እቲ ወረ ካብ ኣእምሮይ ምውጻእ ኣብዩኒ ተጨነቕኩ። "በዓል መን ኮን ይኾኑ ጀሚሮሞ? ኩሉ መንእሰይ ሰሚዑ ግሕጥ ኢሉ'ዶ ንባርካ ከይዱ ደኸውን? ባርካ ግን ሰፊሕ'ዩ፡ ኣበይ ኢሉ ኢዩ'ኸ ዝኸይድ? ኣነኸ ክኸይድ ድየ? ዝተመርዓወ ደኸይድ ድዩ...?" ካብ ኣእምሮይ ምውጻእ ኣብዩኒ ቀንኹ።

* * *

ድሕሪ ቁሩብ ኣዋርሕ ወንድሙ ዝብሃል ናይ ኣምሓርኛ መምህርና፡ ንበይነይ ኮፍ ኢለ ምስ ርእየኒ ናባይ ቀሪቡ ምሳይ ኮፍ በለ።

ወንድሙ ወትሩ ኣብ ዕላሉ ተቓዋሚ ስርዓት ሃይለስላሴ ከም ዝኾነ ኢና እንግምግም። ዝበዝሕ ብቅኔ ኢዩ ዝዛረብ። እዞም ካብ ኤርትራ ዝመጻእና'ሞ ዳርጋ ኣይንርድኦን ኢና ኔርና።

"ሰሚዕካ'ዶ! ተድላ ወዲ ዓዲኹም እምበኣር ቀይሕ ጋማ ኣሲሩ፣" በለኒ። ብቋንቋ ኣምሓርኛ ከምኡ ክነለኒ ከሎ ቀይሕ ጋማ እንታይ ማለት ምዃኑ፡ ንመን ተድላ ኢዩ ዝብል ዘሎ ኣይተረድኣንን። ከም ዘይተረድኣኒ ምስ ተገንዘበ ከኣ ደጊሙ፤

"ኮሎኔል ተድላ ኣብ ኣስመራ ካብ ንጉስ ሃይለስላሴ ናይ ጀነራልነት መዓርግ ተቐቢሉ እየ ዝብለካ ዘለኹ፡ ኣይፈለጥካን ዲኻ?" በለኒ። ከም ሓቂ ኣይፈለጥኩን ነይረ። ወንድሙ ኣብ ጋዜጣ ወይ ረድዮ ሰሚዑ ኢዩ ዝሾውን ዝነግረኒ ነይሩ። ዘምጽኣለይ ወረን ኣቀራርባኡን ቅጭ ኣምጺኡለይ ከኣ፤ "ኤርትራ ትኣክል ሃገር ኣረኪቡኩም እሞ፡ ጀነራልነት በዚሑዎ ድዩ?" በልኩዎ።

ወንዱሙ ሰንቢዱ ኣብ ክትዕ ክኣቱ ደልዩ ነይሩ፡ ገጽ ምስ ከላእኩዎ ግን፡ "ንሸኻ እኮ ወሬኻ ኣሎና፤ ካብቶም ምስ ኢትዮጵያ ኣይንሓብርን ኢልካ ፈንጠራዕ ዝበልካን ዝተኣሰርካን ኢኻ። ንሕና ኣሕዋትኩም እንዲና ስለምንታይ ትጸልኡና? ናይ ሓባር ጸላኢና ንጉስ ሃይለስላሴ እኮ'ዩ። ፈተነ ዕልዋ መንግስቱ ንዋይ እንተ ዝዕወት ሓቢርና ዓባይ ሃገር፡ ሃብታም ሃገር፡ ደሞክራሲያዊት ሃገር ምኾንና ኔርና፣" ምስ በለኒ ስሒቓ መልሲ ከላእኩዎ። ብድሕሪኡ ናይ ቃልዓለም ከመዓልካ ሓደርካ እንተ ዘይኮይኑ ከም ንቡር ኣዕሊልና ኣይንፈልጥን።

ወንድሙ ከዕልል ዝሓሰቦ ገዲፉኒ ምስ ከደ ግን ብዙሕ ሓሲበ። እታ ናይ መወዳእታ መዓልቲ፡ ቅድሚ ናብ ካርቸሪ ምኻድና ንሓሙሽተና ከፍ ኣቢሉ፡ ኮሎኔል ተድላ፡ "ኣነ'ኮ ኣብ ልዕሊ ዓሰርተ ሽሕ ዘይኣኸሉ ሰራዊት፡ ጀነራል ክኸውን ኣይክእልን እየ፣" ዝበለና ተዘከረትኒ። ሕጂ ግን እንሆ ኣብ ዓሰርተ ሽሕ ዘይኣኸሉ ወተሃደራት ጀነራል ኰይኑ። ብዋጋ ሃገር፡ ብዋጋ ህዝቢ፡ ብዋጋ ታሪኽ፡ ተታሊሉ ከምቲ ወንዱሙ ዝበሎ ቀያሕ ጋማ ኣብ ርእሱ ጠምጢሙ ይኸርዕ ይሕበን ባህ ኢሉዎ'ዶ ይኸውን? በልኩ። ንትኩእ ይሕደጎ ደብዳበ ክጽሕፈሉ ሓሰብኩ። ደሓር ግን ሓሲበ፡ ትኩእ ኣብ ኣስመራ ክልተ ግዜ ብዓ ንቀጽ 10 ተኣሲሩ ከም ዝነበረ ሰሚዐ ስለ ዝነበርኩ፡ ኣብ ስራሑ ዝበጽሖት ደብዳበ ከኣ መዕለቢኣ ስለ እተስግእ ገዲፈዮ። እንታይ'ከ ዋጋ ነይሩዎ!

ናብራ ተመሃራይ ደብረዘይት ብኸምኡ እናቐጸለ፡ ማትሪክ

እንፍተነሉ ግዜ ተቓረበ። ሓደ መዓልቲ ዳይረክተር ንዓይን ንሓደ መምህር ነይሩስ ናብ ቤት-ትምህርቲ ዝተመልሰ ኮከቤ ዝተባህለ ተመሃራይን ናብ ቤት-ጽሕፈቱ ጸዊዑ፡ "ንሸኻትኩም ፈተና ማትሪክ ብውልቂ ተመዝጊብኩም ኢኹም እትፍተኑ፡ ዝኸፈል ከኣ ክትከፍሉ ኢኹም፣" በለና። ኮከቤ እዝዩ ተቖጢዑ ስለምንታይ ከም ብጸትና ብስም እዚ ቤት-ትምህርቲ ዘይንፍተን ኢሉ ሓቲቱ። ኣነ ግን ብቕጽበት ተረዲኡኒ ሕራይ ጸገም የብለይን ኢለዮ። እቲ ኖርወጃዊ ዳይረክተር ቶግ ኣቢሉ ነቲ ምኽንያት ክገልጾ ኣይደለየን፡ ኣነ ግን እታ ምኽንያት ቀልጢፉ ተረዲኣያ። እታ ቤት-ትምህርቲ ብዝሒ ኣብ ማትሪክ እተሕልፍ መወዳድርቲ ዘይብላ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ኢያ። ኣብ መንጎ ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ኢትዮጵያ ከኣ ውድድር ኣሎ። ስለዚ እታ ቤት-ትምህርቲ ወትሩ ቀዳመይቲ ስለ ዝኾነት፡ ከማይን ከም ኮከቤን ሰነፋት ኢሉ ዝሓሰበና ብስም ቤት-ትምህርቲ ተኻፊልና እንተ ተረፍና፡ ነቲ ገምጋም ዝሓለፉ ክንከዮ ስለ ዝኾነ ብውልቂ ክንፍተን ተወሲኑልና። ከምቲ ዝተብሃልናዮ ከኣ ብኣድራሻ እታ ቤት-ትምህርቲ ብውልቂ ተፈቲንና።

ማትሪክ ተፈቲንና፡ ትምህርቲ ከኣ ኣብ ወርሒ ሰነ ተወዲኡ ንኣስመራ ክምለስ ከለኹ፡ ዋላ ማትሪክ እንተ ሓሊፈ ንኢትዮጵያ ንክይምለስ ኻኩሉ ተፋንየ እየ ተበጊሰ።

ቅድሚ ምብጋስና ግን እቲ ቤት-ትምህርቲ መግዓዊ ናይ መመረቒ በዓል ገይሩ ኢዩ ኣፋንዩና። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝኾነት ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ፡ ዓሰርተ ክልተ ንዝወድኡ ተመሃሮኣ መመረቕታ በዓል ገይራ ኢያ እተፋኑዎም። ኣብቲ በዓል ስድራ-ቤትን ፈተውቲን ተጸዊዮም ተመሃሮ ይፋነዉ። ኣብ ቤት-ትምህርትና ከኣ ዝብላዕን ዝስተን ሽሻይ ተቐሪቡ ኢዩ ውዒሉ።

ክሳብ ሕጂ ዘይርስዖ፡ ሓደ ዕድመ ዝደፍኡ ኣቶ ኣማኑኤል ኣብርሃም ዝብሃሉ ብሄረ ኦሮሞ፡ ናይ መራኸቢታት ሚኒስተር ዝነበሩ፡ ኣቦ-መንበር ቦርድ ናይቲ ቤት-ትምህርቲን ናይ ብስራት ወንጌል መደበር ረድዮን ብምንባሮም፡ ምስ ካልኦት ዓበይቲ ሰበ-ስልጣን ተዓዲሞም መጺኦምና። ኣነ ሽዑ እዚ ምስ ረኣኹ፡ 12 ክፍሊ ምውዳእ'ሲ እዚ ኩሉ ፈንጠዝያ፡ ኣብ ኤርትራ ዘይንፈልጦ ልምዲ ብምዃኑ ገሪሙኒ። ኣቶ ኣማኑኤል ኣብርሃም ዝሃቡና መደረ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ ነይሩ፤

"ንሸኻትኩም ኣብዚ ቅድሜና ክራቫታ ኣሲርኩም ትምረቑ ዘለኹም፡ ኩሉ ሽሻይ ተቐሪቡ፡ ኩሉ ጋሻን ስድራ-ቤትን ከኣ ምእንታኹም ካብ

አዲስ-ኣበባን ካልእን ብምምጽኡ የኩርዓኩም ደኸውን። ሕጂ ገሊኹም ማትሪክ ሓሊፍኩም ዩኒቨርስቲ ትኣትዉ ትኾኑ፡ ካብኡ ቀጺልኩም ንማስተርስ፡ ገሊኹም እውን ንዶክተርነት ትበቕዑ ትኾኑ። ኣብ መወዳእታኡ ናይ ዶክተርነት ወረቐት ረኺብኩም ትምህርቲ ዛዚምና ክኣ ትብሉ ትኾኑ። እዚ ኩሉ ግን ትርጉሙ እንታይ ኢዩ? እታ ናይ መዛዘሚት ወረቐት ምርካብ ማለት እኮ፡ ብዘይካ ኣብ ዓለም ብግቡእ ንኽትነብር ተዳሊኻ ኣለኻ እንተ ዘይኰይኑ ካልእ ትርጉም የብላን። እሞ ስለምንታይ ደአ ኢዮም ሰባት ኣብ ዓለም ንኽትነብር ተዳሊኻ ኣለኻ እንተ በልካዮም፡ ብኩርዓት መን ከማይ ኢሎም ዝፍንጭሑ? ኣነ ብግዜ ቸርችል ኣብ ሃገር እንግሊዝ ኣምባሳደር ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበርኩሉ ግዜ፡ ገለ ደቂ ሃገርና ኣስማቶም ከይጠቐስኩ፡ ብገንዘብ መንግስቲ ክመሃሩ ተላኢኾም ክበቕዑ፡ ኣብ ክንዲ ትምህርቶም ብዕቱብ ዝከታተሉ፡ ኣብ ኣደባባይ ፒካዲሊ ቓቓ ክስዕስዑ ዘሕለፍዎ ዝፈልጠም ኣለዉ። ናብ ሃገሮም ምስ ተመልሱ ከኣ፡ ሓላፍነት መንግስቲ ሒዞም፡ ኣብ መኪና ብድሕሪት ማዕጾ እናተኸፍተሎም ዝመላለሱ፡ ወዲ ሰብ ፍጡር ሰብ መሲሉ ዘይርኣዮም ኣለዉ። ሕጂ ነዚኣቶም ምሁራት'ዶ ትብሉዎም? ምሁር ትሑት ኢዩ፣ ምሁር ሰብ ኣይንዕቕን ኢዩ፣ ምሁር ገና ዘይፈለጦ ብዙሕ ምህሮ ከም ዘሎ ዝፈልጥ'ዩ እሞ፡ ንሸኻትኩም ከኣ ሕጂ ኩርዓት ኣይሰማዕኩም። ኣብ ዓለም ብግቡእ ንኽትነብሩ ምእንቲ፡ እታ ቀዳመይቲ መባእታ ስጉምቲ ኢኹም ሒዝኩም ዘለኹም። ግን ተመሃሩ ኣይትሕመቑ።"

እዛ መደረ እዚኣ ክሳብ ሕጂ እያ ኣብ እዝነይ እትድውል። ኣብ ህይወተይ ከኣ ኣዝያ ጠቒማትኒ።

ምልሶት ናብ ኣስመራ

ናብ ኣስመራ ክምለስ ባልጃይ ጠርኒፈ ተዳሊኹ። ዋላ ናብ ዩኒቨርስቲ ዘእቱ ነጥቢ እርከብ፡ ዳግማይ ናብ ኢትዮጵያ ከይምለስ ወሲነ እየ። ከምኡ ገይረ ከኣ ንኹሎም ዝቐርቡኒ ገሊጸሎም ብስምባደ ኣይፋልካን ኢሎም ለመኑኒ። ኣነ ግን ውሳኔይ ከም ዘይቅይር ሓቢረ ተፋንየዮም ናብ ኣዲስ-ኣበባ ኣምራሕኩ።

ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ምስ ኣዕረኽተይ ቀንየ፡ ናብ ኣስመራ ንዕረፍቲ ዝምለሱ መኻይድቲ ሃሰስ ኢለ ረኺበ፡ ሓደ ንግሆ ኣውቶቡስ ተሰቒልና

ተበገስና። ኣብታ ኣውቶቡስ 90% ተመሃራይ ኩይኑ፡ ዓመት-ትምህርቲ ወዲኡ ናብ ስድራኡ ዝምለስ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ጕዕዞ ዘሎ ሰሓቕን ጸወታን ከኣ ዘይርሳዕ'ዩ። መጀመርታ ለይቲ ደሴ ስለ ዝሐደር፡ መደቀሲ ተቐዳዲምካ ሒዝካ ተደሪርካ ፈቖዶ ባራት ዙረትን ሳዕስዒትን ኢዩ። ካልኣይ ለይቲ ኣብ መቐለ ምሕዳር ስለ ዘሎ ከኣ መደቀሲ ምስ ሓዝካ ከምኡ። ከተማታት ደሴን መቐለን ብደቂ ኣስመራ ተበጽቢጸን ኢየን ዝሓድራ። ክልቲኤን ከተማታት ከኣ ወትሩ ይናፍቓእምን ይጽበያእምን።

ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ መዓርፎ ኣውቶቡስ ኣስመራ ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ምስ በጻሕና ደቂ፡ ኣሕዋቱን ዓርኩን ዝቕበል ሰብ ማእለያ የብሉን። ባልጃታት በብሓደ ካብ ዝባን ኣውቶቡስ ክወርድ ከሎ ዘሎ ጫቑ-ጫቑ፡ ዕዳጋ ከብቲ'ውን ከምኡ ኣይከውንን።

ባልጃይ ኣልዒለ፡ ሓወይ ሒዙዋ ናብ ካሮሳ ገጽና ሃሰስ ክንብል ከለና፡ ሓደ ሲቪል ዝተኸድነ መንእሰይ ብትሕትና ቀሪቡ፡ "ሓንሳብ ግዳ እዛ ባልጃኻ ክፈተለይ ክፍትሻ፡" ኢሉኒ። ኣነን ሓወይን ሰንቢድና። ብቕጽበት ወተሃደር ጸጥታ ምዃኑ ተረዲኡኒ። የማነ-ጸጋም ቁሊሕ እንተ በልኩ ኩሉ ሰብ ባልጃታቱ ሒዙ ይኸይድ። ሽዑ ኣነ ብቑጥዐ፡ "ካብዚ ኩሉ ሰብ ንዓይ ክፍትሸካ ክትብለኒ፡ እንታይ ገይረካ?" በልኩዎ። እቲ ወዲ ንሱ'ውን ከይፈተወ እናተሰከፈ ምዃኑ ኣብ ገጹ ይንበብ ነይሩ። ደጊሙ ብትሕትና፡ "ደሓን ክፈተለይ ጥራይ፡ ዋዕ-ዋዕ እንተ ዘይበልካ ይሓይሽ፡ ሓለፍተይ ከኣ ኣማዕድዮም ይርእዩና ኣለዉ፡" ኢሉኒ።

ዕዝምዝም እናበልኩ ባልጃይ ምስ ከፈትኩሉ፡ ንሽሙ ክልተ ሰለስተ ክዳን ግንጽል-ግንጽል ኣቢሉ "ኪድ ሕጂ፡ ኣይትሓዘለይ" ኢሉኒ። እቲ መንእሰይ ብትሕትናኡ ኣመስጊነዮ፡ ግን መን ምዃኑ ኣለልየዮ። እቶም ሓለፍቱ በዓል መን ምዃኖም ክርኢ የማነ-ጸጋም ጠሚተ ኣይተዓወትኩን። ካሮሳና ተሰቒልና ምስ ሓወይ ገዛና ኪድና። ካብታ ደቒቕ እቲኣ ጀሚረ ከኣ ሕጂ'ውን ጸጥታ ከም ዘይገድፋኒ ኣረጋገጽኩ።

እቲ ወዲ ቀደም እፈልጦ ከም ዝነበርኩ ዘኪረ። ኣብ ካዘርማ ሞሶሊኒ ተኣሲርና ከለና፡ ሓደ ወዲ እናጸፍዑ ምሳና ሓዊሶሞ። እቲ ወዲ መስኪን ኢዩ ዝመስል። እንታይ ኢኻ ገርካ ተኣሲርካ እንተ በልናዮ፡ እቲ ዝሃበና ምኽንያት ፈጺሙ ኣይተዋሕጠልናን። ትም ኢሉ ተኸርምዩ ኣየዕልልን ኣይዛረብን ስለ ዝነበረ ብኡ-ብኡ ጠርጢርናዮ ካብ ዕላልና ተቘጢብና። ድሕሪ ሳልስቲ ከኣ ኣውጺኦሞ። ከማና

እሱር ተመሲሉ እንዕልሎ ክስምዕ ኢዮም ምሳና ንሳልስቲ ኣእትዮሞ። ደሓር እሞ ብወግዒ ኣብ መካይን ጸጥታ ንርእዮ ኔርና።

ነዚ ወዲ ዓሓራይ ድሕሪ 13 ዓመት፡ መራሕ መኪና ኰይኑ ንሑመራ ክመላለስ ኣብ ከረን ክቕመጥ ከሎ ረኺበዮ። ሓደ መዓልቲ ንዓ ቢራ ክንሰቲ ኢለ ኮፍ ኣቢለ ኣናዚዘዮ። ሰሓቕን ዋዛን ገይረ ስለ ዝቐረብኩዎ ከአ ፈኾሱዎ ኩሉ ዘርዚሩ ነጊሩኒ። ንእሽቶ ከም ዝነበረ፡ ኣብ ክንዲ ምዉት ኣቦኡ ስድራ ክኣሊ ኣባል ጸጥታ ከም ዝገበሩዎ፡ ነቲ ስራሕ ከም ዘይፈተዎ... ተናዚዙ። ኣነ ግን "ሕጂ'ውን ስራሕካ ኣይትገድፍን ቸኸውን ኢኻ፡ መን ክኣምነካ?" ኢለዮ፡ ነዊሕ ዓመታት እገብር ከም ዝገደፎ ምሒሉለይ። ብድሕሪኡ ኣማዕድየ እንተ ዘይኮይኑ ኣይቀረብኩዎ።

ብዝኾነ ኣነን ሓወይን ካሮሳ ተሰቒልና ገዛና ኣቲና። ናፍቖት መርዓተይን ስድራይን ኣስተማቒረ ከአ ንጽባሒቱ ናፍቖት ኣስመራን ኣዕሩኸተይን ከስተማቕር ንከተማ ወረድኩ። ከተማ ዘይረ ገለ ኣዕሩኸተይ እንተ ረኸብኩ ፈቐዶ እንዳ ሻሂ ዘርኩ። ሓደ ሓደ ረኺበ እቶም ዝደለኹዎም ግን ኣይረኸብኩን። ንትኩእ ይሕደነ ክረኽቦ ፈቲነ'ውን ኣይረኸብኩዎን። ደሓር ግን ተራኺብና ብሰፊሕ ኣዕሊልና፡፡

ንትኩእ ዘሎኒ ሕቶታት ምስ ኣዝነብኩሉ፤

"ብረታዊ ቃልሲ ብሓራካ ክጅመር ኢዩ ዝግብኦ ነይሩ፡ ግን ብስንፍና መሪሕነት ሓራካ እቲ ምንቅስቓስ ነዊሕ ዛሕቲሉ ጸኒሑ። ኣብ መንጎ እቶም ብረታዊ ቃልሲ ሕጂ ይጀመር ዝብሉን ዝቃወሙን ከአ ዘይምርድዳእ ተፈጢሩ ነይሩ። መሪሕነት ሓራካ ግን ግዜኡ ገና ኣይኣኸለን ንጽናሕ፡ መንእሰይ ሃገርና ገና ብፖለቲካ ኣይበሰለን እናበሉ ከደናጕዩዎ ጸኒሖም። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት እቶም ተ.ሓ.ኤ. ዘቖሙ ባዕላቶም ብረታዊ ቃልሲ ጀሚሮም እንሆ። ውሑዳት ኣባላት ሓራካ'ውን ዛጊት ምስኦም ተሰማሚዖም ተጸንቢሮም ኣለዉ። ስለዚ ሕጂ ብረታዊ ቃልሲ ተጀሚሩ ኣሎ፡ ብኸመይ ኢዩ ተጀሚሩ መሪሕነቱ ባዕላቶም ናብ ሜዳ ከኣትዉ ድዮም ኣይኣትዉን ክሳብ ሕጂ ንፈልጦ ስለ ዘየለ ትዕግስቲ ጥራይ ግበሩ፡" በለኒ፡፡

ትኩእ ከምዚ ክብለኒ ከሎ ብዙሕ ተኣፋፊ ዝበሎ ሓበሬታታት ሓቢኡለይ ከም ዘሎ ገምጊመ፡ ኣነ እውን ክጸቕጦ ስለ ዘይደለኹ ሸለል ኢለዮ። ኣዝዩ ኣድላዪ እንተ ዘይኮይኑ ቀጻሊ ምርኻብ ኣስጋኢ ምዃኑ መኺሩ ከአ ኣፋንዩኒ።

ከተማ ንግሆን ምሸትን እናዘርኩ ዘድልዩኒ ኣዕሩኽ ረኺበ። ካብቶም ኣዕሩኽተይ ኣማኑኤል ተሰፋጽዮን ናይ ህንጻ ኮለጅ ተመሃራይ ስለ ዝነበረ ንዕረፍቲ ኣስመራ መጺኡ ከረሙ። ኪሮስ ጻጸ ናብ ሓዉ ናብ ኣዲስ-ኣበባ ሓጊዩ ስለ ዝነበረ፡ ንቁሩብ መዓልቲ ንዒኡን ንእሽቶ ሓዉን ርእዩ ቀልጢፉ ናብ ኣዲስ-ኣበባ ተመሊሱ። ነብያት ኑጋሲን በርሀ ሃይለን ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ኣብ ስራሕ ኢዮም። ሃይለ ስዩም ኣብ ኣስመራ ኢዩ ግን ዙረት ስለ ዘይፈቱ ብዙሕ ኣይንራኸብን ኔርና። ኣ ማኑኤል ገረሱስ ድሕሪ ማእሰርቲ ኣዲስ-ኣበባ ምስ ከደ ተመሊሱ'ውን ኣይፈልጥን። መስዋእቲ'ውን ድሕሪ ማእሰርቲ ናብ ኣሕዋቱ ናብ ኣዲስ-ኣበባ ምስ ከደ ኣይተመልሰን። ስለዚ ምስ ኣማኑኤል ተሰፋጽዮን ኣብ እዋን ክረምቲ ጥራይ ንራኸብ ሓቢርና ከአ ነዕልል። ኣማኑኤል ዕረፍቱ ወዲኡ ናብ ኣዲስ-ኣበባ ምስ ተመልሰ ግን ንበይነይ ዝኸውን ምዃነይ የተሓሳስበኒ ነይሩ።

እቲ ዝርካቡ ብዛዕባ ብረታዊ ቃልሲ እንረኽቦ ጭርምራም ሓበሬታ፡ ካብ ከሰላን ፖርት ሱዳንን ጥራይ ኢዩ ዝርከብ ነይሩ። በዓል እድሪስ መሓመድ ኣዱም ካብ ሱዳን ሰባት ኣዕጢቖም ንባርካ ከም ዝሰደዱ፡ እቶም ዕጡቓት ከአ መብዛሕትኦም ኣብ ሱዳን ዝዓበዩ ወተሃደራት ሱዳን ነበር ከም ዝነበሩ፡ ነቲ ቃልሲ ዝመራሓ ዘሎ እድሪስ ዓዋተ ኰይኖም ኣብ ከባቢ ባርካ ይዘሩ ከም ዘለዉ ጥራይ ኢና ንሰምዕ ኔርና።

ዩኒቨርስቲ ዘእቲ ነጥቢ - ዩኒቨርስቲ ዘሕድግ ምክትታል

ዕረፍቲ ክረምቲ ተመሃሮ ከይተወድአ ከሎ ኣብ 1962 ኣብ ወርሒ ሓምለ ኣቢሉ፡ ቀሺ ስበንስን ሓላፊ ኣሕዳሪ ቤት-ትምህርቲ ወንጌላዊት ኣስመራ ገዛና መጺኡ፤ "ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ደብረዘይት ኣስካር ኒደል ይደልየካ ኣሎ፡ ቀልጢፍካ ንኢትዮጵያ ክትከይድ ኣለካ፡" በለኒ።

"እንታይ ኢሉኒ፡ ኣነ ንኢትዮጵያ ክምለስ መደብ የብለይን፡ ብቴለፎን ከዛርቦ ግን ፍቐደለይ፡" ኢለዮ ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ወሲዱ ብቴለፎን ኣዛሪቡኒ።

ኣስካር ኒደል ድምጸይ ምስ ሰምዐ፡ "በጃኻ ምጻእ እደልየካ ኣለኹ፡ ንዓኻ ዝጥዕም ጉዳይ ስለ ዘኾነ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ደብረዘይት

ክም እትበጽሕ ግበር። አብዚ ምስ ተራኸብና ኢና እነዕልል፡” ኢሉ ኣጥቢቑ ለመነኒ።

“ናብ ዩኒቨርስቲ ሓሊፈ እንተኸይነ ረስዓዮ፡ ኣነ ኣብ ኢትዮጵያ ክመሃር ድሌት የብለይን።”

“እቲ ሕቶ ንሱ ኣይኮነን፡ ምጻእ እሞ ኣስፊሕና ክነዕልል። ክምቲ ዝበልኩኻ ንዓኻ ዝጥዕም ጉዳይ ኢዩ። በጃኻ ቀልጢፍካ ምጻእ፡” ጥራይ ኢሉ ቴለፎን ዓጸዋ።

“ንዓኻ ዝጥዕም ጉዳይ ኢዩ ስለ ዝበለካ ምኻድ ምሓሸካ። እንተ ወሓደ መዛወሪ ይኾነካ። ኣብዚ ትገብሮ ነገር ስለ ዘይብልካ ኪድ እሞ ዝብለካ ስምዓዮ። ንዓኻ ጥቕሚ ኢዩ ኢሉካ ስለ ዘሎ በጺሕካ ዘይትመጽእ፡” ኢሉ ቀሺ ስሸንሰን እውን ኣእመነኒ።

ንገዛይ ከይደ ንስድራይ ምስ ነገርኩዎም፡ ትምህርቲ የብለይ ስራሕ የብለይ ፈቒዶሉ ክዘውር ዳግማይ ከይእስር ስለ ዝሰግኡ ባህ ኢሉዎም ኸኺይድ ደፋፊኦኒ።

ንጽባሒቱ ዝገበርኩ ገይረ ንትኩእ ይሕደን ረኺበ ኩሉ ኣዕለልኩዎ። ንሱ'ውን ብወገኑ፡ “ኣስመራ ኮፍ ምባል ኣደዳ ማእሰርቲ እንተ ዘይኮይኑ ፋይዳ የብሉን። እንተ ክኢልካ ናብ ኣዲስ-ኣበባ ተመሊስካ ትምህርቲኻ ቀጽል፡ ኣይፋለይን እንተ በልካ ከኣ ተጠንቂቕካ ንበር፡ ኻኹሉ ግዜ ኣሎዎ ትዕግስቲ ጥራይ ግበር፡” ኢሉ ዳግማይ ተፋነወኒ።

ኣብ ሳልስቱ ኣውቶቡስ ተሰቒለ ንኣዲስ-ኣበባ ከድኩ። ሓንቲ ለይቲ ኣብ ሆቴል ሓዲረ ከኣ ንደብረዘይት ከይደ ንዳይረክተር ኣስካር ኒደል ረኺብኩዎ።

ኣስካር ኒደል ምስ ረኸበኒ ዝተሰምዖ ሓጐስ ወሰን ኣይነበሮን። ገዛኡ ወሲዱ ከኣ ምስ ስድራኡ ኣምሲሑኒ። ዕላል ምስ ጀመርና፡ “ኣቐዲመ ኣነ ብውልቂ ፈተና ዘግበርኩኻ ኣዝየ ተጣዒሰ፡ ተጋግየ ከኣ እየ። ትምህርትኻ ብግቡእ ትከታተል ስለ ዘይነበርካ ትሓልፍ ኣይመሰለንን ነይሩ። ዝጸዋዕኩኻ ከኣ ዩኒቨርስቲ ክትቅጽል መደብ ከም ዘይብልካ እሰምዕ ስለ ዝነበርኩ እየ። ኣብ ኣስመራ'ውን ብፖለቲካ ተኣሲርካ ከም ዝነበርካ ኣብ መጀመርያ ቀሺ ስሸንሰን ነጊሩኒ። ሕጂ ግን ብጽቡቕ ነጥብታት ሓሊፍካ ስለ ዘለኻ፡ ሓደ ትምህርቲ ምቕጻልካ ኣብ ህይወትካ ምቹእ ኩነታት ስለ ዝፈጥረልካ፣ ካልኣይ ከኣ ኣስመራ ብዘይ ሓደ ነገር ኮፍ ምባል፡ ኣብ ሓደጋ ክትወድቕ ስለ እትኽእል፡ ክትእሰር'ውን ስለ እትኽእል፡ ካብ ከምኡ ክትርሕቕ እደልየካ ኣለኹ።

ኣብ ማትሪክ ብሓንቲ ዓይነት ትምህርቲ ትሑት ነጥቢ ስለ ዘምጻእካ፡ ንዓኣ ኸኽልተ ወርሒ ኣብቲ ዩኒቨርስቲ ደጊምካያ መስከረም ናይ ዩኒቨርስቲ ትምህርቲኻ ክትጅምር ተጸዊዕካ ኣለኻ። ስለዚ በጃኻ በዚኣ ጌርካ ትኽ ኢልካ ናብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ-ኣበባ ኬድካ ተመዝገብ፡” ኢሉ ለመነኒ።

“ብዛዕባ'ቲ ይቕረታ ትሓተኒ ዘለኻ፡ ብውልቂ ክፍተን ምውሳንካ ናትካ ጌጋ ኣይነበረን። ኣነ ከምቲ ዝገምገምካዮ ብግቡእ ኣየጽናዕኩን፡ ግዲ'ውን ኣይነበረንን። ብዛዕባ ዩኒቨርስቲ ምእታው ድማ መደብ የብለይን። ኣነ ሰበይቲ ኣላትኒ፡ ስራሕ ረኺበ ኣብ ኣስመራ ሓዳረይ ክገብር እየ ዝደሊ፡” በልኩዎ።

“ፈጺሙ ኣይከውንን ኢዩ። እተን ናይ ትምህርቲ ዓመታት ኣርባዕተ ጥራይ ኢየን። ሰበይትኻ ከኣ ክረምቲ እናኸድካ ትረክባ። ሕጂ ኣስመራ እንተ ተመሊስካ ግን ክትጽገም ኢኻ፡” ኢሉ ከእምነኒ ጸዓረ። ምስኡ ሓዲረ ክሓስበሉ ከኣ ገደፈኒ። ኣይገደፈንን ግን፡ ደጋጊሙ ኢዩ ለሚኑኒ። ብሓልዮቱን ብሓልዮት ቀሺ ስሸንሰንን ንስድራይ ድማ ከይተሃዩን ብምባል ብዙሕ ሓሳባት ኣጋጭየ ሕራይ ኢለ ንሚስተር ኒደል ብልቢ ኣመስገንኩዎ። ምስ ገለ ኣብኡ ዝጸንሑኒ ኣይምለስንዩ ዝብሉኒ ዝነበሩ ተመሃሮ ንሳልስቲ ኣዕሊለ ከኣ ንኣዲስ-ኣበባ ናብ ዩኒቨርስቲ ክምዝገብ ከድኩ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ምዝገባ ምስ ቀረብኩ፡ “ንስኻ ደንጕኻ ኢኻ፡ ከማኻ ብሓንቲ ዓይነት ትምህርቲ ትሑት ነጥቢ ዘምጻእኩም፡ ቅድሚ ሰሩዕ ትምህርቲ ምጅማርኩም፡ ሓጺር ኮርስ ክትወስዱ ኢኹም። ኩሉም ከማኻ ዛጊት ጀሚሮም ኣለዉ፡ ክተርክቦም ከኣ ተስፋ እገብር፡” ኢሉ ወረቐተይ ሂቡ ኣብታ ክፍሊ ሰደደኒ። ኣብታ ክፍሊ፡ ኪሮስ ጻጸ፡ ኣማኑኤል ነጋሲ ከምኡ'ውን ክፍሎም ኣድሃይን ወልደሩፋኤል ዝብሃል ጸኒሓምኒ።

ሓቢርና ንመሃር፡ ሓቢርና ንድቅስ፡ ሓቢርና ንዘውር ኳንና ምስ ቀነና፡ ሓደ መዓልቲ ምምሕዳር ዩኒቨርስቲ ጸዊዑ፡ “ልዕሊ ሰለስተ ሚእቲ ዝኾኑ ኣመሪካውያን መማህራን 'ጉጅለ ሰላም' መጺኦምና ኣለዉ። እዚኣቶም ክሳብ ዝምደቡ ኣብ መደቀሲኹም ክኣትዉ ኢዮም። ስለዚ ክሳብ ሰሩዕ ትምህርቲ ትጅምሩ ገንዘብ ተዋሂቡኩም ኣብ ዝደለኹሞ ሆቴል ክትድቅሱ ካብዚ ቀጽሪ ክለጅ ክትወጹ ኢኹም፡” ኢሉና። ነፍሲ-ወከፍና ሰላሳ ብር ተዋሂቡና ከኣ ወጻእና። ክሓስረልና ኣብ ውሽጢ ዕዳጋ (ማርካቶ) ሕሱር ሆቴልን ኣብ ከባቢኡ ከኣ ሕሱር

ቤት-መግቢን ረኺብና፡ ቀትሪ ንመሃር ምሸት ከአ ማርካቶ ክንሓድር ጀመርና።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ወርሒ ሕዳር፡ ፌደራሽን ከም ዝፈረሰ ብጋዜጣ ፈሊጥና። ነብያትን በርሀን ግን ዝያዳ ሓበሬታ ሒዞም ናባይን ናብ ኪሮስን መጺኦም ነዊሕ ኣዕሊሉና። ኣብ ባይቶ ናይ ምሕዋስ ደብዳብ ክንብብ ከሎ፡ ጀነራል ተድላ ዑቕቢት ምስ ብጾቱ ብረት ሒዙ ኣብ ውሽጢ እቲ ባይቶ ከም ዝነበረ፡ ነቲ ውሳኔ ከአ ብጨብጨባ ክቕበሉዎ ከም ዝተገብረ፡ ኣባላት ባይቶ ገለ ዝሰንብዱ ገለ ከአ ዘጣቕዑ ከም ዝኾኑ፡ ዓሊ ራድኣይ ኣቦ-መንበር ባይቶ ግን ሓሚመ ኣሎኹ ኢሉ ሽዑ ከም ዝጠኾረ ኣዕሊሉምና። በዚ ውሳኔ'ዚ ከአ ኤርትራ መበል 14 ኣውራጃ ኢትዮጵያ ኰይና ኢልና ኣዚና ሓዚንና። ሽዑ ንሽዑ ከአ ቢትወደድ ኣስፋሃ ምክትል እንደራሴ ኰይኖም ተባህለ።

ደሓር ግን ወግዓውነቱ ኢዩ ተረፉዎም ነይሩ'ምበር፡ ንኤርትራ ብግብሪ ካብ ዝሕውሱዋ ርዱእ እኮ'ዩ ኢልና ደምደምና።

ሓደ መዓልቲ ካብቲ ከለጅ ወጺእና ብእግሪ ናብ ሆቴል እናተጓዓዝና፡ ኣነ ብወዝቢ ንድሕሪት ቀሊሕ ኢለ ክልተ ሰባት ክሰዕቡና ረኣኹ። ኣተኲረ እንተ ጠመትኩ ኣለልየዮም። ክልቲኦም ናይ ኣስመራ ኣባላት ጸጥታ ኢዮም። ቀስ ኢልና እናዕለልና፡ ሓንሳብ-ሓንሳብ ነዊሕ ጠጠው ኢልና ዕላልና ወዲእና እናሰሓቕና ኢና ንጓዓዝ ኔርና። እቶም ክልተ ዝሰዕቡና ዝነበሩ ከአ ከማና ዘገም ኢሎም ደድሕሬና ይመጹ። እዚ ተዓዚበ፡ እቶም ካልኦት ስለ ዘይፈልጥዎም፡ ንኪሮስ ጻጸ ቀስ ኢለ ኣብ እዝኑ ነዞም ድሕሬና ዘለዉ ቀስ ኢልካ ረኣዮም ኢለዮ። ኪሮስ ካልእ ዝርኢ መሲሉ እንተ ረኣዮም ንሱ'ውን ኣለልዩዎም ሰንበደ። ንበዓል ኣማኑኤል ከአ ነጊርናዮም፡ ጫቕ-ጫቕ ንበል ዝነበርና ሃዳእና። ኣነን ኪሮስን ሽዑ፡ ብርግጽ ንዓና ይስዕቡና እንተለዉ ክንፈልጥ፡ ጸጸኒሕና ኣንፈትና ንቐይር፡ ከም ቀደምና ከአ ዕላልና ንቐጽል ኢልና ተሰማሚዕና እቶም ብጾትና'ውን ተሰማሚዖም ከምኡ ገበርና። እቶም ሰባት ግን ጭራና ኣይገደፉን ሰዒቦምና። ዜርና ኣብ ጎልጎል ቤተ-ክርስትያን ቅዱስ ጊዮርጊስ ምስ በጻሕና፡ ጠጠው ኢልና ክሓልፉና ንግደፎም ተበሃሃልና። ጠጠው ምስ በልና፡ ምርጫ ስለ ዘይብሎም ዘገም እናበሉ ክሓልፉ ጥቓና ምስ በጽሑ ኪሮስ ጻጸ፡ “ኣንቱም ሰባት፡ ንሕና'ምበር በዞም ቃርማታት ተዋሪድና፡ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ደድሕሬና መጺኦም ከአ ነዛ ትምህርቲ ክኸልኡና፡ እንታይ ኢና ንገብር?” በለ ዓው ኢሉ። ከምኡ ምባሉ ኣሰንቢዱና፡ ንሳቶም ከአ ኣጽቅጥ ኣቢሎም ሓሊፎምና ናብ ሓወልቲ ኣቡነ ጴጥሮስ ኣቢሎም ኣንቀልቀሉ። ንሕና

ድማ ንፒያሳ ገጽና ኣንቀንቀልና እንዳ ሻሂ ኣቲና፡ ብድሕሪኡ ናብ ማርካቶ ናብ መደቀሲና ሆቴል ኣቶና። ኣጥፊእናዮም ኢልና ከአ ተሓጐስና።

ኪሮስ ያቆብ (ጻጸ)

ሒዝናዮ ዝነበርና ሆቴል ምእንቲ ዝያዳ ክሓስረልና ክልተ ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ስለ ዝነበረ፡ ቅድሚ ምድቃስና ኩልና ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ኬንና ከነዕልል ኣምሲና ኢና ንድቅስ።

ንግሆ ሰዓት ሸውዓተ ተንሲእና ኣብ ናይ ሓባር መሕጸቢ ክንሕጸብ ክካብ መደቀሲና ምስ ወጻእና፡ ወዮም ክልተ ኣባላት ጸጥታ፡ ገጾም ክሕጸቡ ጸንሑና። ናይ ሽዑ ስምባደ'ሞ ንበይኑ'ዩ። ኪሮስ'ውን ብስንባደ ሓንቲ ቃል ከይተዛረበ ተሓጺብና፡ ሻሂ ሰቲና ናብ ዩኒቨርስቲ ኣምራሕና። ምስ ኪሮስ እዚ ምክትታትል እዚ ፈጺሙ ኣየቕስነናን ኢዩ፡ ክሳብ መዓስ ኢዮም ክከታተሉና? እንታይ ስጉምቲ'ዮም ክወስዱ? ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ድዮም ክኣስሩና ወይስ ኣሲሮም ናብ ኣስመራ ክወስዱና... ብሰፊሑ እናኣዕለልና ደምበ ዩኒቨርስቲ በጻሕና። ቅድሚ ናብ ክፍሊ ምእታውና ግን ብቕጽበት ሓደ ነገር ኣብ ኣእምሮይ መጸኒ።

“ኪሮስ ስምዓኒ፡ ኣነ ትምህርቲ ክገድፎ እየ፡ ጽባሕ ከአ ናብ ኣስመራ ክብገስ እየ፣ ትኽእል እንተ ኰንካ ምሳይ ተበገስ፡” እብሎ። እዚ ሰሚዖም ኪሮስን ካልኦትን ፈጺሞም ክኣምኑኒ ኣይከኣሉን፡ ከም ጽሉል ከአ ሰርሑኒ።

"ኣነ ፈጺመ ኣይሰምዓኩምን እየ። ብፍላይ ከኣ ኪሮስ ስምዓኒ፡ ኣነን ንሸፋን ናይ ኣስመራ ተመኩሮ ኣሎና። እዚኣቶም ኣዲስ-ኣበባ መጺኦም ደድሕሬና እናኸዱ ኣየምህሩናን ኢዮም። ኣብዚ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ እንተ ተኣሲርና፡ ኣበይ ነጢብና ኣብ ዘይፍለጠሉ ጉድጓድ ደርብዮም፡ ሓታቲ ዘመድ ዘይብልና ክንጠፍእ ኣይኮንናን። ናብ ኣስመራ ተመሊስና ዝበኣሰ ምክትታል ከም ዝግበረልና እርድኣኒ ኢዩ፣ ብቐሊሉ ክንእሰር'ውን ተኽእሎ ኣሎ። ይኹን'ምበር ኣነ ዘመድን ስድራን ከሓቱልና ኣብ ዝኽእልሉ ቦታ ክእሰር እየ ዝመርጽ። ስለዚ ምእሳር ምእሳሩ ኣስመራ ይሕሸኒ። ትኸይድ እንተ ኰንካ ንዓናይ ምሳይ፡ ዘይትኸይድ እንተ ኰንካ ግን ኣብዚ ተኣሲርካ ክትበሊ ትመርጽ ኣለኻ። ኣነ ሕጂ እንዳ ኣውቶቡስ ክይደ ቲኬት ክቖርጽ እየ፡" ኢለዮም። ብውሳነይ ደንጽዮዎም ተዓኒዶም ገዲፈዮም ከድኩ።

ድሕሪ ሓደ ሰዓት ኣቢሉ ኣነ ቲከት ኣውቶቡስ ዓዲገ ናብ ቤት-ትምህርቲ ተመለስኩ። ሽዑ መዓልቲ ብፍላይ ኪሮስ ኣይተማህረን። ክንካታዕ ውዒልና ኣምሲና ኣቕቢጸዮም። ንጽባሒቱ ናብ እንዳ ኣውቶቡስ ከብጽሑኒ ተተሓሒዝና ከድና። ኣውቶቡስ ክትንቀል ድምጺ ከሳብ ትህብ ግን ኪሮስ ገና ይልምነኒ ነይሩ። ኩሉ ሓደ ኢዩ፡ በጃኻ ትረፍ እንተ ወሓደ እናተቖራቖስና ትምህርትና ንመሃር፡ እዘን ናይ ኣውቶቡስ ዕስራ ቅርሺ ከኣ ኣዋጺእና ክንሕውየካ ይብለኒ ነይሩ። ኣነ ግን ሓንሳብ ስለ ዝወሰንኩ ስዒመዮም ደሓን ኩኑ ኢለ ዝመስለኒ ናይ ሓው ምኽሪ ሂበ ኣውቶቡስ ተሰቐልኩ። ንሳቶም'ውን ብውሳነይ እናሓዘኑ ተፋንዉኒ።

ኣብ ኣውቶቡስ መማህርትና ዝነበረ ኣማኑኤል ንጉሰን ሳባ ሰሎሞንን ረኺበ። ኣማኑኤል ንጉስ ኣዝዩ ውዑይን ደፋርን ኢዩ። እናዕለልና ስለምንታይ ኣስመራ እምለስ ኣለኹ ጠዪቑ ምስ ሓተተኒ፡ ኩሉ ብዛዕባ እቶም ክልተ ኣባላት ጸጥታ ዝገበሩዎ ነጊረዮ ሓዚኑ። እናዕለልና ከኣ ደሴ በጻሕና።

ደሴ ወትሩ ማይ ዝዘንባ፡ እንተ ዘይዘነበ ከኣ ጨፈፍ ዝብል ኣይዝናብ ኣይግመ ዝዕብለኻ ጸዋግ ከተማ እያ። ክልቴና ኣብ ሆቴል፡ ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ክልተ ዓራት ሒዝና፡ ከተማ ዘወር ክንብል ወጻእና። እየሩን ጭቃኡን ጸሊእናዮ ከኣ ተደሪርና ድሕሪ ሓደ ሰዓት ዝኸውን ናብ መደቀሲና ተመለስና። ሽዑ ሓንቲ ሰራሕተኛ ናይቲ ሆቴል ቀሪባ

"ክልተ ሰብ ክደልዩኹም ጸኒሖም፡" በለትና።

"እንታዎት ኢዮም?" ሓተትኩዋ ጠርጢረ።

"ክልተ ክብድ ዝበለ ካቦት ዝተኸድኑ። ኣዝማዶም ኢና፡ ካብ ኣስመራ ንኣዲስ-ኣበባ ንኸይድ ስለ ዘለና፡ ክይተራኸብና ክይንተሓላለፍ ኢልና ኢና፡ ግን ክንምለስ ኢና ኢሎምኒ፡" በለትና።

"ከመይ ገርኪ ትፈልጢ ንዓና ምዃኖም? ንሳቶም'ከ ከመይ ገይሮም ፈሊጦምና? ኣስማቶም ሂቦምኺ'ዶ?" ኢለ ደጊመ ሓተትኩዋ። እታ ጓል ግን ትኩርቲ እያ።

"ኣስማቶም ኣይሃቡንን ግን መልክዕኩምን ኣከዳድናኹምን ጽቡቕ ገይሮም ስለ ዝገለጹለይ ንዓኻትኩም ምዃኖም ተረዲኡኒ። ክንምለስ ኢና ስለ ዝበሉ ተጸበዩዎም እሞ ሽዑ ከኣ ተረጋግጹ፡" ኢላትና ናብ ስራሓ ከደት።

በቲ ኩነታት ደንጽዩኒ ኣነን ኣማኑኤልን ብዛዕባኦም ክነዕልል ኣምሲና። እቲ ዝገረመና ቅድሚ ትማሊ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ደድሕሬና ይኸዱ ነይሮም፡ ሎሚ ኣብ ደሴ ብኸመይ መጺኦም፡ ብኸመይ'ከ ረኺቦምኒ። ደሓር ግን ብርግጽ ኣብታ ዝነበርናያ ኣውቶቡስ ምሳና ከም ዝመጹ ደምደምና።

ክሳብ ፍርቂ ለይቲ እዋን ድቃስ ማዕጾና ክሹሕኳሕ ንጽበ ነርና፡ ዝመጸ ግን ኣይነበረን።

ንግሆ ሰዓት ሓሙሽተ ናይ ምብጋስ ድምጺ ኣውቶቡስ ምስ ሰማዕና ተንሲእና፡ ሻሂ ሰቲና ተብተብ እናበልና ኣብ ኣውቶቡስ ደየብና። እቶም ክልተ ኣባላት ጸጥታ ምህላዎም ከረጋግጽ ኹሉ ገያሻይ ኣዒንተይ እናዝርኩ ፈቲሸ ኣብ ድሕሪት ጸግዒ ክፍ ኢሎም ረኺኹዎም። ንኣማኑኤል ከኣ ቀስ ኢለ ሓቢረዮ።

ሓደ ሰዓት ኣቢልና ምስ ተጓዓዝና፡ መራሕ ኣውቶቡስ ንማ ነፊሱዎ ክሳብ ዝቕይር፡ ክናፈስ ዝደሊ ይውረድ ኢሎምና ወረድና። ተመሊስና ክንድይብ ከለና፡ ብድሕሪት በቲ ንሳቶም ዝነበሩዎ ደይብና። ኣነ ርእየዮም ስቕ ክብል ከለኹ፡ ኣማኑኤል ግን ቅርብ ኢሉ፤ "እየ ቡሉስያ ዓድና! እየ ቡሉስያ ዓድና! ሽዋ መጺእኩም ከኣ ሰብ ሞኽ ተብሉ ኣለኹም? ኣብ ኣስመራ ትገብሩዎ ዘይኣኽለኩም..." በሎም።

"እታ ወዲ ኣበይ ትፈልጠና፡ ፖሊስ ኢዮም ዝበለካ መን'ዩ?" በሉዎ ብቑጥዐ።

"እይ ብጎልሮኹም እንዲኹም ትፍለጡ፡" ኢሉ ነቲ ብውሽጢ ካቦት ተሸኺናሞ ዝነበሩ ቀጠልያ ናይ ፖሊስ ጎልፎ ውጥጥ ኣቢሉዎ፡

እነ ብተግባር ኣማኑኤል ስሒቖ ንሳቶም ከአ እናተጸረፉ ጥንጢንናዮም ኣብ ከፍ መበሊና ሓለፍና።

"ኣንታ ኣማኑኤል፣ ኣስመራ ምስ ኣቶና እኮ ንዓይ ኢዮም ድፋጫይ ዘስትዩኒ፣ ስለምንታይ ከምኡ ትገብር?" በልኩዎ ከፍ ምስ በልና፣ ንሱ ግን ኣይዓጀቦን።

ኣብ ኣውቶቡስ ኰይነ ግን እሓስብ — ስለምንታይ ክሳብ ኣዲስ-ኣበባን ደሴን ክትትል ይግበር? ንበይነይ ጥራይ ከም ዘይኰነ'ውን ገምጊመ። ምናልባት ናይ ሓራካ ምንቅስቓስ ይሰፍሕ ኣሎ ኢሎም ኢዮም ዝኸውኑ እብል። ቅድም ተኸተል ዓመተ-ምህረት ክርእዮ ከለኹ ከአ ንሕና ዘካየድናዮ ሰላማዊ ሰልፊ መስከረም 1960 ኰይኑ ሸዑኡ ተኣሲርና ክሳብ ቀዳማይ ርብዒ 1961 ኣብኡ ጸኒሕና። ቀዳመይቲ ኣብ ኤርትራ ዝቖመት ዋህዮ ሓራካ ኣብ ጥቅምቲ 1960 ኢዩ። ብረታዊ ቃልሲ ኣብ መስከረም 1961 ተኣዊጁ። መንግስቲ ንዋይ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ዕልዋ መንግስቲ ፈቲኑ ዝፈሸለሉ ድማ ታሕሳስ 1960 ኢዩ። ካብተም ቀዳሞት ውዱባት ሓራካ ካሕሳይ ባህልቢ (ወዲ ልቢ) ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ኣባላት ሓራካ ክውድብ ዝጀመረ ኣብ መወዳእታ 1961 ኰይኑ፣ ብሰንኪ ርሕቀትን ምድንጉያትን፣ ናይ ኣዲስ-ኣበባ ኣባላት፣ ምንቅስቓሳቶም ድኹም ኢዩ ነይሩ። ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ዝነበሩ ውዱባት ከአ ተኽለ ኣይዘንሃወር፣ ግርማይ ገብረመስቀል፣ ወረደ ገብረዮሃንስን ካልኦትን ነይሮም።

ስለዚ ኣብ መፋረቕ 1961 ትኩእ ንገለ ካብቶም ተኣሲርና ዝነበርና ኣብ ዋህዮ ሓራካ ከም እንጥርነፍ ገይሩና። ድሕሪ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣቢሉ ኩላትና በብሓደ በብኽልተ፣ ገለና ንስራሕ መብዛሕትና ከአ ንትምህርቲ ናብ ኣዲስ-ኣበባ ከድና። ፋሕ ኢልና ስለ ዝነበርና ርክብ'ውን ኣይነበረናን። ዋላ እንተ ተረኽብና'ውን ካብ ኣስመራ ሓበሬታ ዝብሃል ስለ ዘየሎ ሓፈሻዊ ኣዕሊልና ጥራይ ኢና ንፈላለ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ማለት ኣብ መስከረም 1961 ንደብረዘይት ምስ ከድኩ ኣብኡ ካብ ዘጥረኹዎም ኣሕዋት ሓደ ምሕረትኣብ ተስፋጊዮርጊስ ክውድበኒ ልዝብ ኢሉ ኣፍኢሙለይ ነይሩ። እነ ከአ ምስ ትኩእ ዝነበረኒ ምትእስሳር ክይጠቐስኩ ሸለል በለኒ ኢለዮ። ምሕረትኣብ ኣብ ሓራካ ድዩ ክውድበኒ ደልዩ ዝነበረ ወይስ ኣብቲ ብረተዊ ቃልሲ ዝጀመረ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኣየረጋገጽኩን። ንዘተ ዕድል ኣይሃብኩዎን።

ስለዚ ኣብ ኣውቶቡስ እናተጓዕዝኩ ኩሉ ከግምግሞ ከለኹ፣ ኣብ ሓጺር ዓመታት እዚ ኩሉ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ከረአ ምኽኣሉ፣

ንስርዓት ኢትዮጵያ ዓቢ ብድሆ ኢዩ። ጽዑቕ ጸጥታዊ ምክትታል ክገብሩ ከአ ናይ ግድን ኢዩ በልኩ።

ሰንፈላል ናብራ

ድሕሪ ናይ ሳልስቲ ጕዕዞ፣ ሰዓት ሓሙሽተ ድሕሪ ቀትሪ ኣቢልና ኣስመራ ኣቶና። መዕርፎ ኣውቶቡስ ዕዳጋ ሓሙስ ከምቲ ናይ ቀደም'ኳ ኣይዥንጉርጉር ዝቕበል ሰብ መሊኡ ኢዩ ነይሩ። ሚኪኤል ሓወይ ሕጂ'ውን ስለ ዝተቐበለኒ ተሓቛቚፍና ተሰዕዓዒምና።

ከም ህዝበይ ተጸብየ ባልጃይ ምስ ወረደት፣ ሚኪኤል ሓወይ ሒዙዋ ካሮሳ ክንቃመት ከለና ሕጂ'ውን ከምታ ዘልመዱኒ፣ ሓደ መንእሰይ መጺኡ ብትሕትና ባልጃይ ዝሽፍተሉ ሓተተኒ። ትሕትና ዘሎዎ ወዲ ኢዩ ነይሩ። ኰነ ኢለ ኣጉባዕቢዐ፣ ንሱ ግን በጃኻ ይርአዩና ስለ ዘለዉ ክፈተለይ ግን እጀኻ ኢሉኒ ከፌተሉ። ክልተ-ሰለስተ ክዳን ገናጺሉ ኪድ ኢሉኒ። እቶም ምሳይ ዝመጹ ክልተ ኣባላት ጸጥታ፣ ኣማዕድዮም ይርእዩና ነይሮም ይኹኑ ኢለ ገሚተ፣ ምኽንያቱ ወረዶም በዚኣ ክይደም ዘይትብሎ ተሸሪቦምኒ ኢዮም። ኣማኑኤል ንጉሰ'ውን ኣይግዳዳ፣ ገለ'ኳ ይገብሩዎ ኢሉ ክይሓሰበ ባልጃኡ ኣልዒሉ ተዓዝረ። ፈሪሑ ኣይኰነን፣ ጠባዩ ኣጸቢቑ ስለ ዝፈልጠ ግዲ ዘይብሉ ስለ ዝኾነ ጥራይ ኢዩ።

ገዛ ኣቲና ብዘይካ ሚኪኤል ሓወይን ኣቦይን እንታይ ኰንካ ተመሊስካ ዝበለኒ ኣይነበረን። ከም ዘይምልሰሎም ስለ ዝፈለጡ ኢዮም። ነቦይ ብዝርዝር ነጊረዮ፣ ሚኪኤል ከአ ተረዲኡኒ። ኣቦይ ድማ ብዘይካ ኣብ ኣስመራ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ሕሱም ማእሰርቲ ኣሎ ድዩ የሎን ዝፈልጠ የብሉን። እቲ ዘቕረብኩዎ ምኽንያታት ብልቡ ተቐቢሉኒ ድዩ ኣይተቐበለንን ከአ ኣይተረድኣንን። ምኽንያቱ ሓንሳብ መጺኡ ስለ ዘሸኹ እንተ ተዛረበ'ውን ትርጉም ስለ ዘይህሉዎ እጽቂጡ ጥራይ ኢዩ ተቐቢሉኒ። ኣብ ኣስመራ ብዙሕ ጥንቃቐ ክገብር ከም ዘለኒ ግን ንቡር ናይ ወላዲ ማዕዳ ኣይነፈገለይን።

ንጽባሒቱ ንከተማ ወሪደ ኣብተን ነዘውትረን ዝነበርና እንዳ ሻሂታት በጺሐ። ናብራ መንእሰይ ለውጢ ዘይብሉ ከም ቀደሙ ጸኒሑኒ። እቶም መዛውርተይ ጥቡቓት ኣዕሩኽተይ ዝነበሩ፣ ኣማኑኤል ተስፋጽዮን፣ ኪሮስ ጻጸን ኣማኑኤል ገሬሱስን ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ዩኒቨርስቲ

ይመሃሩ፣ በርሀ ሃይለን ነብያት ነጋሲን'ውን ሳላ ሓጐስ ተስፋጽዮን ክልቲኦም አብ ማእከላይ መደበር ፋርማሲ አብ አዲስ-አበባ ስራሕ ኣእትዩዎም። ሃይለ ስዩም ምስ መጽሓፍቱን ሙዚቃኡን አብ ግዛኡ ኢዩ። ስለዚ እነ ንበይነይ አብ አስመራ ሓደስቲ አዕሩኽ ከጥሪ ጥራይ ኢዩ ዕድለይ። ግን መን ክቐርበኒ፣ ክልክመና ኢዩ ኢሎም ስለ ዝፈርሑ ኩሉ ኢዩ ዝርሕቀኒ። እዚ ተርእዮ'ዚ አብ ኩሉ ኢድ ዘሎዎ ሰብ ዘንንፍ ዝነበረ ኢዩ።

ጸኒሑ፣ ቀደም ምሳይ አብ ሓንቲ ጋንታ ኵዕሶ ዝጻወት ዝነበረ ግርማይ ይሕደጎ ዝበሃል ዓርከይ፣ ዩኒቨርስቲ ስለ ዘይአተወ፣ አዲስ-አበባ ክእ ባህ ስለ ዘይበሎ አስመራ መጺኡለይ። ዕርክነትና አሓዲስና ክእ ብሓደ ክንዘውር ጀመርና። ፈቐዶኡ ኢና ንዘውር፣ ፈቐዶኡ ክእ ስራሕ መድለዪ ደብዳበ እናጸሓፍና ነቕርብ።

ሓደ መዓልቲ አቦይ ናይ መንግስቲ ስራሕ ረኺበልካ አለኹ ኢሉ አብ ሓደ ናይ መንግስቲ ፐርሰነል ይወስደኒ። አነ ግን አቓዲመ ናይ መንግስቲ ስራሕ አይደልን፣ እንተ ደሸኹ'ውን አየእትዉንን ኢዮም ኢለዮ፣ ብሓይሊ ኢዩ ወሲዱኒ። እቶም ሰብኣይ ጽቡቕ ገይሮም ተቐቢሎምና። ሰኑይ መዓልቲ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ክመጸም እሞ ክጅምር ምኺነይ ሓቢሮም አፋንዮምና።

ሰኑይ አብ ቆጸራይ ናብ ቤት-ጽሕፈቶም ከይደ። እቲ ጸሓፊኦም ወዲ ተቐቢሉ፣ አቓዲሙ ክርትም ኢሉ ስሒቑኒ። ገለ ነገር ከም ዘሎ ተረዲኡኒ ሓጸር ሓበሬታ ክእ ሂቡኒ። "ደገዝማቲ ካብ ሎሚ ንግሆ ጀሚሮም ንክልተ ወርሒ ዕረፍቲ ወሲዶም ስለ ዘለዉ የለዉን፣" ኢሉ ደጊሙ ስሒቑ አይትድከም ኢሉኒ። አነ ክእ ክርትም ኢለ ስሒቐ፣ "ደሓን አነ'ውን ትጽቢት አይነበረንን፣ የቐንየለይ፣" ኢለዮ ከይደ።

ገዛ ኣትየ ነቦይ እናሰሓቕኩ ምስ ነገርኩዎ፣ አዝዩ ጕሁዩ ምስ ናቱ ኩነታት ክእ አተሓሒዙዎ።

አቦይ አብ ዕስክርና ጥልያን ሹምባሽ ካራቢነሪ ኢዩ ነይሩ። አብ 1940-41 አብ ኵናት ጥንቁልሓስ ከረን ተሳቲፉ ስራዊት ጣልያን ፋሕ ብትን ምስ አተዎ፣ ተወጢሑዎ ዝነበረ ፈረስ ሒዙ ብስሜናዊ ባሕሪ አቢሉ ዓዱ አትዩ። ምምሕዳር እንግሊዝ ምስ ተረጋግአ ክእ ብወተሃደራዊ ተመኩሮኡ አብ ኮሚሳርያቶ ሓማሴን "ካቦ ባንዳ" ኰይኑ ይሰርሕ ነይሩ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ናይ ላምዛ ሰሓርቲን ወቓርቲን ምስሌን ኰይኑ ስለ ዝተመዘዘ ኩልና ስድራቤት ሒዙና ንዓዲ ወሪድና። ድሕሪ ክልተ ዓመት አቢሉ ክእ፣ አብ መንጎ ሕብረትን ናጽነትን

ብዝነበረ ቃልሲ፣ አቦይ ድማ አባል ማሕበር አንድነት ስለ ዘይነበረ፣ ሽፋቱ እናለኣኹ ቀጻሊ የፈራርሑዎ ነይሮም። አብ መወዳእታ 1951 ሓደ ለይቲ ሽፍታ መጺኦም ነቦይ ቀጥቂጦም፣ ዝዝረፍ ንብረት ዘረፎም ከይደዎም። አቦይ ንገለ ክልተ ወርሒ አቢሉ አብ አስመራ አብ ሆስፒታል ተዓቒቡ። ካብ ሆስፒታል ምስ ወጸ አዕሩኹቱን ባዕላቶም ሰበ-ስልጣንን ምስሌንነትካ ከይትሕደግ ንዓዲ ተመሊስካ ስራሕካ ጀምር ኢሎሞ ናብ ዓዲ ተመልሰ። ነዊሕ ከይጸንሐ ክእ ሓደ ዘሕዝን ፍጻመ አብ ልዕሊ ሓደ "ኤርትራ ንኤርትራውያን" ዝብሉ ዝነበሩ ካልእ ምስሌኔ ተፈጺሙ። ሽዑ ይዕለል ከም ዝነበረ ሓደ ሽፍታ ቀቲሉዎም ሃዲሙ ምስ ዓሳክሩ አብ እምበይቶ ሰሓርቲ አትዩ። አብ ሓደ ግዛ እናተመስሑ ከለዉ ደድሕሪኦም ዝሰዕቡ ዝነበሩ ባንዳ ብጨርቂን አዝማድን መዋቲ ምስሌን መጺኦምኻ ምስ በሉዎ በተግ ኢሉ እናተታኸሰ አምሊጡ አብ ጎቦ ደየበ። እዚ ክሸውን ከሎ ግን ምስ አያይ ክሸፍት ኢሉ ዝመጸ ንተኸስተ ንእሽቶ ሓዉ ንበይኑ ሃዲሙ አብ ሓደ ግዛ ተዓቚቡ ተሪፉ። እቶም ባንዳ ደልዮም፣ ካብ ቆፎ አውጺኦም ቀቲሉዎ። ሬሳኡ አብ ጎልጎል ሰጢሑዎ ድማ ከዱ።

አቦይ እቲ ዘጋጠመ ኩነታት ምስ ተነግሮ ከም ምስሌኔ መጠን ደሃይ ክፈልጥ ናብ እምበይቶ ከደ። ሬሳ መንእሰይ አብ ጎልጎል ተሰጢሑ፣ ቀተልቲ ድማ ናብ ዓዶም ከም ዝተመልሱ ረአየ። ብነጸላኡ ነቲ ሬሳ ከዲኑ ድማ ብቐጽበት ከም ዝቕበር ገበረ።

እቲ ሽፍታ ነዚ ኩሉ ዛንታ ምስ ፈለጠ፣ ንግደት እምበይቶ ጸብጺቡ ምስ ዓሳክሩ ደሸኸ በለ። ዓዲ ተበጽበጸት። "እቶ ሕሩድ ክንቅርብ፣" እንተ በሉዎ፣ "ንሓወይ ናብ ኢድ ቀተልቲ ዘረከቡ እከለን እከለን ከየምጸኢኩም አይንበልዕ አይንሰቲ፣" ኢሉ አቕበጸ። እቲ ሓደ ፈሪሑ ናብ ቤት-መቕደስ ክዕቆብ ከሎ እቲ ካልአይ ግን ከይፈለጠ ስለ ዝጸንሐ፣ ቀልጢፉ በቶም ሸፋቱ ተረኽበ። አብ ቅድሚ ጭፍራ ሸፋቱ ድማ ዓዕ! እናበለ ብኻራ ሓንቲ ኢዱን ሓንቲ እግሩን ተቐርጸ።

ብድሕሪ'ዚ (በታ አቦይ ንሬሳ ሓዉ ብግቡእ ክቕበር ዝወሰና) "ንምስሌን ሰሓርቲ ጽንጽያ ዓይኑ ዘንፈረላን ንዓዲ አሕደሮም ዝተንከፈን አብኣ ትደዩ፣" ኢሉ እቲ ሽፍታ ስለ ዘስመዐ፣ ነቦይ ፈጺሙ ዝቐርቦ ሽፍታ አይተረኽበን። ከም ድላዩ ዓዲን ከተማን ክመላለስ ድማ ክኢሉ። ከም እንደገና አብ ናይ ምስሌንነት ስራሑ ንዓዲ ምስ አደይ ከምለስ ከሎ፣ ንሕና አብ አስመራ ተሪፍና ትምህርትና ቀጸልና።

በዚ ምኽንያት ኢና ኣነ ምስ ክልተ ንኣሽቱ ኣሕዋተይ ክልተ ዓመት ምስ ኣሞና ጸኒሕና ደሓር ኣብ ናይ ወንጌላዊት ሓዳሪ ቤት-ትምህርቲ ዝኣቶና።

ኣቦይ ከም እንደገና ኣብ 1958 ምስሌንነቱ ተሓዲጉ ብዘይ ስራሕ ጠጠው ከም ዝብል ኰይኑ ነይሩ።

ሳልሰቲ ካብ ማእሰርቲ ምስ ወጸኣኩ ኣቦይ ናበይ ምኺንና ክይነገረኒ ሓደ ንግሆ ሒዙኒ ንገዛ ባንዳ ደየብና። ኣብ ሓደ ዓቢ ቅድሚኡ ርእየዮ ዘይፈልጥ ገዛ ኣቲና። ፈለስቲ ተዓጢቕም ላዕልን ታሕትን ክብሉ ምስ ረኣኹ ግን ተረዲኡኒ። እንዳ ኣቡነ ኣትናተዎስ ኢዩ። ኣቡነ ኣትናተዎስ ደጋፊ ኢትዮጵያ ስለ ዝነበሩ ኢዮም ብስርዓ ት ሃይለስላሴ ናይ ኤርትራ ኣቡን ኰይኖም ተሸይሞሞ። ንዓይ ድማ ኣኮይ ኢዮም ዝብጽሑኒ።

ኣቦይ ንበይኑ ረኺቡዎም ኣዕሊሉም ጸዊዖምኒ ኣትየ፡ ተሳለም ኢሎምኒ ከኣ ተሳሊመ።

"ስማዕ እስኪ ጎበዝ! ኣጮ ብፖለቲካ ተጸጊሙ እናሃለወ ስለምንታይ ኢኻ ኣንጻር መንግስቲ ትዕንድር? ነበይ ክሕግዞ እየኳ ኣይትብልን? ኑቲ ዘሎዎ ጸገም መሊስካ ከተግድደሉ ዲኻ ደሊኻ?" ኢሎም በቲ ሒዞም ዝነበሩ ዓቢ መስቀል ክዣርሙኒ ብድድ ምስ በሉ ተንሲአ ንማዕጾ ገጸይ ሃዲመ። ሓደ ፈላሲ ክልኪሉኒ'ምበር ብእኡ ገይረ እየ ዝኸይድ ሓሲበ። ደሓር ኮፍ ኢለ ናይ ወላዲ ምኽሪ ሂቦምኒ ቃል ክየውጻኣኩ ንገዛና ተበገስና። ካብኣ ወጺእና ገዛና ክሳብ ንበጽሕ ከኣ ምስ ኣቦይ ፈጺምና ኣይተዛረብናን።

ብድሕሪኡ ምሉእ ስድራ እንክላይ ኣቦይ ዘኽብሩ ዓባይ ሓውትኖይ ሰሚዓ ገዛ መጺኣ።

"እዚ ቆማል ፈላሲስ ክዣርመካ ብመስቀል ጎዶካ። እንታይ መዓዳይን ገባራይን ኰይኑዩ፡" ኢላትኒ። ኣይትፈትዎምን ኢያ ነይራ። ኣነ ግን እቲ ኩሉ ተዋስኦ ታህዲድ ከም ዝነበረ ኣይሰሓትኩዎን።

ሓውትኖይ ኣብቲ ኣብ መወዳእታ 40ታት ምምሕዳር እንግሊዝ ኣብ መንጎ መንእሰያት ሰልፊ ኣልራቢጣን መንእሰያት ሰልፊ ኣንድነትን ዝወልዖ ግን ዝፈሸለ ሓጺር ኣምባጋሮ፡ ድቔስ በርበረ ብመለሊኸ ሒዛ ስድራኣ ዝተኸላኸለት ኢያ።

ብዝኾነ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ መንጎ ገለ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ፡ ምእንቲ ስልጣንን ረብሓን ኣውራጃውነት ይምዝምዙዎ ስለ ዝነበሩ፡

ገለ ብህልኽ፡ ገለ ከኣ ብህርፋን ሽመት ስልጣን ዝደሊ ብዙሕ'ዩ ነይሩ። ብኣጻብዕ ዝቚጸሩ ግን ካብ ምስ ኢትዮጵያ ምስራሕ ምግዳፉ ይሓይሽ ኢሎም፡ ከም ግራዝማች ተኽለሃይማኖት ጠኩ ዝኣመስሉ ተረርቲ ሃገራውያን ሽመት ኢትዮጵያ ነጺጎም ኣብ ገዛእም ኮፍ ዝበሉ ነይሮም። ኣቦይ ድማ ከም ኩሉ ተቖራቐሱ ኣብ ከባቢ 1964 ናይ ኣውራጃ ቤት-ፍርዲ ዳኛ ኰይኑ ንዓዲ-ቐይሕ ተመደበ። ድሕሪኡ ኣብ መንደፈራ፡ ጸኒሑ ከኣ ኣብ ኣስመራ ዳኛ ኣውራጃ ቤት-ፍርዲ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ 1965 ጥሮታ ወጺኡ ኣብ ንግዲን ሕርሻን ተዋፊሩ። ኣብ 1978 ከኣ ብሕማም ዓሪፉ።

ሕንቅል-ሕንቅሊተይ ዕርክነት ብቴለፎን

ዘየቕስን ህይወት ናብራ ኣስመራ ከም ቀደሙ ይቕጽል። ኣነን ግርማይን ከኣ ስራሕ ክንደሊ ፈቐዶኡ ኮለል ንብል። ሓደ መዓልቲ ኣብ መገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ፈተና ከም ዘሎ ሰሚዐ ወረቓቕተይ ሒዘ ቀረብ፣ ፈተና ሓሊፈ ኣብ ቃለ-መጠይቕ በጺሐ። ውጽኢቱ ግን ተሪፍካ ኢኻ ኢሎምኒ።

ኣብ ትካል ምክልኻል ዓሶ'ውን ከምኡ ሓሊፈ ንመቖለ ኢዩ መደብካ ምስ ተበሃልኩ ገዲፈዮ። ደሓር ግን ኣብ መገዲ ኣየር ግብጺ ብክልተ ሚእቲ ብር ደሞዝ ስራሕ ረኺበ። ናይ ሽዑ 200 ኣዝዩ ብዙሕ'ዩ። እቲ ስራሕ ናይ ቤት-ጽሕፈትን ነፈርቲ ምቕባልን ስለ ዝነበረ፡ ለይቲን መዓልቲን ኢዩ፡ ኣነ ግን ፈትየዮ። እዚ ኣብ መፋርቕ 1962 ኢዩ ነይሩ።

ግብጻዊ ኣካያዲ ስራሕ ፎዓድ ሓበሺ ሓያል ኢዩ ነይሩ። መሳርሕትየ ሓንቲ ኣንቶንየታ እትብሃል ጣልያንን ሓደ ጆቫኒ ኮስታንቲኒዲስ ዝብሃል ኣዝየ ዝፈትዎ ወዲ ከረንን ካልኦት ተሓጋገዝቲ ቤት-ጽሕፈትን ኢዮም ነይሮም። ዕባይ ከረን ጆቫኒ ቋንቋታት እንግሊዝ፡ ጣልያን ዓረብ፡ ትግርኛ፡ ትግረን ቢለንን ኣጸርዩ ዝዛረብ፡ ከም ቋንቋኡ ዝጽሕፍን ዘንብብን ጠባዩን መልክዑን መንቅብ ዘይብሉ፡ ኣብ ፈቐዶ ሳዕስዒት ተለሚኑ ብበጃካ ዑድን ጊታርን ሒዙ ደቂ ሂዋን ሎኽ ሎኽ ዘብለን፡ ከም ስሙ ምቕሉል "ዶን ጁዋን" ኢዩ ነይሩ።

ብተወሳኺ ሓደ ጆርዲማይና ዝብሃል ዕድመ ዝደፍአ ሓንፈጽ ልክዕ ከም ጆቫኒ ኩሉ ቋንቋታት ዝዛረብ መሳርሕቲ ነይሩና።

ድሕሪ ቁሩብ እዋን ጆቫኒ ካልእ ዝሓሸ ስራሕ ረኺቡ ምስ ገደፈና፡ ሓደ ካልእ ማሕሙድ ሓሰን ዝተባህለ ናይ መገዲ ኣየር ከኢላ መሳርሕቲ መጺኡኒ። ኣንቶንየታ ተመርዕያ ስራሕ ምስ ገደፈቶ'ውን ኣብርሀት ኣብርሃ ዝተባህለት ምቅልልቲ ሰራሕተኛ መጺኣ።

ስራሕ ፈትየ እናሰራሕኩ፡ ግርማይ ዓርከይ ምሸት ይመጸኒ ክልቴና ንዘውር፡ ካልእ ዝሕወሰና ዘይብልና ነዊሕ ተጓዒዝና።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ስራሕ ስልኪ ይድወለለይ። ዝድውለለይ ዘሎ ሰብ ድምጹ ሓፊሱ፡ ትግርኛ ዘይፈልጥ መሲሉ ብእንግሊዝኛ ከዛርበኒ ይፍትን።

"ሰላም ተኪኤ ከመይ ኣለኻ፡ ንሽኻ ሃገራዊ ስለ ዝኾንካ እየ ዝድውለልካ ዘለኹ። ታሪኽካ እፈልጦ እየ፡ ኣነ ከኣ ከማኻ እየ፡" እናበለ ብህድኣት ይዛረብ። ሰንቢደ ከም ንቡር ክዛርቦ ኣይከኣልኩን።

"ንሽኻኸ መን ኢዩ ስምካ ኣብ ቴለፎን ፖለቲካ ክተዕልል ትደፍር?"

"ስመይ ሓደ መዓልቲ ክትፈልጦ ኢኻ፡ ብሃገራውነትካ ስለ ዝተመስጥኩ እየ ዝድውለልካ ዘለኹ፡"

"ብኣካል ግን ንፋለጥ ኣይመስለንን።"

"ሓቅኻ ኣነ እየ ዝፈልጠካ እምበር ንሽኻስ ኣይትፈልጠንን ኢኻ።"

"እሞ ቆጸራ ዘይንገብር ክንራኸብ?"

"ሓደ መዓልቲ ምርኻብና ኣይተርፍን'ዩ።"

"በል ዝሓወይ ኣነ ፖለቲካ ኣብ ቴለፎን ኣይዛረብን እየ፡ ከምዚ እትብሎ ዘለኻ ከኣ ኣይኮንኩን። ስምካ ንገረኒ ወይ ብኣካል ርኸበኒ፡" ኢለ ኣብ እዝኑ ዓጸኹዋ።

ድሕሪ ሳልስቲ ደጊሙ ይድውል፡ ሽዑ'ውን ስሙ ኣይነግረንን፡ ንራኸብ እንተ በልኩዎ ከኣ ይኣቢ። ብእንግሊዝኛ እንተ ዘይኮይኑ ብትግርኛ ይኹን ብኣምሓርኛ ኣይዛረብን። ብድምጹ መን ምዃኑ ክፈልጦ ህርድግ ኢለ ግን ኣይፈለጥኩዎን።

"እንታይ ኢኻ ደሊኻ ደዊልካ?"

"ክዕልለካ እምበር እንታይ ክደሊ ደኣ?"

"ስለምንታይ ግን ብኣካል ተራኺብና ዘይነዕልል?"

"ምርኻብ ደኣ ክንራኸብ እኮ ኢና፡ ግን ክሳብ እንራኸብ ብቴለፎን ዘየዕልለካ?"

"ስምካኸ እንታይ ኴንካ ዘይትነግረኒ?"

"ስመይ እውን ምስ ተራኸብና ክነግረካ'የ።"

"በል ዝሓወይ ድሕሪ ሕጂ ከይትውድውለለይ። ብናተይ ገምጋም ንሽኻ ሓደ ጀራቕ ወይ ሓሳዊ ክትከውን ኣለካ፡" ኢለ ቴለፎን ኣብ እዝኑ ዓጸኹዋ።

ግደ ሓቂ ግን ኣብታ እዋን እቲኣ ንሱ ዘይኮነ ኣነ እየ ጀራቕ ነይረ። ምኽንያቱ ብዘይካ ኣባል ጸጥታ ካልእ ሰብ ክኸውን ኣይከእልን ኢዩ ኢለ ደምዲመ ስለ ዝነበርኩ። ስልኪ ምስ ዓጸኹዎ ድማ እሓስብ እትንትን። ስለ ዝጸረፍኩዎ መጺኡም ክወስዱኒ ኢዮም እብል፡ ተጸብየ ድማ። ብኣፍደገ ቤት-ጽሕፈተይ ዝሓልፍ ሰብ ከም ኣጋጣሚ ጠጠው እንተ ኢሉ ወይ እንተ ጠመተኒ ንሱ ኢዩ ዝኸውን ኢለ ኣተኩረ እጥምቶ። ዝመጸ ይምጻእ ኢለ ግን ንማእሰርቲ ተዳሊኸ። ይኹን'ምበር እዚ ሰብ'ዚ ዳግማይ እንተ ደዊሉለይ፡ ሃዲእ ከይተጨነቕኩ ክዛርቦን ዘእስረኒ ነገር ከይመልቆኒ ክጥንቀቕን መደብኩ።

ድሕሪ ሰሙን ኣቢሉ ደጊሙ ይድውል። ሽዑ ሃዲእ ከዕልሎ ጀመርኩ፡ ንሱ ድማ ፈኺሱዎ ሃለውለው ይብል። ካብ ዕላሉ ገለ ክፈልጦ ዘኽእለኒ ኣመት ክረክብ ፈቲነ ግን ኣዝዩ ጥንቁቕ ኮይኑ ረኺበዮ። ሃለውለው ምስ በዝሐ ግን ዘረባኡ ቅጭ ኣምጺኡለይ፡ "በል ዕላል ይኣኽለካ ኣነ ድማ ስራሐይ ሰሪረ፡" ኢለ ብልዙብ ስነ-ምግባር ተፋኖኩዎ።

ብኸምዚ ጥራይ ርክብና ንነዊሕ ጊዜ ቀጺሉ። ደሓር እሞ ለሚደዮ ድምጹ ክሰምዕ ከለኹ እስሕቕ፡ ነዊሕ ከኣ ነዕልል። ኣዕሩኸተይ ይጽብጽበለይ እሞ ኣበይ ከም ዘለዉ ይሓተኒ።

"ኣዕሩኸተይ ኣበይ ከም ዘለዉ ደኣ ስራሕካ ስለ ዝኾነ ኣጸቢቕካ ትፈልጥ እንዲኻ፡" ምስ በልኩዎ ክርትም ኢሉ ስሓቐ።

"ስራሐይ እንታይ ድዩ?" ከም እንደገና እናሰሓቐ።

"ከምዚ ምሳይ ትገብሮ ዘለኻ፡" ኣነ'ውን እናሰሓቕኩ።

ብኸምዚ ንልዕሊ ሽዱሽተ ወርሒ ናይ ቴለፎን ኣዕሩኽ ኴንና ምስ

ቀጸልና በዚሑኒ ቅጭ ኣምጺኡለይ። ብድሕሪኡ ወይ ንራኽብ ወይ ከኣ ድሕሪ ሕጂ ከይትድውለለይ ኢለ ገለ ክልተ ግዜ ኣብ እዝኑ ምስ ዓጸኹዎ ሕራይ ኢሉኒ።

"በል ኣበይ ኢና ንራኽብ ቦታን ግዜን ባዕልኻ ምረጽ፡" በልክዎ።

"ኣብ ፊት ክለብ ሃማ... ሃማ..ሴን ጽባሕ ሰዓት ሸውዓተ ምሸት፡" ኢሉ ነታ "ሓማሴን" ትብል ቃል ኣደማምጸኣ ከም ዝጠፍኣቶ ገይሩ ኣጸይፍ ምስ ኣበላ፡ ኣነ ክርትም ኢለ ሰሓቕኩ። ከም ልማዱ ከኣ እንግሊዝኛ እንተ ዘይኩይኑ ትግርኛ ወይ ኣምሓርኛ ፈጺሙ ከም ዘይፈልጥ ቃል ኣይትመልቀን ኢያ።

"በል ደሓን ኣብኡ ንራኽብ፡ ግን ከመይ ገይረ ክፈልጠካ?"

"ደሓን ኣነ እፈልጠካ ስለ ዝኾንኩ ጸገም የለን፡" ኢሉኒ ኣብ ቆጸራና ክንራኸብ ክልቴና ቴለፎን ዓጸና።

ብድሕሪ'ዚ ንግርማይ ይሕደን ቀልጢፈ ክመጽኒ ደዊለሉ። ምስ መጸ ብምሉኡ ንሽዱሽተ ወርሒ ዝኣክል ዘጓንፈኒ ዝነበረ ድራማ ኣዕሊለዮ። ኣቐዲመ ስለ ዘይነገርኩዎ ግን ቅር ኢሉዎ።

"ግርማይ ዓርከይ ኣይትቀየመኒ፡ ሕጂ'ውን ዝነግረካ ዘለኹ፡ ሰዓት ሸውዓተ ክንራኽብ ሕራይ ኢሉኒ ስለ ዘሎ፡ ኣማዕዲኻ ክትከታተለኒ እየ ደልየ። ሰባት ምስኡ መጺኦም እንተ ወሲዶምኒ፡ ኣበይ ከም ዝወሰዱኒ ብሽግለታቕ ገርካ ትስዕበና፡" ኢለዮ ተሰማሚዕና።

ኣብ ቆጸራይ ልክዕ ሰዓት ሸውዓተ ተረኺበ። ሒዘያ ዝነበርኩ ጋዜጣ እግንጽላ ልበይ ግን ኣይቀሰነን። ነዚ ምስጢራዊ ናይ ቴለፎን "ዓ ርከይ" እንታዋይ ምዃኑ ክፈልጦ ተሃንጠኹ። ብዝያዳ ግን ክጨውዩኒ? ጨውዮም ኣበይ ክወስዱኒ? ዝብል ጭንቀት ነይሩኒ።

ካብ ሰዓት ሸውዓተ ሓሙሽተ ደቒቕ ሓሊፉ፡ ጸኒሑ ዓሰርተ፡ ዕስራ... ፍርቂ ሰዓት ተጸበኹ። ምናልባት ኢለ ኣብቲ ክለብ ኣትየ ኣብ ውሽጢ ክይህሉ እሞ መታን ክርእየኒ ዘወር ኢለ ንደገ ወጻእኩ። ሰዓት ሸሞንተ ምስ ኮነ ናብ ሲነማ ኢምፐሮ ኣቢለ ተጠውየ ኣብ ባር ኣቶኹ። ግርማይ ይከታተለኒ ስለ ዝነበረ ናባይ ገጹ ክመጽእ ርእየዮ፡ ብኢደይ ክመጸኒ ምልክት ገይረሉ ብሓባር ኣብቲ ባር ኮፍ በልና። "እዚ ቆልማጽ ሰብኣይ ኣይመጸን ጠሊሙ፡" ኢለ ስለምንታይ ኮን ይኸውን ዘይመጸ ኢልና ክንትንትን ጀመርና። ኣባል ጸዋታ እንተ ዘይከውን ምመጸ ነይሩ ኢልና ድማ ደምደምና።

ንጽባሒቱ ንግሆ ናይ ቴለፎን ዓርከይ ደወለለይ። ድምጹ ምስ ሰማዕኩ ከኣ፡ "ንሸኻ ሓደ ዓዲጅ ኢኻ፡ ክትረኽበኒ እንተ ደሊኻ ሕጂ'ውን ኣብ ስራሕይ ክትመጸኒ ትኽእል ኢኻ። ክትረኽበኒ ግን ኣይትደልን ኢኻ። ምኽንያቱ መንነትካ ምእንቲ ከይፈልጦ። ብዝኾነ ድሕሪ ሕጂ ከይትድውለለይ፡" ኢለ ተጸሪፈ መልሲ ክህበኒ ዕድል ከይሃብኩዎ ቴለፎን ኣብ እዝኑ ዓጸኹዎ። ብድሕሪኡ ከዛርበኒ ደዊሉ ድምጹ ምስ ሰማዕኩ ጥራይ ኣብ እዝኑ ይዓጽዎ ስለ ዝነበርኩ፡ ኣይደወለለይን ኣይረኸበንን። ክሳብ እዛ ደቂቕ'ዚኣ ከኣ እዚ ምስጢራዊ ሰብ'ዚ መን ኢዩ፡ እንታይ ክፈልጥ ኢዩ ዝድውለለይ ነይሩ፡ ናይ ጸጥታ ድዩ ወይ ብሓቂ ግዱስ ሃገራዊ ኣይፈለጥኩዎን። ኣብ ማሕበራዊ ህይወተይ ዝያዳ ጥንቃቐ ክገብር ከም ዘድለየኒ እዚ ናይ ቴለፎን "ዓርከይ" ስለ ዝኣመተለይ ብሕልናይ ኣመስጊነዮ። እዚ ኩሉ ድራማ ኣብ መጀመርያ 1963 ኢዩ ነይሩ።

ድርብ መኸስ ንሓንቲ ጸሕሊ

ከም ኣባላት ማሕበር ሸውዓተ ምስ ትኩእ ንራኽብ ኔርና። ደሓር ግን ትኩእ ንባዕሉ ይፍታሕን ይእሰርን ስለ ዝነበረ፡ ከምቲ ዝድለ ኣይረኸቦን ነይረ። ምኽንያቱ ሓንሳብ ኣብ ኣዒንቶም እንተ ኣቲኻ ኣይገድፉኻን ኢዮም ነይሮም። እምበር ማሕበር ሸውዓተ ንባዕሉ ብዙሕ ዝገብሮ ምንቅስቓስ ኣይነበሮን።

ንዓይ ብዝያዳ ዝከታተሉኒ ዝነበሩ ግን፡ ኣብ መገዲ ኣየር ግብጺ እሰርሕ ስለ ዝነበርኩ ጥራይ ኢዩ። ምኽንያቱ ኣብቲ እዋን'ቲ በዓል ኣቦይ ወልድኣብ ወልደማርያም፡ ኢብራሂም ሱልጣን፡ እድሪስ መሓመድ ኣዱም፡ ማሕሙድ ሳልሕ... መደበሮም ካይሮ ኢዩ ነይሩ። ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራውያን ኣብ ካይሮ ከኣ ንጡፍ ማሕበር ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ተኪኤ ምስኦም ቀጻሊ ርክብ ኣሎም፡ ኮነ ኢሉ ከኣ ኢዩ ኣብኡ ስራሕ ተቐጺሩ ዝብል ግምት ስለ ዝነበሮም፡ ብጋህዲ ኣብ ስራሕ ዝመጹኒ ኣባላት ጸጥታ ነይሮም። ስለዚ ምክትታል ኣብ ዝኸድኩዎ ነይሩኒ፣ ከም ኣመሎም ገዛይ ክሳብ ዝኣቱ ዝስዕቡኒ'ውን ነይሮም።

ሓደ ለይቲ ይዝከረኒ፡ ኣብ መርዓይ ዝዓረኽለይ መተዓብይተይ ይምርያ ስለ ዝነበረ ንቤት-መኻእ ሕልፎት ከይደ። ሽዑ ለይቲ ክልተ ኣባላት ጸጥታ፡ ንሕና ደቂ ገዛ መሲሉና፡ እቶም እንዳ ጓል ከኣ ኣባላት

ሕልፍት መሲሉዎም ምሳና ሓዲሮም። ወጋሕታ ክኸውን ከሎ ንሓደ ወዲ ሓወቦይ ብዛዕባይ ሓቲቶሞ ተጠንቀቕ በሎ ኢሎሞ ከአ ተሸሪቦም። "ተጠንቀቕ በሎ" ዝብሉ ኣባላት ጸጥታ ናይ ብሓቂ ሓለይቲ ኢዮም ኢለ ተገሪመ። ብዙሓት ካብ ኣባላት ጸጥታ ሰብ ክጕዳእ ዘይደልዩ ከም ዝነበሩ፡ ገሊኦም እውን ስራሕ ኰይኑዎም እምበር ብውሽጦም ሃገራውያን ከም ዝኾኑ ከአ መረጋገጺ ኰይኑኒ።

እዚ ተርእዮ'ዚ ግን ንዝኾነ ዝጠርጠሩዎ ሰብ ከምኡ ስለ ዝነበረ ለሚድናዮ ኔርና። ኣነ ብዘይካ ግርማይ ይሕደጎ ዓርከይ ካልእ ዝቐርበኒ ስለ ዘይነበረ፡ ኣነን መጽሓፍተይን ሲነማይን ሓደ-ሓደ እዋን ከአ ባራትን ኣብ ማ.ት.ኣ. ሽገይ ሃቡኒን እንተ ዘይኰይኑ ካልእ ህይወት ኣይነበረንን።

ብዛዕባ ንጥፈታት ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ካይሮን ሱዳንን ዝነበሩ ሓለፍቲ እንታይ ይገብሩ ኣለዉ ወረ ንምርካብ ጽን ካብ ምባል ግን ዓዲ ኣይወዓልናን። ከምቲ ናይ በዓል ኣቦይ ወልደኣብ ካብ ካይሮ ዝፍኖ ዝነበረ ናይ ረድዮ መደብ፡ ካብ ካርቱም ፈነወ ረድዮ ክህሉ ዘይተመነየ ዜጋ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ኣብ ከባቢ 1955-56 ኣቢሉ ሓንቲ ነዊሕ ዕድመ ዘይነበራ ግን ኩሉ ሰብ ተሃንጥዩ ዝከታተላ ዝነበረ ናይ ረድዮ ፕሮግራም ነይራ። እቲ ዝፍኖ ብትግርኛ ኰይኑ ኣቦይ ወልደኣብ ባዕሎም ኢዮም ዝፍንዉዎ ዝነበሩ፡ ከይሰማዕናያ ከአ ኣምሲና ኣይንፈልጥን። ሓደ ምሸት ቅድሚ ሓተታ ዜና ክህቡ ከለዉ፡ ኣቦይ ወልድኣብ ቀዳመይቲ ኣርእስቲ ዜና "መትረብ ስወጽ ተሃጊሩ" ኢሎም። እዛ "ተሃጊሩ" ትብል ቃል ትርጕማ እንታይ ምዃና ሸውኡ ኣይፈለጥናያን። ዋላ እቶም ምሳና ዝሰምዑ ዝነበሩ ዓበይቲ፡ ክልተ መማህራን ዝነበሩዎም ክፈልጡዋ ኣይከኣሉን። ደሓር ግን ናይ ዜና ትንትና ክገብሩ ከለዉ ኣቦይ ወልደኣብ ብዝያዳ ኣብሪሆማ። ሽዓ ምሸት ምህጋር ብቋንቋ ትግርኛን እንግሊዝኛን ጥራይ ዘይኰነ፡ ምህጋር ኣብ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን መዳያቱ ፈሊጠ ተመሲጠ ከአ። ፖለቲካዊ ጽልዋ ከነሕድር ዝደፋፍኣና ከአ እዚን ወዲ'ዚን ኢዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ረድዮ ዝውንን ኣዝዩ ውሑድ ስድራ-ቤት እንተ ዘይኰይኑ፡ ከምዚ ሎሚ ፈቐዶኡ ኣይነበረን። ፈነወ ረድዮ ኣቦይ ወልደኣብ ክንሰምዕ ዘይንፍትሾ ገዛ ኣይነበረን። ኩሉ ድማ ኢዩ ዝሰምዓ ነይሩ። እቲ መደብ ፈነወ፡ ሃገራውነት ኣብ ምብርባርን ጥምረት ኣብ ምምጻእን ዝተጻወቶ ተራ ድማ ቀሊል ኣይኰነን። ነዊሕ ግን ኣይቀጸለን፡ ምኽንያቱ ኣብ ልዕሊ'ቲ ብዕልዋ ስልጣን ዝሓዘ ጀማል ዓብደል ናስር ዝመርሖ መንግስቲ፡ ናይ ምዕራብ ሃገራት ብፍላይ ናይ እንግሊዝን

ፈረንሳን ጸቕጢ ይበዝሖ ነይሩ። ቀንዲ ጠንቁ ከአ ነቲ ዝውንንእ ዝነበራ መትረብ ስወጽ ስለ ዝሃገሮ ኢዩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ፕረሲደንት ጀማል ዓብደል ናስር ናይ ፈተውቲ ሃገራት ደገፍ ይደሊ ስለ ዝነበረ፡ ንጉስ ሃይለስላሴ ናይ ኢትዮጵያ፡ ነታ ብበዓል ኣቦይ ወልደኣብ ትፍኖ ዝነበረት ናይ ረድዮ ፕሮግራም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣእትዩ፣ ኣብ ጉዳይ መትረብ ስወጽ ክንድግፈካ ነታ ናይ ረድዮ ፕሮግራም ሰርዛ፡ ነቶም ኣብ ግብጺ ዘለዉ ተቓወምቲ ከአ ስጉጎም ስለ ዝበሎ፣ ፕረሲደንት ናስር ነቲ ፈነወ ረድዮ ሰሪዙ፡ ነቦይ ወልደኣብ፡ ኣቦይ ኢብራሂም ሱልጣንን ካልኦትን ከአ ወግዓዊ ናይ መንበሪ ወረቐት ከይሃበ፡ ብፍሉይ ከም ኣጋይሽ ኣብ ግብጺ ክቕመጡ ገዲፉዎም ተባሂሉ ይዕለል ነይሩ።

ፖለቲካዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ግን ብምስራዝ ፕሮግራም ረድዮ ካይሮ ኣይተቖጽየን። ኣብ መስከረም 1961 ዝጀመረ ብረታዊ ቃልሲ ንስርዓት ሃይለስላሴ ዝያዳ በዳሂ ኢዩ ነይሩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ናይ ስለያን ጸጥታን መርበባቱ ብዝያዳ ከስፍሕ ናይ ግድን ኰኖ። ሓደ ነቲ ብጀነራል ተድላ ዑቕቢት ዝምራሕ ዝነበረ ናይ ኤርትራ ትካል ጸጥታ ስለ ዘይኣመኖ፡ ካብ ማእከል ኢትዮጵያ ብስም ክኢላታት ተወሲኹቲ ኣባላት ኣምጺኡሉ። ብሓንቲ ወንጭፍ ክልተ ኣዕዋፍ ምቕታል ኢዩ ዕላማኡ። ስለዚ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ትካል ጸጥታ፡ ርኢናዮም ዘይንፈልጦ ሲቪል ዝለበሱ ኢትዮጵያውያን ኣባላት ጸጥታ ክንርኢ ጀሚርና። ንሓንቲ ጸሕሊ ድርብ መኸስ ተገይሩላ ማለት ኢዩ።

ምስዚ ዝተተሓሓዘ ሓደ ጽውጽዋይ ዝመስል ዛንታ፡ ሓደ መዓልቲ ግርማይ ዓርከይ ሓደ መስተና ዝኸውን ወዲ ሒዙ ናብ ቤት-ጽሕፈተይ መጺኡ የላልየኒ። እቲ ወዲ መቶ ኣለቃ ታደሰ ይብሃል ኢሉኒ። መቶ ኣለቃ ምስ ሰማዕኩ ባህ ኣይበለንን። እቲ ወዲ ምስ ተፈልየና ንግርማይ ስለምንታይ ከምዚኦም ተምጽኣለይ፡ እንታዋይ ኢዩ ብአምሓርኛ ጥራይ ዝዛረብ፡ ኣነ ክፈልጦ ድላይ የብለይን ኢለ ኮርየ።

ግርማይ ሽውኡ፡ ታደሰ ኣብ ኢትዮጵያ ነዊሕ ግዜ ዝተቐመጠ ኤርትራዊ ዓርኩ ምዃኑ፡ ስራሑ ወተሃደራዊ ስለያ፡ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ተቐይሩ መጺኡ ከም ዘሎ፡ ኣደኡ ኣብ ደቀምሓረ ከም ዝቕመጣ... ብዝርዝር ይነግረኒ። ሓውና ስለ ዝኾነ ክፈርሕ ከም ዘይብለይ ከአ የደዓዕሰኒ። ኣነ ግን ፈጺመ ክቐስን ኣይከኣልኩን። ሓቢሮም ክመጹኒ ከለዉ ወይ ኣብ መገዲ ክረኽቦ ከለኹ ብዙሕ ሰላምታ'ውን ኣየጽግቦን።

ድሕሪ ገለ አዋርሕ ክልቲኦም ኘኸልተ ጽቡቓት ዘይፈላለያ መሓዙት አዋልድ ዕርክነት ሓዙወን። ግርማይ ስራሕ ስለ ዘይነበር፡ ምስታ ጽብቕቲ ዓርኩ ንሲንማን ንጀላቶን ሞቕሽሽ ክህቦም ከሎ፡ ነቲ ወዲ ስለ ዝጸላእኩዎ እናሰሓቕኩ ኪዱ ርሓቑለይ ክብሎም ተረባሪብና። ምስ ግርማይ እዚ ወዲ አባል ጸጥታ አይኮነን ኢልና ንጥርጥር'ሞ አብ ባር ኣቲና ከዕልል ከለና ከአ ነቶም የማኑ-ጸጋምና ዘለዉ እንታይ ይብሉ ከም ዘለው ክሰምዕ አእዛኑ ይጸሉ። ሓንሳብ ሓንሳብ እሞ ገለ ክብሉ ሰሚዑ፡ "ትሰምዑዎም'ዶ አለኹም ክብሉዎ ዝጸንሑ? ...ንዚኣቶም እንተ አእሰርኩዎም ሕጂ እንታይ ክብሉ'ዮም? ኢሕዋትና እንደሞ ኰይኖም፡" ይብል። ናይ ሓቂ ኣባል ጸጥታ ኢዩ ከአ የብለና።

ሓደ መዓልቲ ምስ ግርማይ ኰይኖም ናብ ስራሕ ይመጹኒ። ታደሰ ነታ ዓርኩ ክሕጸያ ስለ ዝደለየ፡ ሃንደበት ናብ አስመራ ብምቕያሩ ከአ ክዳውንቲ ካብ ኢትዮጵያ ሒዙ ስለ ዘይመጸ፡ ንሕጸ መውዓሊ ክዳንን ጫማን ክልቃሕ ከም ዝደለየ ይሓቱኒ። እንተ አኺሉካስ ሕራይ ኢለ ንጽባሒቱ ጸሊም ባኖ ናይ ስራሕ ሒዘሉ መጺአ። አነ ዕረ እናጠዓመኒ ዋላ እተን ሳእኒ ማዕረኡ ኰይነን ተሓጕሱ ሒዙወን ከይዱ። አብ መዓልቲ ሕጾ አነ ብስራሕ አመኽንየ ከም ዘይውዕል ነጊረዮም። ወዲ "ብዘይ ኩታኽን ወለል ብዘይ ጫማኽን ሸንን" ከም ዝብሃል፡ ርእዩዎ ዘይፈልጥ ንመርዓ ዝበቅዕ ከመይ ዝበለ ጸሊም ሱፍን ሳእኒን ገይሩ ክሕጸ ውዒሉ አስመራ ተመልሰ። ብድሕሪኡ ንብረተይ ሎሚ ይህበኒ ጽባሕ ይህበኒ እንተ በልኩ ንብረት ትመስክር። ሓንሳብ ስራሕ በዚሑኒ ረሲዐዮ ይብል፡ ሓንሳብ ተሰነይ ስለ ዝቐነኹ እየ ይብል፡ ሓንሳብ ከአ አብ ቤት-ሕጽቦ ስለ ዝደንጎዩኒ ኢዮም ብምባል ዕባራ ምኽንያታት እናምጽአ ሞኽ አቢሉኒ። ግዜ ምስ ነውሐ ከም ዘይህበኒ ገምጊመ ህያብ ሂበካ እየ ኢለዮ ኩልና ዓሪፍና።

ታሪኹ ግን በዚ ዝውዳእ አይነበረን። ታደሰ ቀልጢፉ አስመራ ፈሊጡዋ ውሽጣን ውሻጠአን ከዋልዳ ጀሚሩ። አብ ሓደ ሆቴል ወርሒ ተቖሚጡ ከይከፈለ ሓንቲ ንእሽቶ ሳንጣ ገዲፉሎም ገይሽ ክምለስ እየ ኢሉዎም ይሽረብ። አብ ሓንቲ ቤት-መግቢ ብልቓሕ እናተጸሕፈ ወርሒ ተቐሊቡ ከይከፈለ ናብ ካልእ ሓዳስ ቤት-መግቢ ይኸትም... አስመራ እዚ ቀጣፊ ክትብሎ ጀሚራ። አነ ከአ ንግርማይ፡ "አንታ እዚ ወዲ እምበርዶ ጥዕና አሎዎ? እምበርዶኸ ናይ ብሓቂ ወተሃደርዩ?" እብሎ።

ግርማይ ከአ፡ "አነ'ውን ከጠራጥር ጀሚረ። ከም ወተሃደር እሞ ወተሃደር ኢዩ፡ አብ ገዛ እንዳ አደኡ አብ ደቀምሓረ፡ ዩኒፎርሙ ናይ መቶ አለቃ ለቢሱ ዝተላዕሎ ዓቢ ስእሊ ርእየ አለኹ። ብቴወሻኺ

ንግሆን ምሸትን አብ ናይ ጦር ሰራዊት ቀጠልያ መርሲደስ ተሰቒሉ ክኸይድ፡ ክምሳሕ ክድረር ኢሉ አብ ግቢ ክአቱ ክወጽእ ንርእዮ አለና። ገንዘብ አለቅሑኒ ጥራይ ድማ የብዝሕ አሎ። ደሞዝካኸ እንተ በልካዮ ከአ ደሞዘይ ካብ አዲስ-አበባ ስለ ዝመሓላለፍ ኩሉ ሳዕ ኢዩ ዝድንጉየኒ ኢዩ ዝብል። እንታይ ኢና'ሞ ክንብል፡" ይብለኒ።

ከምዚ እናበለ አስመራ ዳርጋ ብኹላ ክሳብ እትፈልጦ ተገናዚዩላ፡ ሓደ መዓልቲ አብዚኣ አተወ ዘይብሉ ሽርብ ኢሉ ይጠፍእ።

ድሕሪኡ ዳርጋ ዓመት ይገብር ጸኒሑ ሓደ ወረ ንረክብ። መቶ አለቃ ታደሰ ካብ አስመራ ተበጊሱ ዓድዋ ድዩ ሽረ ምስ ቀነየ፡ አብኡ ዓዲ ለሚዱ ከም አመሉ አብ ሓደ ባር ብዙሕ ገንዘብ ናይ መስተን ቢልያርዶን ተአዊዱ ብክፈል አይከፍልን ተአሲሩ። አብ ፖሊስ ተሓቲቱ አባል ወተሃደራዊ ስለያ እየ ኢሉዎም። አዲስ-አበባ ተሓቲቶም ከምኡ ዝበሃል አባል የብልናን ምስ ተባህለ ከም እንደገና ናይ ሃረር እየ ኢሉዎም፡ ሃረር ተሓቲቶም ከአ አይናትናን ምስ በሉ አሲሮም ናብ አዲስ-አበባ ወሲዶሞ። አብ መወዳእታኡ ብምትሓል አብ ቤት-ፍርዲ ምስ ቀረበ፡ "አነ'ሞ እንታይ ገበን ፈጺመ፡ ስራሕ ስለያ ስለ ዝፈቱዎ ተመንየዮ፡ ብዘይ ደሞዝ ከአ እሰርሓልኩም ነይረ፡" ኢሉዎም። ስለምንታይ ብወግዒ ቈጸሩኒ ዘይትብል ኢሎሞ ከአ ሐቲቱ ከም ዝአበዩዎ ገሊጹ ናጻ ከም ዝወጸ ሰሚዕና።

እቲ ኩነታት፤ ቁጽጽርን ስለያን ዝበዝሖ፡ ማእሰርቲን ምፍርራሕን ልሙድ፡ ሰለይቲን አባላት ጸጥታን ከአ እቶም ፍሉጣት ናይ ኤርትራ ጥራይ ከይኣኽሉ ኢትዮጵያ ባዕላቶም ዝቆጻጸርዎምን ካብኡ ዝሰደዱዎምን፡ መን እንታይ ምዃኑ ዘይትፈልጠሉ ኰነ። ሓያሎ መኸስ ንሓንቲ ጸሕሊ እንተ በልናዮ'ውን ኢጋናዩ አይኰነን።

* * *

ምንቅስቓስ ሓራካ ወይ ማሕበር ሸውዓተ ካብ መወዳእታ 1962 ጀሚሩ እናቐሃመ፡ ምንቅስቓስ ተ.ሓ.ኤ. ከአ እናዓበየ ከደ።

ፈደረሽን አብ 1962 ብወግዒ ምስ አፍረሱዎ ግን፡ ሓደ ዑመር ዝተባህለ ወኪል ሓራካ ካብ ሱዳን መጺኡ ንሓለፍቲ ሓራካ አስመራ አኼባ ገይሩሎም።

"ፈደረሽን ክፈርስ ብዘይ ተቓውሞ ትም ምባል፡ ህዝቢ ብድሌቱ ከም ዝተቐበሎ ኢዩ ዘስምዕ። ስለዚ አብ አስመራ ናይ ተቓውሞ ሰላማዊ ሰልፊ ክግበር መሪሕነት አዚዙ ስለ ዘሎ ንሰላማዊ ሰልፊ ተዳለዉ፡" በሎም።

"ሕጂ ሰላማዊ ሰልፊ ምግባር ንኣካየድቲ ምቅላዕ ስለ ዝኾነ ትርጉም የብሉን። ካልእ መደብ ምሕንጻጽ ይሓይሽ፡" ኢሎም ኣባላት ነቲ ውጥን ክጽጉዎ ፈተኑ።

"መምርሒ ላዕለዋይ መሪሕነት ስለ ዝኾነ ናይ ግድን ክትገብሩ ኣለኩም፡" ኢሉ ዑመር ስለ ዝጸቐጠ እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ተገብረ። በዓል ትኩእ ይሕደጎ፡ ወልደንኪኤል ኣብራሃ፡ መሓመድ ብርሃን ሓሰን፡ ግርማይ ጪኒት... ዳርጋ ኩሎም ኣካየድቲን ኣባላትን ተለቒሞም ተኣሰሩ። ንተኸለ ኣይዘንሃወርውን ምስ ብጾቱ ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ኣሲሮም ናብ ኣስመራ ኣምጽኡዎም። ሓጐስ ኣብርሃም ምስ ወልደንኪኤል ኣብርሃ ኣብ ሓንቲ ዋህዮ ዝነበረ፡ ብኣጋጣሚ ናብ ዓሰብ ተቐይሩ ስለ ዝጸንሐ ከይተኣሰረ ተሪፉ። ብዝግበረሉ ዝነበረ ምክትታል ግን ምእሳር ምሓሸኒ ክሳብ ዝብል ኰይኑ።

ንሓራካን ንግዱሳት ኤርትራውያን እናለቐምካ ምእሳር ንዓመታት ቀጸለ። ንኣብነት ኣብ 1964 ስራጅ ዓብዱ፡ ዓብዱ ካራር፡ ካሕሳይ ባህልቢ፡ መሓመድ ብርሃን ሓሰን፡ ወረደ ገብረዮሃንስ፡ ግርማይ ገብረመስቀል... ልዕሊ 20 ዝኾኑ ኣባላት ሓራካ ነበር ተኣሲሮም፡ ኣብ ፍርዲ ቀሪቦም ኣብ ኣዲስ-ኣበባ ኣብ ኣለም-ብቃኝ ተዳጒኑ። ኣብ ኣስመራ ከኣ በዓል ትኩእ ይሕደጎ፡ ወልደንኪኤል ኣብርሃን ካልኣትን ቤት-ማእሰርቲ ገዛእም ኰነ። ብፍላይ ንትኩእ እሞ፡ ሓንሳብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ከተቃጽል ሓሲብካ ኔርካ፡ ጸኒሐም ከኣ ምስ ኣብ ሱዳን ዘለዉ ኣባላትኩም ርክብ ገርካ፡ እናበሉ ብተደጋጋሚ ማእሰርቲ ኣሳቐዩዎ።

ብድሕሪኡ ሓያሎ ኣባላት ሓራካ ነበር ገሊኦም ምስ ተ.ሓ.ኤ. ዝጽንበሩን ዝደናገጹን ገሊኦም ኣየብዚ ኣየብተ ኰይኖም ዝደስከሉ፣ ከም በዓል ትኩእ ይሕደጎ፡ ወልደንኪኤል ኣብርሃ፡ ወልደንኪኤል ገብረማርያም፡ ካሕሳይ ወዲ ልቢ መሓሪ ደበሳይ ወዘተ ሓራካ ምስ በሉ መርገጺ ዘይቀየሩ ኰኑ። ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ግን መብዛሕትኡ መንእሰይ ሸውሽው ድሕሪ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ውግእ፡ ኣብ ሓጺር ኣዋርሕ ናጽነት ኤርትራ ዝጭበጥ ስለ ዝመሰሎ እኳ እንተ ነበረ፡ ገዚፍ ደገፍ ህዝቢ ረኸበ። ብጭቡጥ ብረታዊ ቃልሲ ተጀሚሩ እናረኣየኸ ዘይድግፈሉ ምኽንያት እንታይ ነይሩዎ? ደጊፉ ጥራይ ዘይኰነ ማእለያ ዘይብሉ መንእሰይ ካብ ፈቐዶ ኩርናዓት ሃገርና፡ ጎረባብቲ ሃገራት፡ ኢትዮጵያን ካልእን ንሜዳ ወሓዘ።

ብሞት ጀነራል ተድላ ዑቕቢት ንብዓት ቆጸርኩ

ጀነራል ተድላን መስልቱን ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ንምሕዋስ ብምሉእ ሓይሎም ተቓሊሶም ኢዮም። ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ግን ኣይነበረን። ድሌት ኢትዮጵያ ምስ ተግልእ ከኣ ስርዓት ሃይለስላሴ ናይ ግራዝማች፡ ኣዝማች፡ ደገዝማቲ፡ ራእሲ፡ ሽመት ወዘተ. ብኸፈር ክዕድል ጸኒሑ፡ ንኮሎኔል ተድላ ናይ ጀነራል መዓርግ ሂቡ ንዑኡውን እንሆ ሞሻሻ በሎ። ደኹንምበር ኣይትቕሰን ዝበሎ ስርዓት ኢትዮጵያ እቲ ብረታዊ ቃልሲ ጀሚረ ኣለኹ ኢሉ ዝኣወጀ ተ.ሓ.ኤ. ድቃስ ከልኦ።

እዚ ምስ ኮነ ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ናይ ምቅብጣርን ሕጽኖትን ግዜ ኣኺሉ ኢዩ። ስለዚ ናይ ወተሃደራዊን ጸጥታዊን ጉዳያት በዕላትና ኣለና በሉ። ሰራዊቶም ግን ዛጊት ኣብ መስከረም 1952 ምስ ፈደረሽን ኢዩ ኣትዩ ነይሩ።

ጀነራል ተድላ ምስ ነቓጽ ወተሃደራዊ ጠባዩ፡ እንታይ ኰይኑ ኢዩ መርገጺኡ ምስ ኢትዮጵያ ዝኾነ ንዝብል ሕቶ፡ ዝተፈላለዩ ሰባት ዝተፈላለየ ርእይቶ ዝህቡሉ ደኹንምበር ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ ቀንዲ መበገሲኡ ንስልጣን ንሽመት ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ብወገነይ ግን ድሕረ-ባይታኡ ፈቲሸካ ምፍላጥ ይሓይሽ ዝብል ኣረኣእያ ኣሎኒ።

ተድላ ዑቕቢት ከም ኩሎም ሽዑ ዝነበሩ ሰበ-ስልጣን፡ ደረጃ ትምህርቱ እዚ ኢዩ ነይሩ ክበሃል የጸግም። ፊደል ምስ ቆጸረ ባዕሉ ብፋሕተርተር ኣማዕቢሉዎ። ኣብ መወዳእታ 40ታት ኣብ ግዜ ምምሕዳር እንግሊዝ ናይቲ ኮሎኔል ራይት ዝበሃል ናይ ምሉእ ኤርትራ ናይ ፖሊስን ሰራዊትን እዛዚ ዝነበረ እንግሊዛዊ፡ ተድላ ዑቕቢት ጸሓፊኡ ነይሩ። ሽዑ ዝነበረ ምምሕዳር እንግሊዝ ዓሰራይ ዓመቱ ኣብ ኤርትራ ይቐርብ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ዝነበረ ፖለቲካዊ ሃዋህው ማለት ረጽሚ ሕብረትን ቀጽሪ ናጽነትን ገምጊሙ፡ ምምሕዳር እንግሊዝ ምስ ወጸ ተካእቲ ወተሃደራት ክኾኑ ይኽእሉዮም ዝበሎም መረጹ ንትምህርቲ ንወጻኢ ክሰዶም ወሰነ። ኣቐዲሙ ንኣለም ማሞን ንሳልሕ በራዳን፡ ብድሕሪኦም ከኣ ንተድላ ዑቕቢት፡ ረዘነ ብርሃን፡ ስዩም ካሕሳይን ዘርእማርያም ኣዛዚን ብፈተና ኣወዳዲሩ ኣብ 1951 ናብ ሃገር እንግሊዝ ለኣኾም። ኩሎም ከኣ ናይ መጀር መዓርግ ዝነበሮም ኢዮም። ተማሂሮም ምስ ተመልሱ እንግሊዛዊ ኮሎኔል ራይት፡ ናቱ ቦታ ተድላ ዑቕቢት ክትክእ፡ ኽሎም ከኣ ናይ ኮሎኔል መዓርግ ከወሃቦም ኣሚሙ ከደ። ኣብቲ መጀመርያ ባይቶ ኤርትራ ዝቖመሉ

እዋን መራሕ መንግስቲ ደገዝማች ተድላ ባይሩ፡ ንእማመ እንግሊዛዊ ኮሎነል ራይት ብምድጋፍ ናይ ኮሎነል መዓርግ ከውሃቦም ወሰነ። መንግስቲ ሃይለስላሴ ግን፡ ካብ መጀር ንላዕሊ ሽመት ብኢትዮጵያ ኢዩ ዝወሃብ፣ እንተ ደለዩ በቲ ዝጸንሐ መዓርጎም ይቐጽሉ፡ እንተ ዘይደለዩ ከአ እቲ ዝሓሸ ኻኹሎም አብ ሲቪላዊ ስራሕ አዋፍሩዎም ኢሉ ምስ ነጸጎ፡ ደገዝማች ተድላ ባይሩ ምስ ናይ ሸዑ እንደራሴ እንዳረጋቸው መሳይ፡ ንፈለማ ግዜ አብ ረጽሚ አተዉ። ሸዑኡ ደገዝማች ተድላ ባይሩ፡ መንግስቲ ኤርትራ ገና ብግስ ከይበለ፡ አብ መንን እቶም ስለምንታይ እንደራሴ ጸቕጢ ይገብሩልና ዝብሉን ዝድግፉን ፈጸምቲን አባላት ባይቶን አብ መንን እንደራሴን ተቓቒሩ ተጸገመ።

ሓሙሽቲአም መጀራት እዚ ምስ ተነግሮም፡ ንሕና ተመኩሮና ውትህድርና ኢዩ፡ ወተሃደራዊ እንተ ዘይኮይኑ ሲቪላዊ ስራሕ አይንቕበልን ኢሎም ደረቑ። ደገዝማች ተድላ ባይሩን ካልኦት ሰበ-ስልጣንን ከአ ንሓሙሽቲአም ነቲ እማመ ተቐቢሎም ናብ ሲቪል ክቕየሩ ለመኑዎም። ብፍላይ መጀር ተድላን ዘርእማርያምን ግን አበዩ። መዓልቲ እናነውሐ ምስ ከደ መጀራት ረዘነ ብርሃነ፡ ስዩም ካሕሳይን አለም ማሞን ነቲ እማመ ተቐቢሎም ብደረጃ ኢንስፐክተራት አብ ሲቪል ክምደቡ ከለው፡ ተድላ ዑቕቢትን ዘርእማርያምን ብዘይ ስራሕ ክድስክሉ ተገድፉ። ብድሕሪኡ ብፍላይ ተድላ ዑቕቢት ብወገኑይ ወገንካ ኢዮም ዘርዮምኒ ኢሉ አብ ህልኽ አትዩ ተባሂሉ ክዕለል ጀመረ።

ነዚ አበሃህላ'ዚ፡ ምስቲ ተአሲርና ክለና አብ ቤት-ጽሕፈቱ፡ "ንሕና ኤርትራውያን ብወገኑይ ወገንካ፡ ብሃይማኖተይ ሃይማኖትካ ተቖማጢዕና እናሃሉና፡ ንበይንና ጽፉፍ መንግስቲ ከመይ ጌርና ክንቕውም ንኽእል ኢልኩም ትሓስቡ?" ዝበለና አዛሚድካ ክትርእዮ ከለኻ፡ ወገኑይ ወገንካ፡ አውራጃይ አውራጃኻ ይጸልእ ስለ ዝነበረ ድዩ? ወይስ ንሱ'ውን አብ ከምኡ እትዩ ነይሩ ኢዩ? ናይዚ መልሲ ተድላ'ውን ንባዕሉ አብ ወገንነት ተቖማጢዑን ተጠቒሙሉን ከም ዝነበረ ናይ አደባባይ ምስጢር ኢዩ ነይሩ። ብተወሳኺ እቲ አብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን ዝበቖለ ኤርትራዊ ምሁር አካል፡ አብ ክልተ ተኸፊሉ ከም ዝነበረ ምዝካር የድሊ። ሓደ ክፋል ረብሓኡ ምስ ናጽነት ኸቢውን ከሎ፡ እቲ ሓደ ክፋል ከአ ረብሓኡ ምስ ሕብረት ከም ዝኾነ ኢዩ ገምጊሙ። ስለዚ ተድላ ዑቕቢት ከአ ከምቶም ንረብሓአም ምስ ሕብረት ዝወገኑ ኣም ዝነበረ ንምግምጋሙ አየጸግምን።

እዚ ጥራይ'ውን አይኮነን። ተድላ ዑቕቢት ካልእ ተራ በዓል ስልጣን ኮይኑ፡ እታ ናቱ ቦታ ብሓደ መርገጺ ንናጽነት ዘሎዎ ካልእ ሰብ ተታሒዛ ነይራ እንተ ትኸውን፡ አብቲ ሸዑኡ እዋን ኩነታት ፖለቲካ ኤርትራ እንታይ መልክዕ ምሃለዎ? ዝብል ሕቶ ብእንተታትን ብምናልባትን ጥራይ ኢዩ ክትንተን ዝኽእል። ንዓይ ከም ዝመስለኒ ግን ለውጢ አይምሃለዎን። ምኽንያቱ ንስርዓት ሃይለስላሴ እታ ቦታ አዝያ ስለ እትገድሶ፡ ንዕኡ አልጊሱ ብኻልእ ናቱ ሰብ ምተክአ ነይሩ እብል።

ስርዓት ኢትዮጵያ ንፌደራሽን ባህ ከይበሎ ኢዩ ተቐቢሉዎ። ዝደልዮ ዝነበረ ከአ ካብ ፈለማ እዋን ጠቕሊሉ ኻኽሕውሳ ኢዩ ነይሩ ግን አይኮነሉን። ከምኡ ስለ ዝኾነ እንግሊዝን አመሪካን ነቲ ፌደራላዊ ቅዋም አብ ምንዳፉ ከማእዝኑዎ ከለዉ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ቀስ ኢሉ ክሕውሶ ከም ዝኽእል፡ ኤርትራውያን እንተ ጠርዑ ከአ ጸማም እዝኒ ከም ዝሀቡዎም ገይሮም ኢዮም አማጢሖሞሎም። ስለዚ ሽቶአም ምእንቲ ክወቅዑ አቓዲሞም ገና ባይቶ ኤርትራ ከይቖመ ከሎ፡ ካብ አመራርጻ አባላቱ ጀሚርካ ዘይተአደነ ጸቕጢን ሽርሒን አንጺፎም ኢዮም አማጢሖሞ።

ብድሕሪ'ዚ ጀነራል ተድላ ብኢትዮጵያ እናተዓብለለ ስለ ዝተንዕዘ ቀጨውጨው ምባል ጥራይ ኰይኑ ምስ ሓለፍቱ ግርጭት አብዝሐ። ካብ ፈለማ ዝለመዶ ቀጥታዊ ርክቡ ምስ መራሕ መንግስቲ ጥራይ ኢዩ ነይሩ። ደሓር ግን ናይ ስራሕ ርክብካ ምስ ውሽጣዊ ጉዳያት ምስ ደገዝማች ዘርአም ኢዩ ስለ ዝተባህለ፡ አይፋለይን እኑ ምስአም ዘይኮነ ከም ቀደመይ ምስ ላዕለዎት ኢዩ ርክበይ ብምባል ግርጭቱ ብዝያዳ አብልሖ።

ብኸምዚ ክንዓዝ ምስ ጸንሐ ሓደ መዓልቲ፡ አብ ከባቢ ወርሒ ግንቦት 1963፡ ስራሕካ አረኪብካ ናብ አዲስ-አበባ ምጸእ፡ ተቖይርካ ኢኻ ዝብል ደብዳበ ካብ አዲስ-አበባ ከም ዝተቐበለ ተወርየ። ሎሚ አይቅየር ጽባሕ አይቅየር ምስ በለ ግን ሓሲቡ ብሓይሊ ከልግሉዎ ከም ዝኽእሉ ገምጊሙ፡ አኼባ ሓለፍቲ ወተሃደራቱ ጸውዐ። ከምቲ ዳሓራይ ፈቓድኡ ዝዕለል ዝነበረ ከአ አብቲ አኼባ፤

"ኢትዮጵያ ጠሊሞምና ኢዮም። መኽዘን አጽዋር አረክቡ፡ ንሸኻ ከአ ተቐይርካ ኢኻ ኢሎምኒ። አነ ግን አብየ ስለ ዘለኹ ዝመጸ ይምጸእ ክንጻሎ አለና። ስለዚ ነፍሲ-ወከፍኩም አብ በቤት-ጽሕፈትኩም ባንዴራ ኤርትራ ስቐሉ አብ ተጠንቀቕ ከአ ጽንሑ፡" ኢሉዎም።

ሃንደበት መርገጺ ምቕያር ዝደንጸዎም መኮንናት መሳርሕቱ ደፊርሞ ዘይፈልጡ፤ "እንታይ ኢኻ ትብለና ዘለኻ? ወዲ ሃገር መዓንጥኡ ተዘቢሑ ኩሉ ነገር ኣብ ኢድ ኢትዮጵያ ምስ ኣተወ፡ ሕጂ እንታይ'ዩ ንመንን ሒዝና ኢና ንጥንቀቕን ንዳሎን? ሓቢርና ንሙት እንተ በልካ ከኣ ሕራይ ንሙት፡" ኢሎሞ።

ንባንዴራ ኤርትራ ከኣ ገለ ውሑዳት ደፋራት ኣብ ኣስመራ ይኹን ኣብ ኣውራጃታት ንደቓይቕ ኣብ ገለ ድማ ንሰዓታት ጥራይ ሰቒሎም ከም ዝነበሩ ይዕለል። መኽዘን ብረትን ጥይትን ኣብ ኢድ ኢትዮጵያውያን ኣትዩ ከሎ ግን እንታይ ኢዩ ክገብር ሓሲቡ ነይሩ ብርግጽ ምፍላጥ የጸግም።

እቲ ዘገርም ንገለ ኣባላት ሓራካ ንካሕሳይ ወዲ ልቢን ካልኦትን ጸዊዑ ከምኡ ከም ዝበሎም'ውን ሰሚዕና። ንካሕሳይ ወዲ ልቢ ጸዊዑ ዘዛረቦ፡ ምናልባት ካሕሳይ ምስቲ ዛጊት ክልተ ዓመቱ ገይሩ ዝነበረ ብረታዊ ቃልሲ ምትእስሳር ይህሉዎ ይኸውን ኢዩ ኢሉ ሓሲቡ፡ ገለ ርክብ ክገብር ደልዩ ነይሩ ይኸውን ኢለ ብወገነይ እግምግም።

ህዝቢ ነቲ ኩነታት ሰሚዑን ተዓዚቡን እንታይ ኮን ክኸውን'ዩ እናበለ ከሎ፡ ሳልስቲ ድሕሪ ወተሃደራዊ ኣኼባ፡ ሓደ ንግሆ ሰዓት ዓሰርተ ኣቢሉ ይኸውን፡ ተስፋልደት ተኽለሃይማኖት ዝተባህለ ዓርከይ ገዛ መጺኡ። እታ መዓልቲ ሰሉስ 11 ሰነ 1963 ኢያ ነይራ። ስራሕ መገዲ ኣየር ቀዳመ ሰንበት ስለ ዝበዝሕ፡ ወትሩ ሰሉስ ዕረፍተይ ኢያ። እታ ሰሉስ እቲኣ ከኣ፡ ለይቲ ስራሕ ስለ ዝሓደርኩ፡ ንግሆ ኣርፊደ ደቂሰ ከለኹ፡ ተስፋልደት ብሓይሊ ኣተንስኡለይ ኢሉ ኣተንሲኡኒ።

"እንታይ ኳንካ ተስፋልደት፡ ደሓን ዲኻ?" በልኩዎ።

"ተንስእ፡ ዓርኪኻ ሞይቱ።"

"መን ዓርከይ ኢኻ ትብል ዘለኻ?" ሰንቢደ እየ።

"ተድላ ዑቕቢት።"

"እንታይ ኮይኑ?"

"እንድዒ፡ ወይ ቀቲሎሞ፡ ወይ ከኣ ብገዛእ ኢዱ ህይወቱ ኣሕሊፉ ይኸውን። ወረ ግን ባዕሉ'ዩ ህይወቱ ኣሕሊፉ ይብሃል ኣሎ።"

"መዓስ ኢዩ እዚ ኩሉ?"

"ሕጂ፡ ኣጂፕ ብምልእታ ብጦር ሰራዊት ተኸቢባ ኣላ።"

ገጸይ ማይ ኩዕየ ከይቆረስኩ፡ ተተሓሒዝና ናብቲ ቦታ ኣምራሕና። ኣብታ ክለብ መኮንናት ምስ በጻሕና፡ ወተሃደራት ኣይትሓልፉን ኢኹም ኢሎም ከልከሉና። ተዘኒብና ኢና'ምበር ኣዝዩ ብዙሕ ሰብ ኢዩ ተኸልኪሉ ነቲ ከባቢ መሊኡዎ ዝነበረ። እንተ ዘሕልፉናኸ ናበይ ኢና ክንከይድ? ዘረባ የለ ዕላል የለ ኩሉ ትም ኢሉ ተዓኒዱ። ኣነን ተስፋልደትን'ውን ከም ህዝብና ጠጠው በልና። ብኡ-ብኡ ሓደ ሰኽራም ኩሉ ዝፈልጦ ወዲ ኣስመራ፡ ትግራይ ዝመበቆሉ፡ ቪስፓ ተወጢሑ፡ ነታ ንእሽቶ መካይን ዝዞራላ መብራህቲ ትመስል፡ በታ ቪስፓኡ እናዞራ "ቪቫ ሃይለ እላሳ! ቪቫ ሃይለ እላሳ!" ይብል። ቪቫ ሃይለስላሴ ማለቱ ኢዩ። እቲ ተዓኒዱ ዝነበረ ሰብ ግን ነዛ ንዓይኑ ከም ዝጸልእ የርእየካ። ኣነን ተስፋልደትን'ውን ደንጎላ ገርካ ፈጋዕ ኣብሉ መጺኡና ከሎ ሕርቃንና ንውሽጢ ገርናዮ ኣጽቀጥና።

ሽዑኡ ንድሕሪት ተመሊሰ ብዙሕ ዘኪረ ኣስተንቲነ። ብውሽጠይ "ተድላ ክንደይ ሰብ ቀጥቂጡ፡ ኣቐጥቂጡ፡ ድሂሉ፡ ጸሪፉን ኣፈራሪሑን። ከምኡ ስለ ዝገበረ እሙን ተባሂሉ ናይ ጀነራል መዓርግ ተሸሊሙ። ተድላ! ድፍረት ኣኺሉ ዝተርፍ ነይሩካ። እንታይ'ሞ ይዓብስ፡ ሕጂ'ዶ ይሓይሽ..." በልኩ። ነቶም ሓሙሽተ ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ከፍ ኣቢሉ ድላይኩም በሉኒ ኣነ ከኣ ክብለኩም እየ፡ ዝበለና ዘከርኩ። "ኣነኸ ንንጉስ ሃይለስላሴ ህይወተይ ኣሕልፈሎም እየ... ኣብ ዓሰርተ ሽሕ ዘይኣክል ሰራዊት ኣነ ጀነራል ክኸውን'ዶ እኽእል እመስለኩም..." ዝበለና ኣብ ኣእምሮይ መጸኒ። ናይ ሕርቃን ድዩ ኣይፈልጥን ኣዒንተይ ንብዓት ቆጺረን።

ምስ ተስፋልደት ብዙሕ ኣይንራኸብን ኢና ኔርና። ተድላ ዑቕቢት ከም ዝጸልኣኒ ኣጸቢቑ ስለ ዝፈልጥ ኢዩ ብጉያ መጺኡ ነጊሩኒ። ገጸይ ርእዩ ደንጽዩዎ ከኣ ስለምንታይ ዘምስል ኣጠማምታ ጠሚቱኒ። ካብቲ ከባቢ ክኸወል ናብ ሓንቲ ባር ኣምሪሕና፡ ሻሂ እናሰተና ድማ ብዛዕባኡ ዘዝመስለና ትንታኔ ሃብና።

ንጽባሒቱ ጀነራል ተድላ ኣብ ቤት-ጽሕፈቱ ንበይኑ ተዓጽዩ ብገዛእ ሽጉጡ ርእሱ ቅትለት ፈጺሙ ዝብል ብስርዓት ኢትዮጵያ ብዕሊ ክግለጽ ከሎ ብዙሓት ኣሚኖም። ጭብጥታት ዝብሉዎ ከኣ ናቱ ኡዚ ጠመንጃ ኣብ ጠረጴዛኡ፡ ንሱ ኣብ መሬት ወዲቑ ወብሊ ዝዓይነታ ረቮልቨር ሽጉጡ ኣብ የማነይቲ ኢዱ፡ የማነይቲ መትሓቱ ጥይት ኣትያቶ ኢዩ ጸኒሑ። እዚ ኩነታትዚ ኣብ ናይ ድሕረ-ሞት ዝግበር ሕክምናዊ መርመራ ርእሰ-ቅትለት ዝብል መደምደምታ

ተዋሂቡዎ ብወግዒ ከም ዝግለጽ ኰይኑ። እቲ ሕቶ ዝመጽእ ግን ኣብያተ-ጽሕፈት ፖሊስ ብደገን ውሽጢን ብጦር ሰራዊት ኢትዮጵያ ተኸቢቡ ነይሩ። ቤት-ጽሕፈቱ'ውን ከምኡ ሰብ ከይኣትዎ ተኸቢባ ከላ፡ ሓደ ካብ ኢትዮጵያ ዝተላእከ ኰሎኔል ንበይኑ፡ ናብ ቤት-ጽሕፈት ጀነራል ተድላ ክኣቱ ተራእዩ። ክልቲኦም ኣብ ውሽጢ ዋዕ-ዋዕ ክብሉ ብደገ ይስማዕ ነይሩ። ብድሕሪኡ እቲ ኢትዮጵያዊ ምስ ወጸ ተኹሲ ተሰሚዑስ ሰባት ኣትዮም ወዲቑ ጸኒሑዎም ዝብሉ፣ ገለ ከኣ ኣይፋልን፡ እቲ ኢትዮጵያዊ ኮሎኔል ካብ ቤት-ጽሕፈት ጀነራል ተድላ ከይወጸ ከሎ ኢዩ ተኹሲ ዝተሰምዐ ዝብሉ፡ እቲ ኮሎኔል ካብ ተቐቲሉ ዝብሉኻ ባዕልኻ እንተ ሞትካ ይሕሸካ ኢሉዎ ኢዩ ባዕሉ ርእሱ ቅትለት ፈጺሙ፣ ገለ ድማ ቀቲሉዎ ኢዩ ወጺኡ ይብሉ። ስለዚ እቶም ብቐረባ መሳርሕቱ ዝነበሩን ካልኦትን ኣየናይ ኢዮም ዝኣምኑ፡ ስድራ-ቤቱን ህዝብን እንተ'ውን ከምኡ ኣየናይ ኢና እንኣምን ሓዲግ፡ ጉዳይ ሞት ጀነራል ተድላ ከአ ዝገደደ ሓዲግ ኰይኑ ተሪፉ።

እቲ ኣገዳሲ ሕቶ ግን መን ቀቲሉዎ ዘይኰነስ መን ተዓዊቱ ኢዩ። ብርግጽ ኢትዮጵያ ኢዮም ተዓዊቶም። ምኽንያቱ ከም ኣመሉም መሳርሒ ክገብሩዎ ንዝደለዩ ሰብ ክሳብ ድላዮም ዝረኸቡ ኣቀባጢርም ደሊሎም ይሕዝዎ'ሞ፡ ዝደለዩዎ ምስ ረኸቡ ይጕሕፉዎ። ብርግጽ ከም ዝጕሓፉዎ ከኣ ቀብሩ ኢዩ ምስክሩ። ጀነራል ተድላ ዝኣክል ሰብ ንምልእቲ ኤርትራ ሸቐጥቀጥ ዘብላ ዝነበረ፡ ሰበ-ስልጣን ከይተረፉ ክቐርቡዎ ዝፈርሑን ዝሰግዱሉን ዝነበሩ፡ ቀብሩ ዘይወግዓዊ፡ ቀበርቱ ከአ ብዘይካ ቤተሰቡ፡ መቓብሩን ደቂ ዓዱን፡ ሓደ ክልተ ሰብ ሕልናን ጥራይ ዘሎዎ፡ ከም ተራ ሰብ ረቡዕ ዕለት 12 ሰነ 1963 ኣብ ዓዱ ሓመድ ኣዳም ለቢሱ። እዚ ዝኾነሉ ከአ ገለ ንስርዓት ኢትዮጵያ ፈሪሖም ገለ ከአ ብናይ ዝሓለፈ ተግባራቱ ብጽልኢ ኢዩ።

ቆርበት በጊዕ ወጺኡ ቆርበት ተኹላ ከቃላዕ

ፌደራሽን ምስ ፈረሰ፡ ኤርትራ ከምተን ካልኦት ኣውራጃታት ኢትዮጵያ ማዕረ ስለ ዝተቖጽረት፡ ደገዝማት ተስፋዮሃንስ በርሀ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኤርትራ ኰይኖም ተሸሙ። ምክትል እንደራሴ ኰይኖም ዝጸንሑ ደገዝማት ኣስፋሃ ምስ መልኣኩ-ሰላም ዲመጥሮስ ከአ ናብ ኣዲስ-ኣበባ ተጸዊዖም ከዱ። ኣብ ንጉስ ሃይለስላሴ ቀረቦም ደገዝማት ኣስፋሃ ናይ ጥዕና ሚኒስተር ብምዃን ሞሳኦም ተቐበሉ።

ንመልኣኩ-ሰላም ዲመጥሮስ ከአ ንነዊሕ እዋን ብዘይ ስራሕ ኮፍ ኣቢሎሞም ጸኒሖም፡ ዳሕራይ ኣመሓዳሪ ንብረት ኣብያተ-ክርስትያን፡ ብድሕሪኡ ከአ ናይ ማርያም ጽዮን ኣኽሱም ንቡረ-ኢድ ገይሮሞም። እቶም ካልኦት ምእንቲ ውልቃዊ ረብሓኦም ኢሎም ክሳብ ኤርትራ ኣብ ኢድ ኢትዮጵያ እትኣቱ ብምሉእ ሓይሎም ዝሰርሑ ኤርትራውያን ሰበ-ስልጣን፡ ብንጉስ ሃይለስላሴ ተጸዊዖም ሞሳኦም ክቕበሉ ዓቢ ትጽቢት ነይሩዎም። ደኹንግባር ኣሽንኳይ'ዶ ሞሳ ክቕበሉ ናይ ቃል ምስጋና'ውን ኣይረኸቡን። ምኽንያቱ ከአ ስርዓት ኢትዮጵያ ንቲ ኣጎልቢቦም ዝነበሩ ናይ ተኹላ ቆርበቶም ስለ ዘቃልዕዎ ኢዩ።

ብዙሕ ሰብ ተገብረ ተባሂሉ ዘዕልሎ ዝነበረ ዕላል ንኣብነት፡ ኤርትራ ምስ ወላዲታ ኢትዮጵያ ተጸንቢራ ኢያ ዝብል ጽሑፍ ኣብ ማእከል ባይቶ ኤርትራ ተነቢቡ ምስ ኣብቅዐ፡ ኣብ ሳልሰቱ ደገዝማት ኣስፍሃን ምክትሎም መልኣኩ-ሰላም ዲመጥሮስን ጸብጸቦም ናብ ንጉስ ሃይለስላሴ ከቕርቡ ተጸዊዖም። ጸብጸቦም ሒዞም ብነፋሪት ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣዲስ-ኣበባ ምስ በጽሑ ግን ዝቕበሎም በዓል ስልጣን ስኢኖም ከም ተራ ሰብ ቀንፈዘው ክብሉ ብሕርቃን ስንባደን ዓቕሎም ክሳብ ዝጸበም ኰኑ። ደሓር ግን ንሓደ ኤርትራዊ ፈታዊኦም ስልኪ ደዊሎምሉ መጺኡ ተቐቢሉ ንገዝኡ ወሲዱ ኣህዲኡዎም። ብፍላይ መልኣኩ-ሰላም ዲመጥሮስ ከም ሽዑኡ ገይሮም ጉህዮምን ደንጽዩዎምን ኣይፈልጥን። ምኽንያቱ ቅድሚኡ ሚኒስተራት ወይ ባዕሉ ጸሓፈ-ትእዛዝ ከይተረፈ ብሊሞዚን ክቕበሉዎምን ክፋንዉዎምን ኢዮም ለሚዶም ነይሮም። እታ ምጽንባር ኤርትራ ዝፈረሙላ ቀለም ከይነቐጸት ከአ ጕሒፎምዎ ተባህለ። ስርዓት ኢትዮጵያ ኣሽንኳይ'ዶ እዚ ካልእ ዝገብሩ ኢዮም'ኳ እንተ በልና ግን፡ ሓቅነት ናይዛ ዕላል እዚኣ ከረጋግጸ የጸግመኒ። ደኹንግባር ጥልመት ንዓኦቶም ጥራይ ኣይነበረን፡ ኾሎም እቶም ኢትዮጵያ ወይ ሞት ኢሎም ዝጭርሑ ዝነበሩ እሙናቶም'ውን ኣበይ ኣለኹም ኣይበሉዎምን። ኣብ ክንድኡ ኹሉ ህዝቢ ኤርትራ ንምርዓድ፡ ጉጅለታት ጦር ሰራዊት ከምቲ ኣብ መጀመርያ 50ታት ዝገብሩዎ ዝነበሩ፡ ካብ ሓደ ጫፍ ኣስመራ ናብቲ ሓደ ጫፍ "እምቢ ያለ ሰው ጥይት ኣጉርሰው" እናበሉ ህዝቢ እናርኣዮም ብማእከል ከምብሽታቶ ሆ! ምባል ቀጸሉዎ። ወተሃደራዊ ጸጥታዊን ትካላት ኩሉ ኣብ ቁጽጽር ኢትዮጵያ ብወግዒ ስለ ዝኣተወ ከአ ዝበኣሰ ራዕዲን ፍርሒን ሰፈነ። ቁጠባዊ ምንቅስቓስ መመሊሱ እናማህመነ፡ ሽቕለተ ኣልቦነት እናዓበየ፡ ብሰንኩ ከአ ጥሜትን ስደትን ከምኡ ድማ ናብ ሜዳ ምስላፍ እናበዝሐ ከደ። ኤርትራዊ መንእሰይ

ግን ነዚ ጽልግልግዚ ከም ሓላፊ መከራ ገይሩ፣ ተስፋ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ኣንቢሩ ብደርፊ ክገልጾ ተራእየ። ጓሳ ኣብ መሮር ይደርፍ፣ ሓረስታይ ኣብ ማሕረሱ ይደርፍ፣ ኣደታት ኣብ ጸህያይን ዓጺድን ይደርፋ፣ ኣዋልድ ኣብ ዕንጸይቲ ምእራይን ጓይላን ይደርፋ፣ መንእሰይ ከተማታት ከአ ደድሕሪ ክራርን ናይ ሳዕሳዒት ክለባትን እናኸደ ይደርፍ ይስዕስዕ... ኩሉ ተሃኑ ከውጽእ ጀመረ።

ውሩይ ተጻዋቲ ጊታር ተወልደ ረዳ "ሽገይ ሃቡኒ" ይብል፣ ኣቶ ኣተወብርሃን ሰጊድ "ዓደየ ዓዲ ጀጋኑ በዓል መንዮም ዝጠለሙ" ይብል፣ ማ.ት.አ. ብበዓል መምህር ኣስረስን ኣለማዮ ካሕሳይን እናተኣለየት፣ ዘይምኖ ስዉር ፖለቲካ ሓዘል ድራማታትን ደርፍታትን እናፈጠሩ ስምዒት ህዝቢ ይቕስቅሱ... ሕሰም ዘሎዎ ናብራ ተስፋ ሓዚሉ ቀጸለ።

ንእብነት ሓደ ወልደንስአ "ግሪኽ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ደራፋይ፣ ነቲ ሽዕኡ ዝነበረ ሽቕለተ ኣልቦነትን ድኽነትን ጽቡቕ ገይሩ እትገልጽ፣ ንሰበ-ስልጣንን ሃብታማትን እትወቅስ፣ ካብ መወዳእታ 50ታት ኣትሒዛ ህብብቲ ዝነበረት "ዓለም ጸሊኢኪ" ትብል ደርፊ ደሪፉ። ኣብታ ደርፊ ወልደንስአ፣ ነቲ ኩሉ ኣብ ህዝቢ ዘጋጥም ዝነበረ ፖለቲካዊን ቊጠባዊን ኣደራዕ ንዓለም ኢዩ ዘላግበላ። ብድሕሪኡ ኣተወብርሃንን ካልኦትን ነታ ደርፊ ይደርፉዋ ነይሮም። ኣዝየ እፈትዋ ስለ ዝነበርኩ ገለ ካብቲ ግጥምታታ፤

ዓለም ዳንደ ኣንቲ ዓለም ዳንደ
ዓለም ጸሊኢኪ ዓለም ዳንደ
ኣይክእለክን እየ ተዋሪደ
ደሓን ዘይትመልሲ ን'ተሰደ
ብርሃን ዘይተልብሲ ን'ተወልደ
ከሊ ጸሊኢኪ ዓለም ዳንደ።
ናብራይ'ምበር ኲይኑ ዛህላይ ማህላይ
ሃጽ ኢለ'ዶ ክኸደልኪ ስግር ቀላይ፤

ሃጽ ኢልካ እንተ ከድካ ስግር ቀላይ
ከርክበካ እንድየ ኣንታ ሃላይ
ክሃድን ዝውዕል ከም ኣምበላይ፤

እሞ ሃጽ ኢለ ክኸደልኪ ንወልቃይት
ሃጽ ኢልካ እንተ ከድካ ንወልቃይት
ከርክበካ እንድየ ጓል ኣባይት
ክሃድን ዝውዕል ከም ኣራዊት፤

እሞ ክኸደልኪ ንበረኻ
ሃጽ ኢልካ እንተ ከድካ ንበረኻ
ላም'ዶ ኣላትካያ ምስ ምራኻ
ከርክበካ እንድየ ብማሕሸኻ፤

እሞ ክኸደልኪ ዓደ'ምሓራ
ሃጽ ኢልካ እንተ ከድካ ዓደ'ምሓራ
ከርክበካ እንድየ ዓለም ቀሒራ
ክሃድን ዝውዕል ከም ኣሞራ

ኣበየ'ሞ ክኸደልኪ ዓለመ
ዓለም ጸሊኢኪ ዓለመ
ኣይኣኽለክን ድዩ ዝቐደመ
ኣየደንግጸክን ድዩ ዝሓመመ
ኣየፍርሓክን ድዩ ዝተሸመ
ኣንቲ ዓለመ ዓለመ፤

ንስልጣንኩም ግበሩላ ፍርሓት
ንዓራትኩም ግበሩላ ፍርሓት
ንጁብኹም ግበሩላ ፍርሓት
ኣደን ወድን ኣለዉ ክልተ ጎራሓት
ምሸት ሂቦም ዘሕድጉ ብጊሓት
ዓለመ ዓለመ ...ዓለመ
ሎሚስ ጸሊኢኪ ዓለም ዳንደ።

* * *

ስራሕ መገዲ ኣየር እናፈተኹዎ፣ በቲ ዝነበረ ዘየቕስን ኩነታትን እቲ ግብጻዊ ሓለቓይ ከኣ ነጸው ስለ ዝነበረን ስራሕ ክቕይር ደለኹ። በቲ ሓደ ሸነኽ ግን ስራሐይ ምስ ብዙሓት ወጻእተኛታት ስለ ዘላለየኒን ስለ ዝፈተኹዎን ክልተ ክልተ ሓሲበ።

መገዲ ኣየርና፣ ካይሮ-ኣስመራ-ዓደን፣ ካብ ዓደን ከኣ ብኣስመራ

ናብ ካይሮ ንኤውርጳ ኢዩ ዝሰርሕ ነይሩ። እንተ ወሓደ ሰለስተ ግዜ ኣብ ሰሙን ዝበራ ነፈርቲ ነይረናና። ቻርተር ንውሽሽሉ ግዜ'ውን ብዙሕ'ዩ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ዓደን ናጻ ወደብ ኲይና፣ ገና ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር መንግስቲ እንግሊዝ ኢያ ነይራ። ብዝኣትዋን ዝወጻን መራኽብ ኣዕለቕሊቓ 24 ሰዓታት ብዘይ ዕረፍቲ እትዓዪ ወደብ ኢያ ነይራ። ናትና መገዲ ኣየር ከኣ ካብ ኣስመራ ማእለያ ዘይብሉ ናይ ኤርትራውያን ነጋዶ ፍረታት፣ ኣሕምልቲ፣ ስጋ ከብቲ፣ ደርሆን እንቋቑሖን ከትጽዕን ዕረፍቲ ኣይነብራን። ነጋዶ ሃገርና ግን ብዘይካ ውሑዳት፣ መብዛሕትኦም ናይ ፓስፖርትን ቪዛን መስርሕ ጸገም ስለ ዝነበሮም፣ ብኣካል ኣስመራ ዓደን እናተመላለሱ ዝነግዱ ኣይነበሩን። ነጋዶ ዓደን ኣስመራ መጺኦም ስምምዕ ምስ ገበሩ፣ ስራሕ ሰደድ ይጅምር ገንዘብ ከኣ ብባንክታት ኢዩ ዝመሓላለፍ ነይሩ፣ ጸገም ድማ ኣይነበሮን።

ዓደን ጥራይ ግን ኣይኮነትን መግቢ ካብ ኤርትራ ትዕድግ ዝነበረት። ስዑዲ-ዓረብ ኣብ ኦርብዓታት ነዳዲ ረኺባ። ስዑዲን ኣመሪካን ከኣ ብሽርክነት "ኣራምኮ" ዝብሃል ኩባንያ ፈጢረን ነዳዲ ክወጽኦ ተጀሚሩ። ሽዑ ምድረብዳ ስዑዲ ዓረብ፣ ብዋሕዚ ኣማኢት ኣሽሓት ወጻእተኛታት ኣዕለቕሊቓ። ኣሽንኳይ'ዶ ዝብላዕ፣ ዝስተ ጽሩይ ማይ ዘይነበራ ስዑዲ፣ ትሕተ-ቅርጺን ኣገልግሎትን ካብ ባዶ ንኽጅመር ዝነበረ ሃለኽለኽን ጻዕሪ፣ ምስ ሰበኹ-ሳግማዊ ባህሊ ስዑዳውያን ወትሩ ብምርጻሙ ዝነበረ ጸገምን፣ ርእሱ ዝኸኣለ መጽሓፍ ተጻሒፉ ኣሎ። ስለዚ፣ መግቢን ሃለኽቲ ኣቑሑን ካብ ፈቖዶ ሃገር ኢዩ ናብ ስዑዲ ዝኣቱ ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኤርትራ ብዓቕማ ኣሕምልቲ፣ ፍረታት፣ ስጋን እንቋቑሖን ትሰድድ ነይራ። ኣብ ርእሲኡ ኩባንያ ኣራምኮ ናይ ባዕሉ ናይ ጽዕነት ነፋሪት ኣብ ሳልስቲ እናልኣኸ ዘድልዮ ካብ ኣስመራ ይወስድ ነይሩ። ብድሕሪኡ ኩባንያ ደናዳይ ዓብዩ ማዕቢሉ፣ ኣሕምልቲን ፍረታትን ካብ ናቱ ሕርሻታትን ካብ እንዳማቱን እናዓደገ ብናቱ መራኽብ ገይሩ ለይቲን መዓልትን ንስዑዲ ጥራይ ኲይኑ ሰሪሑ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት፣ ብፍላይ ካብ ሱዳን፣ ስዑዲ፣ ዓደንን ካልኦት ሃገራት ማእከልይ ምብራቕን፣ ብዙሓት በጻሕቲ ናብ ኤርትራ ይውሕዙ ነይሮም። ገለ ንቱሪዝም ንዝሮት፣ ሕጽኖትን ሃድንን ገለ ከኣ ንሕክምና ኢዮም ዝመጹ ነይሮም። እዚ ኩሉ ንጥፈታት'ዚ

ካብ መወዳእታ 60ታት ጀሚሩ ነበረያ ነበረ ኲይኑ ተሪፉ። ምኽንያቱ፣ እቲ መብዛሕትኡ መንግስቲ ጣልያን ዝሃነጾ ትሕተ ቅርጺ ደኹን መሳለጥያ ኣገልግሎት፣ ብሰንኪ ስርዓት ኢትዮጵያ ከምቲ ዝግብኦ ናብ ጥዕዞ ምዕባለ ስለ ዘይሰጕመ፣ ሰደድ ደኹን ቱሪዝም ኣብ ዘለዎ ጋም-ግን ክብል ተሪፉ። ካባና ብዝያዳ እናማዕበላ ዝንዓዛ ዝነበራ ሃገራት ከኣ ነቲ ዕዳጋ ካባና መንዚዐን ወሰዳኦ።

ጕዕዞ ንካይሮ

ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ስራሕ ክቕይር እናሓሰብኩ ከለኹ፣ ሓደ ንግሆ ሓንቲ ደብዳበ ካብ ንግዳዊ ባንክ ኢትዮጵያ መጸትኒ። ከፊተ እንተ ኣንበብኩዋ፣ "ኣብ ባንክና ክትሰርሕ ተቐቢልናካ ከም ዘሎና ነበስረካ።" ትብል ነበረት። ደንጽዩኒ፣ ደጋጊመ ኣንቢበያ መዓስ ሓቲተ ደአ ተቐቢልናካ ዝብሉኒ ኢለ ብዙሕ ክዝክር ፈቲነ። ንጽባሒቱ ነታ ደብዳበ ሒዘ ናብ ምምሕዳር ባንክ እንተ ከድኩ፣ ናይ ቀደም ዓርከይን መተእስርተይን ሃይለ ስዩም፣ መማህርተይ ኣብርሀት ኣርኣያ፣ ለተብርሃን ስመረ፣ ሓላፊኦም ከኣ መምህርና ነበር ኢያና ፍቓዱ ገብረስላሴ ኣብ ሓንቲ ቤት-ጽሕፈት ጸኒሖም ምስ ርኣዩኒ፣ "መጺኡ! መጺኡ!" ኢሎም እናሰሓቑ ተቐቢሎምኒ። "መዓስ ክቑጸር ኢለ ዝሓተትኩዎ ኢዩ'ዚ?" ምስ በልኩዎም ከኣ፣ ኩሎም ከም እንደገና ስሒቖም "ኣይበልናኩምን! ኣይዝክርን ኢዩ!" ተበሃሂሎም። ነቲ ቅድሚኡ ክልተ ዓመት ኣቢሉ ይገብር፣ ኣብ መንጎ ሽዱሽተ ሚእቲ ዝኾኑ ተፈተንቲ፣ እንኮላይ ንሳቶም ዝተሳተፉዎ ፈተና ኣዘኪሮምኒ መሊሱ ደንጽዩኒ። ለካ ባንክ ካብቶም ሽዱሽተ ሚእቲ ተፈተንቲ፣ 13 ጥራይ ክትቆጽር ወሲናስ፣ በብሓደ በብክልተ በብእዋኑ እናጸውዐት፣ ኣነ መበል 12 ስለ ዝነበርኩ እየ ሽው ድሕሪ ክልተ ዓመት ዝጽዋዕ ዝነበርኩ።

ስራሐይ መተካእታ ክሳብ ዝረኽቡ ክገድፉኒ ስለ ዘይክእሉ፣ ክልተ ወርሒ ክጽበዩኒ ንመምህር ፍቓዱ ሓተትኩዎም። ከምኡ ኢለ ክጽሕፍ ተሓቢረ ከኣ ናብ ስራሐይ ተመለስኩ።

እዚ ዕድል'ዚ ከም ዝረኸብኩ ንሓለቓይ ደኹን ንመሳርሕተይ ከይነገርኩ፣ ተቐላጢፈ ንሓለቓይ፣ ኣብ ስራሕ ልዕሊ ሓደ ዓመት ስለ ዝሰራሕኩ፣ ክገይሽ ናጻ ናይ ኣየር ቲከት ክውሃበኒ ትብል ደብዳበ ጸሓፍኩሉ። እቲ ነጻው ሓለቓይ ምኽንያት ፈጢሩ ክኸልኣኒ ኢዩ ኢለ